# ወጋሕታ

ኢፕድ

1ይ ዓመት ቑፅሪ 033 17 ሰነ 2013 ዓ.ም ሓሙስ ብር 10.00


## ‹‹ከይዲ እቲ መረፃ ኢትዮጵያ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት እናሃነፀት ከምዝኾነት መርኣያ እዩ››

- ዶክተር ኣረጋዊ በርሀ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ፡-6ይ ሃገራዊ መረፃ ኢትዮጵያ እትደልዮ ከም ህዝቢ ድማ እንደልዮ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት እናሃነፅና ከምዝኾና መርኣያ እዩ ክብሉ ዋና ዳይሬክተር ቤት ፅሕፈት ቤት ምኽሪ መተሓባበሪ ህዝባዊ ተሳትፎ ግድብ ህዳሰ ዶክተር ኣረጋዊ በርሀ ኣፍሊጦም።

ዶክተር ኣረጋዊ እቲ መረፃ ኣመልኪቶም ከምዝገለፅዎ ፣6ይ ሃገርለኽ መረፃ ሃገር እትደልዮ፣ ከም ህዝቢ እንደልዮ ዴሞክራሲ ስርዓት እናሃነፀት ከምዝኾነ ጭቡጥ መርኣያ እዩ ኢሎም።

ከይዲ እቲ መረፃ ዴሞክራሲ ንምምፃእ ንኽእል ምኳና ኣሪእዩና እዩ፣ እዚ ክባሃል ከሎ ናይ ሎሚ መረፃ ተናሓናሕቲ ፓርቲ ዕላምኦም ብዘይምንም ምሽምቓቕን ፀገምን ከደግፈና እዩ ክመርፀና እዩ ንዝበልዎ ህዝቢ መልእኽቶም ኣመሓላሊፎም እዮም። ከምኡ'ውን መንግስቲ ከም ቅድሚ ኸዚ ተየሸማቐቐ እናደገፎም ኣብዚ ክበፅሑ ከምዝኻኣሉ ኣፍሊጦም እዮም።

ቦርዲ መረፃ ብዝተኸኣለ መጠን ባዕሉ ካብ ሻራዊን ኣድላውነትን ነፃ ኾይኑ ስራሕ ንምስራሕ ሞኪሩ እዩ ፣እዚ ድማ ኣብ ልምድና ዘይራኣናዮ ካብ ምኳኑ ንቐፃሊ ዓብይ ተስፋ ዝህብን ኸዚ ዘለናዮ ብርኪ ብጣዕሚ ዝምስገን ይቐፅል ዘብል ተግባር ከምዝኾነ ተዛሪቦም።

ንቕድሚት ድማ እዚ ከይዲ ከምዚ እንተቐፀሉ ናፅነት'ውን ሓቢሩ እንተኸሪሙ ኣብ ሓፂር እዋን ዲሞክራሲ ኣብ ሃገርና ኣምፂእና ዝሓሸ ብዙሕ ተናሓናሕቲ ዘለዉዋ፣ ህዝቢ 'ውን መማረፂ ረኺቡ ዝኾና ፓርቲ ዝመርፀሉ እዋን ከምዝመፅእ ኣመልካቲ ከምዝኾነ ገሊፆም እዮም።

ህዝቢ ብፍላይ ዝደልዮ ፓርቲ ንምምራፅ ካብ ንጉሆ ጀሚሩ ዝገበሮ ተሳትፎ ስልጡን ከምኡ'ውን ብድምፁ ሃገሩ ምድሓን ከምዝኽእል ዘርኣየና እዩ ዝበሉ ዶክተር ኣረጋዊ ፣ቅድሚ ኸዚ ከምዝነበረ ካብ ገዝኡ እናተጎተተ እናወፀ ዝመርፅ እንተይኾነስ ተሊሙን ዓሊሙን ዝኣተዎ ኢሉ'ውን ሃገረይ ከቐፅለለይ ዝበሎ ፓርቲ ንምምራፅ


‹‹ከይዲ እቲ... 8




## ‹‹ኢትዮጵያውያን ክንተሓባበር ከለና ንዓለም ሓድሽ ታሪኽ ምስራሕ ከምንኽእል ብመረፃ ኣርኢና ኢና››

- ወይዘሮ ኣዳነች ኣቤቤ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኢትዮጵያውያን ሓደ እንትንኾን ፣ ክንተሓባባር፣ ክንከባበርን ክንደማመፅን ከለና ንዓለም ሓድሽ ታሪኽ ከምንሰርሕ ኣብ መዓልቲ መረፃ ክነርኢ ክኢልና ኢና። እዚ ተግባር ኣብ ሓምለዋይ ሓድጊ (ዓሻራ) ብምድጋም ኢትዮጵያ ምኽዳን ከምዝግባእ ምክትል ከንቲባ ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባ ወይዘሮ ኣዳነች ኣበቤ ኣፍሊጠን።

‹‹ኢትዮጵያ ንኽደን›› መጀመሪ ተኽሊ ተኸላ መርሃ ግብሪ ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ጉሌሌ እፅዋት ማእኸል ኣብ ዝተጀመረሉ እዋን ምክትል ከንቲባ ኣዳነች ከምዝገለፅኦ ፣ ኢትዮጵያውያን ክንተሓባበር ከለና ንህዝቢ ዓለም ሓድሽ ታሪኽ ምስራሕ ከምንኽእል ኣብቲ መዓልቲ መረፃ ክነርኢ ኽኢልና ኢና። እዚ ተግባር ብሓምላዋይ ሓድጊ መርሃ ግብሪ ብምድጋም ኢትዮጵያ ብምኽዳን ብምትሕብባር ክሰርሕ ይግባእ። እዚ ሓምለዋይ ሓድጊ መርሃ ግብሪ ኢትዮጵያ ዲሞክራስያዊ መረፃ ኣብ ዝገበረትሉ እዋን ብምኳኑ ታሪኻዊ ይገብሮ ዝበላ እተን ምክትል ከንቲባ ፣ድምፂ ካብ ዝተውሃበሉ ፅባሕ ጀሚሩ እነጥፍኦ ሓንቲ ደቂቃ የለን ክብላ ገሊፀን እየን።

ሚኒስትር ሰላም ሙፈሪሃት ካሚል ብወገነን ፣ኣብቲ መረፃ ንሕና ኢትዮጵያውያን ንዓለም እንታይ ክንገብር ከምንኽእል ኣርኢና ኢና እዚ ተግባርና ሕድሕድ ዜጋ ኣጠናኺሩ ክቕፅል ኣለዎ ኢለን።

ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተጀመረ ኢትዮጵያ ንኽደን መርሃ ግብሪ ሃገር ንምኽዳን ዝተጀመረ ራእይ ንምስኻዕ ዝሕግዝ እዩ ዝበላ ወይዘሮ ሙፈሪሃት ተኽሊ ምትኻል ሰላም ምትኻል ከምዝኾነ ኣመልኪተን እየን።


‹‹ኢትዮጵያውያን ... 8






**« ድጋፍ ወሃብቲ ኣካላት ንቀለብ ዝውዕል ስርናይ ፕራሕ ትኹረት ካብ ምግባር ኣብ ግብርና ትኹረት ተዝገብሩ ይምረፅ‹‹**

- ኣይተ ብርሃነ ኣርኣያ

ምክትል ሓላፊ ቢሮ ሕርሻን ልምዓት ገጠርን ትግራይ


ገፅ 5


**ከይዲ ድምፂ ኣወሃባ እቲ መረፃ ብሰላም ብምዝዛሙ እንኳዕ ደስ በለኩም!**


ገፅ 7





ነበር ፕሬዝዳንት ናይጄርያ ኦሊሴንጎ ኦባሳንጆ

## ሻድሻይ ሃገራዊ መረፃ ሰላማዊን ተኣማኒን ከምዝኾነ ጉጅለ ተዓዘብቲ መረፃ ሕብረት ኣፍሪካ ገሊፁ

- ኢትዮጵያ ዘካየደቶ መረፃ ዝተረጋገፀን ሰለማዊ ድባብ ዝተላበሰን እዩ ተባሂሉ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ሻድሻይ ሃገራዊ መረፃ ቅድመን ኣብ መረፃ ዕለት ዝነበረ ኩነታት እቲ መረፃ በስርዓት ዝተኻየደ፣ሰላማዊን ተኣማኒን ከምዝኾነ ጉጅለ ተዓዘብቲ መረፃ ሕብረት ኣፍሪካ ገሊፁ፡፡ጉጅለ ተዓዛቢ መረፃ ተጠባባቒ ሓይሊ ምብራቕ ኣፍሪካ ኢትዮጵያ ዘካየደቶ መረፃ ዝተረጋገፀን ሰለማዊ ድባብ ዝተላበሰን ምኳኑ ኣመልኪቱ፡፡

ብነበር ፕሬዝዳንት ናይጀርያ ኦሊሴንጎ ኦባሳንጆ ዝምራሕ ጉጅለ ተዓዘብቲ ትማሊ ኣብ ዘውፅኦ ቀዳማይ ሪፖርት ከምዝገለፆ፣ምስ ወፍሪ፣ሎጅስቲክ፣ፀጥታን ፖለቲካዊ ኩነታት፣ኮቪድ 19 ተተሓሒዞም ካብ ዝተረኣዩ ፀገማት ወፃኢ እቲ መረፃ ሰላማዊን ተኣማኒን ከምዝኾነ ኣረዲኡ፡፡

ኣብ መረፃ ተሳተፍቲ ኣካላት ድሕሪ መረፃ ዘሎ ከይዲ ብዝሰኸነ መገዲ ንክካየድ ግዴኦም ክዋፅኡ ከምዝለዎ ዝገለፀ እቲ ጉጅለ፣ውፂኢት መረፃ ተኸቲሉ ዝለዓሉ ሕቶታት በህጋዊን ትካላዊን መገዲ ንክፍትሑ ኣተሓሳሲቡ፡፡

መራሒ እቲ ጉጅለ ኣብ ዕለት እቲ መረፃ ኣብ ንኣናዶሉ ኤጀንሲ ከምዝሓበርዎ፣ፖለቲካ ምህዳር ብምስፋሕን ንመረፃ ተሳትፎ ክፍቲ ብምግባር ካብ ቅድሚ ሐዚ ዝነበረ


ሻድሻይ መረፃ ...10


## መረፃ 2013 - ኣብ በሻሻ

**ኣኽበረት ታደሰ**

ኣይተ ኣሰፋ ኣባቡልጉ ይባሃሉ ናይ ኣካል ጉድኣተኛ እዮም፡፡ እዞም ናይ 57 ዓመት ኣቦ ብክራንች ተደጊፎም እዮም ናብ በሻሻ መረፃ ጣብያ መፂኦም፡፡ ብስራሕ ምኽንያት ን25 መዓልቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ተፀንሒ'ውን ናይ መረፃ ካርዶም ናብ ዘውፅሉን ተወሊዶም ዝዓበዩሉን በሻሻ ሃሮ ናይ መረፃ ጣቢያ ድምፂ ንምሃብ ምምፅኦም ነጊሮምና፡፡

መረፃ ኣብ ቀፃሊ 5 ዓመት እዚ ፓርቲ ይምራሐና ኢልና ንውስነሉ እዩ ዝበሉ ኣይተ ኣሰፋ፣ እቲ መረፃ ከም ዜጋ ኮነ ከም ሃገር ብዙሕ ከስቢ ዘለዎ እዩ ኢሎም፡ ፡ ብፍላይ ንሃገርና ሰላምን ልምዓትን ብምምፃእ ዓብዪ እጃም ኽምዝህልዎ እምነት ኣለዎም፡፡

ንኢትዮጵያ ዝሓሸ ዕብየትን ንህዝቢ ሰላምን ይሰርሕ እዩ ንዝበልዎ ፓርቲ ምምራፆም ገሊፆም እዮም፡፡ ድሕሪ መረፃ ኣብ ኢትዮጵያ ብሩህ ዘመን ከመፅ እዩ፡፡ ምኽንያቱ ድማ ህዝቢ ዝመረፆ ፓርቲ ነዛ ሃገር ስለዘመሓዳድራን ኣብ መፃኢ 5ዓመት'ውን ናይ ህዝቢ ድጋፍ ስለዘይፍለዮ እዩ ኢሎም፡፡

ኣብ ጎማ ክልተ መረፃ ክልል በሻሻ ሃሮ መረፃ ጣብያ ብንጉሁኡ ድምፂ ንምሃብ ካብ ዝተሰለፉ ሰባት ማእኸል እቶም ሓደ ናይ ቐዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ሓው እዮም፡፡ ሓረስታይ ዛኪር ኣሕመድ እዚ ሻድሻይ ሃገራዊ መረፃ ነቲ ሰፊሕ ህዝቢ ዓብዪ ተስፋን


መረፃ 2013 ...10

ወጋሕታ

# ዜና

## ‹‹ ኣብዚ ታሪኻዊ መረፃ ተሳታፋይ ምዃን ዕድል እዩ ኢለ እየ ዝኣምን››

- ወይዘሮ ኣዳነች ኣቤቤ ምክትል ከንቲባ ከተማ ኣዲስ ኣበባ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ናይ ለብዘን መረፃ ኩልና ከምዝተመልከትናዮ ዲሞክራስያዊ እዩ፤ እቲ ከይዲ ዘሐጉስ እዩ። እዚ ኣብ ኩሉ ጣብያ መረፃ ተመሳሳሊ ምዃኑ ሪፖርት ሰሚዕና ኢና።

ሃገርና ዓብዪ ተስፋ ዘለዋ ምዃና ኣብዚ መረፃ እዚ ብዝግባእ ምርኣይ ይካኣል እዩ፤ ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያ ህዝቢ መንገዲ ዲሞክራስያዊ መረፃ ብምኽታል መሰሉ ንምጥቃም ዘለዎ ፅንዓት ምምልካት ዓብዪ ታሕጓስ ይህብ።››

ኣብዚ ጣብያ መረፃ እዚ ብጉሓቱ ኣብ ምጅማር ምዝንጋዕ እንትርኣ፣ ናይ ድምፂ መውሃቢ ወረቐት ብምስሕሓቱ ምኽንያት ፀገም እትፍጠር፤ እቲ ወረቐት ተቐይሩ ክሳብ ዝመፅእ ህዝቢ ልዕሊ ሰለስተ ሰዓት ተፀሚሙ ምፅባዩ ተረዲእና ኢና። ህዝቢ ዲሞክራሲ ንምትካል ድሌት ከምዘለዎ ተረዲእና ኢና። እቲ ከይዲ ብጣዕሚ ታሪኻዊ እዩ። ህዝቢ ድምፁ ንምሃብ መሰሉ ብተግባር ንምጥቃም ዝወሰኖ ውሳነ ሃገርና ዲሞክራሲ እናተኸለት ምዃና እዩ ዘርኢ ።

ኢትዮጵያ ዘድልያ መረፃ ጥራሕ እንተይኮነስ ብሓፈሻ ለውጢ እዩ ዘድልያ። እዚ ለውጢ እዚ ኣብ ኩሉ ዘፈራት ክድገም ኣለዎ። ብሓደ ኢድና ዲሞክራሲ እናተኸልና በቲ ኻሊእ ኢድና ድማ ተኸሊ እናተኸልና ሃገርና ብሓምላዋይ ክንሸፍና ኣለና።

ሃገርና ምድረ በዳ ኮይና እያ፤ እቲ ደን ናብ ዝነበሮ ንምምላስ ዓብዪ ፃዕሪ ተገይሩ እዩ፤ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ናይ ዓለም ክብረ ወሰን ሰይርና ኢና። ሕዚ ድማ ብሓደ ኢድና ዲሞክራሲ ኣብ ንተኽለሉ መዓልቲ በቲ ሓደ ኢድና ተኽሊ ምትካልና ኣብ ኩሉ ዓለም ካብ ዝካየዱ መረፃታት ናይና መረፃ ፍሉይ ይገብሮ። ናይ ባዕልና ናይ ዲሞክራሲ ስራሕ ባሕሊ እናተኸልና ከምዝኾና ዝረኣናሉ እዩ። ብጣዕሚ እዩ ዘሐጉስ። ኣብዚ ታሪኻዊ መረፃ ተሳታፋይ ምዃን ዕድለኛ ምዃን እዩ ኢለ እየ ዝኣምን።

ብተፈላለዩ ምኽንያታት ብዝተፈጠሩ ዝተወሰኑ ምዝንጋዕ ከይዲ ድምፂ ኣወሃህባ ዘይምቕልጣፍ ተራእዩ እዩ። ኮይኑ ግና እቲ ከይዲ ብጣዕሚ ዲሞክራሲያዊን ናፃን እዩ ዝነይሀ።

ህዝብና ሕዚ ኣብ ናይ መረፃ ናቕጣታት ከምዝረአ ኩሉ ብትዕግስቲ ድምፂ ሂቡ፤ ተግባራዊ ምግባሩ ፅባሕ ንዘቕርቦ ሕቶን ነዝምነያ ኢትዮጵያን እቲ ዋናን ኣብዪ



መሰረታዊ ስራሕ እናሰርሐ ምዃኑ ፈሊጡ እዚ ከይዲ እዚ ብዲሞክራስያዊ፣ ናፃን ተኣማኒን ብዝኾነ መገዲ ጥራሕ መሰሉ ኣብ ተግባር ምውዓሉ ኣብዪ ታሪኽ እዩ። ኣብዚ ወሳኒ ዝኾነ ምዕራፍ ነዚ ምርኣይና ፈጣሪ ሓጊዙና እዩ፤ ህዝብና ፅንዓት ኣርእዩና እዩ። ሕዚ 'ውን ክሳብ መወዳእታ በዚ ፅንዓት እዚ ክንቕፅል ይግባእ።

## ‹‹ናይ ውሳድካ መርዓ እትሪአሉ ዝመስል ድባብ እዩ ዘሎ፤ ንዓይ ብጣዕሚ አሐጒሱኒ እዩ››

- ሙኣዘ ጥበባት ዳንኤል ክብረት

**መኣርግ ገ/ሄር**

ካርድ ምውፃእ ሓደ ከይዲ እዩ፤ ካልኣይን ወሳኒ ነገር ድማ ካርድኻ ተጠቒምካ እትደልዮ ፓርቲ ምምራፅ እዩ። ናይካ ካርዲ ድምር ውፅኢት እዩ መንግስቲ ዝምስርት። ሰለስተ ዓይነት ጉድኣት ከይንጎድእ ክንመርፅ ኣለና። ሐደ ንደቕና ሕማቕ ኣርኣያ እዩ እነቕምጥ። ካልኣይ ድማ ብባዕልና ክነምፅኦ እንኽእል ለውጢ ንኻሊእ ኣሕሊፍና ኢና ንህብ። ሳልሳይ ብዘይመረፅናዮ መንግስቲ ኢና ንመሓደር። ሰለስቲኦም ብናይና ካርዲ እዮም ዝውሰኑ። ስለዚ ወፂእና ክንመርፅ ኣለና።

እቲ ሰልፊ ነዊሕ እንተኾነ ግና ንሃገር ዝኸፈል መስዋእትነት እዩ። ንሕና ብሰላም ክንስለፍ ፎቐድኡ ጠረፍ ሂወቱ ዝስዋእ ሰራዊት ኣሎ እዩ። ንሕና ንእሽተይ ጠጠው እንተበልና፣ ፀሓይ እንተወቕዐናን ማይ እንተፀምኣናን ምንም ኣይኮነን። ንሃገር ዝኸፈል መስዋእቲ እዩ። እዚ መርዓ እዩ። ኣብ መርዓ ዘተዓናግዱ እኮ ካብ ንጉሆ ክሳብ ምሸት እዮም ዶው ኢሎም ዝውዕሉ።

ንሕና ንኢትዮጵያ ጎጆ ኽነውፅኣ ዝቖምና ሰባት ኢና።



ደኺሙና ኢልና ድምፂ ከይሃብና ክንቐሪ የብልናን። ቐደም ብጠበንጃ ዘሸነፍናዮም ፀላእቲ ሕዚ ድማ እነሸንፍ ዘለና ብካርዲ እዩ። ስለዚ ካርዲ ኣውፂኦም እንተይመረፁ ዝቐርዩ ሰባት ጠበንጃ ምስተቐበሉ ካብ ናይ ወፍሪ ኵናት ዓድዋ ከም ምቕራይ እዩ ዝሕሰብ።

ኣነ ክሪኦ እንተለኹ ዝኸፍአ ነገር ክፍጠር እዩ ኢለ ኣይሓስብን። ካብ ኣዲስ ኣበባ ወፃኢ ዘለዉ መረፃ ዝካየደሎም ቦታታት እናተኻታተልኩ እየ። መብዛሕትኡ ሰላማዊ ነገር እዩ ዝረኣየኒ። ኣዲስ ኣበባ 'ውን ከምዚ እዩ ዝነይሀ። ህዝቢ ባዕሉ እዩ ሰላም ከኽብር ዝኽእል። ናይ ፀጥታ ኣካላትን ህዝብን ብሓደ ኮይኖም እዮም ሰላም ከኽብሩ ዝኽእሉ። ናተይ ጉዳይ እዩ እንተይልካ ዝኾነ ኣካል ኣብናይካ ጉዳይ ኣትዩ ክርብሽካ ክትፈቅድ የብልካን።

እዚ ናይ ሃገረይ ሰላም እዩ። ባዕለይ እየ ከምፅኦን ከወስዶን ዝኽእል ኢሉ ህዝቢ እንተሓሲቡ ዝኾነ ኣካል ክነኽኦ ዝኽእል ነገር የለን። ኣጀማምርኡ ብጣዕሚ ደስ ዝብል እዩ። ስለዚ ካብ ኣካይድኡ ክሪኦ እንተለኹ ብሰላም ክዛዘም እዩ ኢለ እየ ዝግምት።

## ‹‹ናይዚ መረፃ እዚ ተኣማንነቱ ዝውሰን ብሕብረት ኣውሮፓን ኣሜሪካን ወይ ካልኦት ሃገራት ብዝብልዎ እንተይኮነስ ንሕና ብንገብሮ እዩ››

- ፕሮፌሰር ብርሀኑ ነጋ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ናይ ሎጂስቲክስ ፀገም ከምዘሎ ኣብ ብዙሕ ቦታታት እንሪኦ ኣለና ኢና። ኮነ ተባሂሉ መረፃ ንምብልሻው ስለ ዝኾነ ከምዚ ዓይነት ፀገማት ትፅቢት ዝገበረሎም እዩ። እቲ ዋና ቑም ነገር ግና ሰብ ብዘይ ምንም ዕንቅፋት መረፃ ምግባሩ እዩ። ናይዚ መረፃ እዚ ናይ መወዳእታ ውፅኢት ተኣማንነት ዘለዎ መረፃ ክኸውን እዩ። እዚ ድማ ናይ ኩልና ሓላፍነት እዩ።

ነዛ ሃገር እዚኣ ንምርግጋዕ ውክልና ህዝብን ሕጋውነትን ዘለዎ መንግስቲ ይሃሉ እናበልና ኢና። እዚ ክኸውን ዝኽእል ብመረፃ እዩ። ፀገማት ኣለዉ እዮም። ኮይኑ ግና ናይዚ መረፃ እዚ እቲ ሓደ ውፅኢት ክኸውን ዝኽእል እዞም ፀገማት እዚኦም ሕጋውነት ዘለዎ መንግስቲ መፂኡ ብዝተረጋገፀ መልክዑ ክፈትሖ ምግባር እዩ።

ኣነ እዚ መረፃ እዚ ናይ መጀመርያ ትርጉም ዘለዎ መረፃ እዩ ኢለ እየ ዝሓስብ። ቅድሚ ሕዚ ዝተኻየዱ ሓሙሽተ መረፃታት መረፃ ክባሃሉ ኣይከኣሉን። እዚ መረፃ እዚ ተኣማንን ድሌት ህዝቢ ዝግለፀሉ ክኸውን እየ ዝምነ። እዚ ማለት ግና ፀገማት የብሉን ማለት ኣይኮነን። ፀገም ክህሉ እዩ። ኮይኑ ግና ውፅኢት መረፃ ዘኽብር ክኸውን እዩ ኢለ እየ ዝሓስብ።



ኣብ ሓደ ሓደ ጣብያታት መረፃ ድምፂ ምሃብ ዝጅምረሉ ሰዓት ምድንጓይ እንተተራእዩ እዚ ናይ መረፃ ቦርድ ሓላፍነት እዩ ዝኸውን። እዚ ክከሓሓስ ኣለዎ። ብዝተኻኣለ መጠን ክመርፅ ዝደሊ ሰብ ኩሉ ክመርፅ ኣለዎ።

ኣብ 1997ዓ.ም ዝተኻየደ መረፃ ኣብ ድምፂ ክበላሾ ዝኽኣለ ድምፂ ምሃብ ካብ ዝጀመረሉ ዕለት ጀሚሩ እዩ። ቕድሚኡ ዝተኻየዱ መረፃታት ግና ብጣዕሚ ሕማቕ ዝባሃል ኣይኮነን ነይሩ። ልክዕ ካብ መዓልቲ መረፃ ጀሚሩ ገዛኢ ፓርቲ ምሽናፉ ኣብ ዝረአየሉ ግዜ ዓይኑ ብዘፍጠጠ ኮሮጆ ናይ ምግልባጥ ስራሕ እዩ ሰሪሑ። ከምዚ ዓይነት ስራሕ ሕዚ ክግበር እዩ ኢልና ኣይንሓስብን።

ቕድሚ መረፃ ፀገማት ነይሮም እዮም። ድምፂ ኣብዝዋሃበሉ ኣብዝተወሰኑ ቦታታት ተዓዘብቲ ከይኣትዉ ዝተኸልከለሉ ቦታ ተራእዩ እዩ። ነዚ ፀገም እዚ ንሕና ናብ ቦርድ መረፃ ሪፖርት ገይርና ኢና። ፀገማት ክህልዉ እዮም። እቲ ዋና ቑምነገር ግና እዞም ፀገማት እዚኦም ውፅኢት መረፃ ይቕይሩ ዶ ኣይቕይሩን እዩ። ኣብ ዝተወሰኑ ፀገማት ትኹረት ክንገብር የብልናን። እዞም ፀገማት እዚኦም ውፅኢት መረፃ ከምዘይቕይሩ እየ ተስፋ ዝገብር።

ናይዚ መረፃ እዚ ተኣማንነቱ ዝውሰን ብሕብረት ኣውሮፓን ኣሜሪካን ወይ ካልኦት ሃገራት ብዝብልዎ እንተይኮነስ ንሕና ብንገብሮ እዩ። እዚ መረፃ እዚ ተኣማኒ ክኸውን እንደልዮ ንባዕልና ኢልና ኢና። ብርግፅ እንተዝመፁ ነይሮም ንተኣማንነት ብዝተወሰነ ብርኪ ፅቡቕ ነይሩ። ኮይኑ ግና ካብኦም ወፃኢ ካልኦት ሓይልታት ኣለውና እዮም። ንኣብነት ማሕበራት ሲቪክ፣ ተዓዘብቲ ፓርትታት ወዘተ... ስለዚ ናይዚ መረፃ እዚ ተኣማንነቱ ንምፍላጥ ንኽእለሉ መገዲ እኒህ እዩ።

## ‹‹ኣብ ዓፋር እንኳዕ ሰብ ግመል'ውን ነቲ መረፃ ሰላማውነት ተሓባቢሩ እዩ››

**ኣኽበረት ታደሰ**

<u>ኣዲስ ኣበባ፡</u>- ኣብ ወርሒ ሰነ ኣብ ዓፋር ሙቐት ዝሕይለሉ ግዜ እዩ። ናይቲ ዕለት ሙቐት 45 ዲግሪ ሴልሺየስ በፂሑ እዩ። ኣብዚ ኸምዚ ሰዓት መብዛሕትኡ ህዝቢ ዓፋር ፅላል ናብ ዘለዎ ቦታ ብምኽያድ ብዕረፍቲ እዩ ዘሕለፎ። ኣብዚ ናይ መረፃ ዕለት ግን ብፍሉይ ንጉሆ ምሸት እንተይበለ በቢ ድምጺ መውሃቢ ጣቢያ ተረኺቡ 14 ሰነ 2013 ዓ.ም ይኾነኒ እዩ ንዝብሎ ኽመርፅ ውዒሊ እዩ።

ስርዓት ብዘለዎን ሕጊ ብዝተኸተለ መልክዑ ምትእንጋዶም ዝገለፁ መረፅቲ ብዙሓት እዮም። ኣይተ ኑሩ ዓሊ ናይ ዱብቲ ኸባቢ ነባሪ እዮም፤ ሀገር ክትጠፍእ እያ በቢኸባቢኡ ግጭት ክላዓል እዩ እንዳበሉ ኽዛረቡ ክሰምዕ እንተለኹ ከም ሓደ ዜጋ ምሕሳበይ ኣይተረፈንን። ኮይኑ ግና ኹሉ ሓሊፉ ዋላ ፀገማት እንተሃለዉ መረፃ ምክያድና ዓብዪ ለውጢ እዩ። እዚውን ሓጎስ ከምዝፈጠረሎም ተዛሪቦም እዮም።

ኣብ ክልል ዓፋር ኣብ ዝተፈላለዩ መረፃ ጣብያታት ሰባት ካብ ንጉሆ 12፡00 ሰዓት ጀሚሮም ምምራፆም ኸምዝተዓዘቡ ዝዛረቡ ኣይተ ኑሩ ብምርባሕ እንስሳ ዝመሓደር ማሕበረሰብ ኣፍቲ መረፃ ናይ ምስታፍ ዓብዪ ድሌት ኔርዎ። ኣግማሉ ኣብ ሓደ ቦታ ኣዕሪፉ ድምፂ ንምሃብ ዘርኣዮ ሞራል ዝድነቕ ከምዝነበረ ይዛረቡ። እቲ ድምፂ ኣዋሃህባውን ሕጊ ብዘኽበረን ንኣረጋውያን ብዘተሓባበረ መገዲ ስለዝነበረውን ደስ ኢሉዎም እዩ።

ናይ ዓፋር ሱልጣን ዓሊ ሚራሕ ‹‹ባንዲራ ኢትዮጵያ ኣሸንኳይ ዶ ሰብና ኣግማልና'ውን ይፈልጥኦ እየን›› ምባሎም ኣብ ታሪኽ መዝገብ ሰፊሩ ኸምዝርከብ ዝተዛረቡ ኣይተ ኑሩ ፤ ኣብ ናይ ለብዘበን መረፃውን ሃገሩ ዝፈቱ ህዝቢ ዓፋር ጥራይ ተይኮነስ ኣግማሉ'ውን ነቲ መረፃ ሰላማዊነት ምትሕብባር ምግባሩ ተዛሪቦም እዮም።

ነባሪት ክልል ዓፋር ዝኾና ወይዘሮ ማይራም ዓሊውን ብወገነን ብጉሓቱ ናብ መረፃ ጣቢያ መፂየን ድምፀን ሂበን እየን። ኣብቲ ቦታ ዝነበረ ምትእንጋድን ስነምግባርን ከምዘሐጎሰን እውን ተዛሪበን። ንጥኑሳትን ንኣቕመ ደካማታት ዝነበረ ቅድሚያ ናይ ምሃብ ስርዓት'ውን ግቡእ ከምዝነበረ ገሊፀን።

ናይ ከተማ ሰመራ ነባሪ ዝኾኑ ኣይተ ኣሕመድ ድማ እቲ መረፃ ብሰላም ንኽካየድ ዓብዪ እጃሞም ንዘወፈዩ ኣካላት ፀጥታ ምስጋና ኣቕሪቦም፤ እቲ ማሕበረሰብ'ውን ንዝነበሮ ስርዓትን ጨዋነትን ክምስገን ከምዝግበኦ ገሊፆም።

ብቦርዲ መረጻ ኢትዮጵያ ናይ ዓፋር መረፃ ክልል ቤት ፅሕፈት ሓላፊ ኣይተ ጣሃ ዓሊ ከምዝገለፅዎ ኣፍቲ መረፃ መዓልቲ ንመረፃ ተዓዘብቲ ባጅ ናይ ምሃብ ፀገም እንተጋጠመ'ውን ብምዝርራብ ክፍታሕ ክኢሉ ዕዩ። ካብዚ ወፃኢ ዝኸፍአ ፀገም ብዘይምፍጣሩ ምንም ዓይነት ነቲ መረፃ ዘተኣጓጉል ነገር ከይተፈጠረ ብ1426 ድምፂ መውሃቢ ጣቢያታት ድምፂ ተዋሂቡ እዩ ኢሎም ክብል ረፖርተር ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ጌትነት ተስፋማርያም ፀብፂቡ።

# ርእሰ ኣንቀፅ

## ኢትዮጵያ ስዒራ

ኣብ ኢትዮጵያ 14 ሰነ 2013 ዓ.ም ኣብ ተኻየደ ሻድሻይ ሃገራዊ መረፃ ናይ 46 ፖለቲካዊ ፓርቲታትን ናይ ውልቀ ህፁያት ተወዳዳርቲ ተሳቲፎም እዮም። ልዕሊ 38 ሚሊዮን መረፅቲ ኣብ ልዕሊ 48 ሽሕ መረፃ ጣቢያ መመረፂ ካርዲ ወሲዶም እዮም። ኣብ ዕለት መረፃ ድማ ነዋሕቲ ሰልፍታት ተሰሊፎም ክመርፁ ዉዒሎም እዮም።

ከም ሓበሬታ ብሄራዊ ቦርዲ መረፃ ኢትዮጵያ ንቲ መረፃ ንምፍፃም ኣብ እዋን ምዝገባ መረፅቲ 152 ሽሕ 700 ኣብ እዋን ዕለት ደምፂ ምሃብ ድማ 240 ሽሕ ሰባት ተሳቲፎም እዮም። ንቲ መረፃ ንምዕዋት ንመረፅቲ ምዝገባ ዝተዳለው ናውቲ ድማ በኣርባዕተ ቋንቋታት 50 ሽሕ 900 ናይ መረፅቲ መመዝገብቲ ጥራዛት ዝተዳለው እንትኾን፣305 ሽሕ 400 ጥራዛት ድማ ናይ ዝተመዝገቡ መረፅቲ መለለይ ካርዲ፣55 ሽሕ ሰማያዊ ሳፁን(ኪት)፣6 ሚሊዮን 108 ሽሕ ናይ ደህንነት መሐለዊ ቁልፊ፣ምኽፋቶም ዘፍልጥ 712 ሽሕ 600 ቦርሳታት ከምኡ'ውን 50 ሽሕ 900 ናይ ጠረጴዛ ባትሪ ኣብ ስራሕ ውዒሎም እዮም።

ኣብ ዕለት መረፃ ድማ 207 ሽሕ ናይ ድምፂ መውሀቢ ሳፁን፣156 ሽሕ600 ናይ ሚስጥር ድምፂ መውሀቢ መኸለሊ፣መረፃ መፈፀሚ ናውቲ ዝሓዙ 50 ሽሕ 900 ሰማያዊ ሳፁን(ኪት)፤ምኽፋቶም ዘፍልጥ 712 ሽሕ 600 ቦርሳታት ከምኡ'ውን 101 ሽሕ 800 ናይ ጠረጴዛ ባትሪ ኣብ ስራሕ ውዒሎም እዮም።

እዞም ኩሉ ናይ መረፃ ናውቲ ምቕራብን ምስርጫውን ዓብይ ስራሕ ዝደሊ፣ብዙሕ ገንዘብን ናይ ምምራሕ ክእለትን ብቕዓትን ዝሓትት ምዃኑ ክፍለጥ ይግባእ። እዚ ኩሉ ስራሕ ቐንዲ ዕላማ ኢትዮጵያ መሪፃ ንክትስዕርን ንክትዕወት እዩ።

ናይቲ መረፃ ዋና ዕላማ ኢትዮጵያ ኣብ ዴሞክራሲያዊ መረፃ ተምሳሌት ክኾን ዝኽእል መረፃ ምክያድ እዩ። ንዚ'ውን መንግስቲ ዘይሻራዊ ቦርዲ መረፃ ካብ ምጥያሽን ሰባት ካብ ምሿም ኣትሒዙ ሕግታት መረፃ ናይ ምምሕያሽ ስራሕቲ ሰሪሑ እዩ። እዚ ዝተገብረ ኣብቲ መረፃ ኢትዮጵያ ንክትመርፅን ንክትስዕርን ነይሩ። እዚ'ውን በተግባር ኣብ ዕለት 14 ሰነ 2013 ዓ.ም ህዝቢ ካብ ወጋሕታ ጀሚሩ ስጋብ ምሸት ብትዕግስቲ ብምፅባይ መረፃ ብምክያድ ሰዓርነት ኢትዮጵያ ኣመስኪሩ እዩ።

እዚ መረፃ ዴሞክራሲያዊ ንክኾን ዘይደልዩ ሓይልታት ነይሮም። እዞም ሓይልታት ኣብ ውሽጥን ደገን ዘለው እዮም። ዕላምኦም ድማ ኢትዮጵያ ከይትመርፅን ከይትስዕርን እዩ። ኮይኑ ግና ህዝብን መንግስትን ብምትሕብባር ኣፍሺሎሞ እዮም። ኢትዮጵያ መሪፃ ንክትስዕር'ውን ገይሮም እዮም።

ናይ ሎሚ ዘበን መረፃ ንሰላምን ደሕንነትን ሃገርና ወሳኒ እዩ። ዴሞክራሲ ንለማመደሉ፣ብዝመረፅናዮ ፓርቲ እንመሓደረሉ፣ሐዚ ካብ እንሰምዖምን እንርእዮምን ፀገማት ንናገፈሉ ቐንዲ መገዲ እዩ። ኮይኑ ግና እዚ መረፃ ንከይዕወት ዝሰርሑ ሓይልታት ድሕሪ ድምፂ ምሃብ'ውን እታ ሃገር ናብ ናዕቢ ንክትኣቲ ዝሓለምዎ ሕልሚ ቅሂሙ ተሪፉ እዩ። ንዚ ድማ ህዝቢ መሰሉ ተጠቒሙ ብምምራፅ ድሌቶም ከይዕዎት ገይርዎ እዩ። ሐዚ'ውን ንዚ ኣጠናኺሩ ክቕፅል ኣለዎ።

ቦርዲ መረፃ ኣብ ሕትመትን ኤሌክትሮኒክስ መራኸቢ ሓፋሻት ተፎኻኸርቲ ፓርትታት ሓሳቦም ንክገልፁ ዘኽእሎም ዕድል ፈጢሩሎም እዩ። መድረኽ ክትዕ ተዳልዩ'ውን ዕላማኦም ንህዝቢ ንከፋልጡ ተገይሩ እዩ። ኣብ ጎደናታትን ኣዳራሻትን 'ውን ጎስጓስ ኣካይዶም እዮም። ናይ ገንዘብ ሓገዝ'ውን ተገይሩሎም እዩ። እዚ ኩሉ ዝተገብረ ኢትዮጵያ መሪፃ ኢትዮጵያ ንክትስዕር ነይሩ። ኣብ ዕለት መረፃ ድማ ብተግባር ተራእዩ። ቅድሚ መረፃ ኮነ ኣብ ዕለት መረፃ ሰላማዊ ከይዲ መረፃ ምሕላፍ ተኻኢሉ እዩ። ሐዚ'ውን ሃገራዊ ቦርዲ መረፃ ውፂኢት ዕላዊ ስጋብ ዝገብር ብትዕግስቲ ምፅባይ የድሊ።

ህዝቢ ኮነ ተፎኻኸርቲ ፓርቲታት ሰላም ሃገር ካብ ማንም ንላዕሊ ምዃኑ ክርድኡ ኣለዎም። ኩሉ ህጋዊ መገዲ ተኸቲሉ ከካይድ ይግባእ። ኩሉ ሰላም ከባቢኡ ክሕልው ይግባእ። ምስ ሓይልታት ፀጥታ'ውን ምንባብን ምትሕብባርን ግድን እዩ።

ተፎኻኸርቲ ፓርትታት ድማ ድምፂ ህዝቢ ከኽብሩ ኣለዎም። ውፂኢት እቲ መረፃ ምንም ይኹን ምንም፤ዝሰዓረ ይስዓር ክሕሰብ ዘለዎ ሃገር እዩ። ስዓሪት ኢትዮጵያ ስለዝኾነት ቐዳምነት ክውሃቦ ዘለዎ ንሃገርን ንህዝብን እዩ። ሃገርን ህዝብን ምምራሕ ዝህሉ ሃገር እንትህሉ፤ሰላም እንትሰፍን እዩ። ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ክህነፅ ዝኽእል ሃገር እንትህሉ እዩ። ከይዲ ድህረ መረፃ'ውን ብሰዓራይነት ኢትዮጵያ ክዛዘም ኣለዎ። ሐዚ ኢትዮጵያ ስዒራ ኣላ። ቐፃሊ'ውን ክትስዕር እያ።


ኢፕድ

# ወጋሕታ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

**ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ**

ቁፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ፍቃዱ ሞላ

**ኣድራሻ**

የካ ክ/ከ

ወረዳ 14

የቤት ቁጥር 520/20

ኢሜይል - fekadumola@press.et

ስልክ ቁጥር - 011-1-56-98-77

**ኣሰናዳእቲ**

ማዕረግ ገ/ሄር

መሰረት ገ/ዮሃንስ

ትርሓስ ፍቃዱ

ኣማንሚካኤል መስፍን

**ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን**

ኢሜይል - epapromotion@press.et

ስልክ - 011-156-98-73

ፋክስ - 011-126-58-12

**ክፍሊ መቐበሊ ምልሳይ**

ስልክ ቁጥር - 011-156-98-65

ፋክስ - 011-157-44-40

**መተሓባበሪ ምልሳይ ዕዳጋ**

ስልክ - 011-1-26-43-39

**መከፋፈሊ**

ስልክ ቁጥር - 011-157-02-70


# ነፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ:: ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቅዋም አይኮኑን::

## ካብ ርክብ ኽልትኣዊ ዘፈንገጠ ስጉምቲ

**ትርሓስ ፍቃዱ**

ሃገራት ርክብ ኽልትኣዊ ንምምስራት ብምትሕብባር እንትንሰርሕ ከመይ ዝበለ ናይ ሓፂርን ነዊሕን እዋን ጥቕሚ ክነኽብር ንኽእል ብዝብል መበገሲ ሓሳብ ብምግባር ከምዝኾነ ናይቲ ዘፈር ብያነ የመልክት። ኽልቲኣዊ ርክብ ካብ መንጎ ዝመስረታ ሃገራት እቲ ሓደ ክረኽቦ ዝደልዮ ጥቕሚ እንድሕር ዘይረኸበ ወይ ድማ ኣብ ምኽባር ጥቕሚ ዘይምርድዳእ እንተተፈጢሩ፤ኣብ ዝኾነ እዋንን ኹነታትን ርክቡ ክቋርፅ ይኽእል እዩ። በዚ ምኽንያት እዩ፤መምርሒ ዓለምለኻዊ ርክብ ዘላቒ ጥቕሚ 'ምበር ቀዋሚ ፀላኢ ይኹን ቀዋሚ ፈታዊ የብሉን ዝበሃል።

ሃገራት ዓለምለኸ ርክበን ዝመርሓሉ ፖሊሲ ጉዳይ ወፃኢ ዝቐርፃ ነዚ መበገሲ ብምግባር እዩ። ኣብ ዓለምለኻዊ ርክብ እቲ ዋና መምርሒ ሂብካ ምቕባል እዩ። ነዚ እዩ ድማ ምሁራት ናይቲ ዘፈር ብዘይካ ሂብካ ምቕባል ርክብ ዓለምለኸ ጋህዲ ኣይኸውንን ዝብሉ።

ሃገራት ጥቕምና ኣይተኸበረን፣ንጥቕምና ዝፃረር ተግባር ተፈፂሙ እዩ ኢለን እንትሓስባ ወይ ድማ ዘይምርድዳእ እንትፍጠር ቕድም ክብል ዝምርሓሉ ዝነበረ ፖሊሲ ምልስ ኢለን ንኽግብጥኦን ሓደ ሓደ እዋን ድማ መምርሒ ዲፕሎማሲ ብምጥሓስ ዘለወን ኢኮኖሚያውን ፖለቲካውን ልዕልነት ተጠቒመን ዝተፈላለዩ ፅልዋታት ብምሕዳር፤ኢድ ኻልኦት ንምጥዋይ ፃዕሪ እናገበራ ይርከባ። ነዚ ድማ ኣብ ትኽክለኛ መረዳእታ ዘይተደረኸ፣ንሓደ ወገን ዘዳሉን ናይ ሓሶት መረዳእታ ከም ፍልፍል ይጥቀማ።

ነዚ ድማ ኣብ ቐረባ ኣሜሪካ ኣብ ኢትዮጵያ ዝገበረቶ ማዕቀብ፤እገዳ ጉዕዞ ሰበስልጣንን ምኽንያት ናይቲ እገዳን ዓለምለኸ ተንታኒ ፊንላንዳዊ ሲሞ ፔካ ፓርቪያነን «Tigrai Conflict,Homework Not Done by Western Counrties Has Led to Wrong Policy Action» ብዝብል ርእሲ ኣብ ዘሐተምዎ ፅሑፍ እንተብርሁ፣ኣብ ክልል ትግራይ ዝተገበረ ስጉምቲ ምኽባር ሕጊ መራኸብቲ ሓፋሽ ምዕራባውያን፤ብምኽንያት ኣብ መረዳእታ ሓቂ ከይተደረኹ ዝሰርሕዎ ግጉይ ፀብፃብ፤ ኣሜሪካ ግጉይ ውሳነ ንኽትውስን ከምዝገበራ ኣስፊሮም እዮም።

ኣብ ቐረባ እዋን ዑደት ስራሕ ዝገበሩ ሴናተር ጀምስ ኢንሆፍ፤ኣሜሪካ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ዘመሓላለፈቶ እገዳ ቪዛ ከም ዘመላኸቶ «ምምሕዳር ባይደን ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ዝገበሮ እገዳ ቪዛ ይቃወም» ብምባል ኣብ ቕድሚ እቲ ሰኔት መብሪሂ ከም ዝሃቡ ይፍለጥ። ኣብዚ መብሪሂኦም ድማ መንግስቲ ኢትዮጵያ ምስ ራዕዳዊ ጉጅለ ህወሓት ኣብ ተመሳሳሊ መስርዕ ንምቕማጥ ምፍታን ተቐባልነት ከምዘይብሉ፤ኢትዮጵያ ኹሎም ሰላማዊ ፍታሓት ንምምፃእ እናሰርሐት ከምዝኾነትን፤ሰላምን ሓድነትን ካብ ምምፃእ ሓሊፉ ኻሊእ ኣካይዳ፤ከምዘይኸደትን በዚ ድማ እቲ ውሳነ ትኽክል ከምዘይኮነን ከምዝቃወሙ'ውን ምግላፆም ዝዝከር እዩ።

እቶም ሴናተር ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ዝነበሮም ፃንሒት እኹል ግንዛበ ክጭብጡ ከምዝከኣሉን፤ኢትዮጵያ ኣብ እትሰርሖም ስራሕቲ ድጋፍ ንምግባር ቖራፅ ከምዝኾኑ ምግላፆም ኣሜሪካ ሓበራዊ ጥቕሚ ኣኽቢራ ኣብ ክንዲ ምኻድ ናይ ውልቃ ጥቕሚ ጥራሕ ንምኽባር ዝተለመቶ ግጉይ መስመር ከምዝኾነ ዘመላኽት እዩ።

ዲፕሎማሲ ወይ ድማ ኽልትኣዊ ወይ ባዓል ብዙሕ ዘፈር ርክብ፤ሃገራት ብዘለወን መትከል ሓበራዊ ጥቕሚ ተመስሪቱ ዝፍጠር ርክብ እዩ። ብመንፅር እዚ «ኣሜሪካ ኣብ እዋናዊ ዛዕባ ትግራይ ተደሪኻ፤ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ቕድመ ኹነት ብምቕማጥ ዝብለኪ እንድሕር ዘይትሰምዒ ስጉምቲ ክወስድ እየ ምባላ ኣብ ሉኣላውነት ሃገር ምእታው ከምዝኾነ ፓርትና ይኣምን» ክብሉ ኣመራርሓ ፓርቲ የኢትዮጵያ ዜጎች ለማህበራዊ ፍትህ (ኢዜማ) ዝኾኑ ኣይተ ግርማ ሰይፉ ኣብ ቐረባ ገሊፆም እዮም።

ብሓደ ወገን ዓቕሚ ምፍፃምን ንኽፍፀም ምግባርን መንግስቲ ዘዳኸም ተግባር እናሰርሑ፤ብኻልእ መዳይ ኣብ ክልል ትግራይ ዘሎ ፀገም ንኽፍታሕ ምሕታት ዝፃረሩ ጉዳያት ከምዝኾኑ ይዛረቡ። መንግስቲ እቲ ፀገም ንኽፈትሕ ድጋፍ ምግባር እናኸኣሉ ዓቕሙ ንኽዳኸም ምግባር ግና ብድሕሪት ኾይኖም ከሳኽዕ ዝደልይዎ ኻሊእ ድሌት ከምዘሎ ንምርዳእ ዕድል ዝህብ እዩ ይብሉ።

ሐዚ ኣሜሪካ ዝወሰደቶ ስጉምቲ ኢትዮጵያ ንዘላቶ ኹነታት ኣብ ግምት ውሽጢ ዘየእተወ ከምኡ 'ውን፤ጥቕሚ ኣሜሪካ ከኽብር ዘይኽእል ከምዝኾነ ዝዛረቡ ኣይተ ግርማ ብኽልቲኣን ሃገራት ዝተመስረተ ብምዃኑ ፈፂሙ ግቡእ ከምዘይኮነን ይገልፁ። ኢትዮጵያ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ንዘሎ ራዕዲ ንምክልኻል ዘይትካእ ኽቡር ሰራዊት ክተሰማርይ ኸላ ኣሜሪካ ግና ህይወት ሰብ ዘይዕድግ ዶላር እናለኣኸት ከምዝፀንሐት የዘኻኽሩ።

ኣመራርሓ ፓርቲ ህብር ኢትዮጵያ ኢንጂነር ይልቃል ጌትነት፤ኣብ ቴሌቪዥን ኣርትስ ምድላው «ኣብይ ጉዳይ» ኣብዝገበርዎ ፃንሒት ከምዝበልዎ፣ ኢትዮጵያ ብምድኻማ ጥቕማ ትስእን ትኸውን 'ምበር እትረኽቦ ነገር የለን፤ንመርኣያ ቕድሚ ሒደት ዓመታት ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ዝተረጋገፀ መንግስቲ፤ጥንኩር ወተሃደራዊ ዓቕምን ሓባራዊ እሴትን ኣፍቲ ከባቢ ዝስተውዓሉ ንዝነበሩ ምንቅስቓስ ራዕዲ ክዕገሱ ንምግባር ዕድል ፈጢሩ እዩ። በዚ መዳይ ድማ ኢትዮጵያ ኣጋር ከምዝነበረት ብምግላፅ ኢትዮጵያ እንተዘይተረጋጊዓ ተጎዳኢት ባዕላ ኣሜሪካ ከምእትኸውን ይገልፁ።

ኣሜሪካ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪካ ዘለዋ ጥቕሚ ንምሕላው ክትብል ኣብ መንጎ ኢትዮጵያ፣ሱዳንን ግብፅን ኣብ ዙርያ ግድብ ህዳሰ ብዝተፈጠረ ዘይምርድዳእ ብዘይኮነ ስምምዕነት ንኽዛዘም ድፍኢት እናገበረት ከምዝፀንሐት ዝዝከር እዩ። ኣሜሪካ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ፅዕንቶ ብምፍጣር ነዚ ስምምዕነት ንኽትፍርም ካብ መንጎ እትጥቀመሉ ምኽንያት እቲ ሓደ ኣብ ክልል ትግራይ ዘሎ ኹነታት ተጠቃሲ እዩ። እቲ ኹነታት ከም ዘተሓሳስባ ብምግላፅ ብህፁፅ ፍታሕ ንኽወሃቦ ብምትሕስሳብ፣ስምምዕነት ተኹሲ ጠጠው ምባል ንኽግበርን ምስ ራዕዳዊ ጉጅለ ድርድር ንኽግበር ብምድፍፋእን ሉኣላውነት ናይዛ ሃገር ብቕጥታ ዝዳፋእ ሕቶ ብምቕራብ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ፅዕንቶ ንምሕዳር እናፈተነት ከምዘላ ይገልፅ።

እዞም ወሃብቲ ርኢቶ ኣሜሪካ ኣብ ማእኸላይ ምብራቕ ዘለዋ ብሄራዊ ጥቕሚ ንኽትሕሉ ክትብል ጥቕሚ ኢትዮጵያ እናረገፀት ከምዝኾነት ንምርኣይ ኣብ ቐረባ እዋን እስራኤል ኣብ ልዕሊ ፍልስጤም ዝፈፀመቶ መጥቃዕቲን ዝበፅሐ ሰብኣውን ንዋታውን ማህሰይቲ ብዝምልከት ኣብ ዘውፀኣቶ መግለፂ፣እስራኤል ዓርሳ ንምክልኻል ዝወሰደቶ ስጉምቲ ከምዝኾነን ግቡእ ከምዝኾነ ምምስካራ፤ኾይኑ ግና ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ መከላኸሊ ሰራዊታ ንዝተፈፀመ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ እቲ ፈፃሚ ጉጅለ ንዝወሰደቶ ስጉምቲ ምኽባር ሉኣላውነት ከምዝኾነ ብምግላፅ፤ፈፂሙ ዘይመስል ተደራደሩ ዝብል ሕጫጩ ዝመስል መግለፂ ምውፅኣ ከም መርኣያ የቕርብዎ።

«How to wreck a Black Nation In the Age of "Black Lives Matter"» ብዝብል ርእሲ ዝተሓተመ ሓደ ፅሑፍ ኣሜሪካ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያ ዝገበረቶ ናይ ጉዕዞ እገዳን ኻልኦት ማዕቀባትን ኣብ ትኽክለኛ መረዳእታ ዝተመስረተ ከም ዘይኾነ ይዝርዝር። በዚ ድማ ኣብ ኢትዮጵያ ን30 ዓመታት ብርክት ዝበሉ ገበናት እናፈፀመ ዝነበረ ጉጅለ ድሕሪ እዘን ሰለስተ ዓመታት ኣብዛ ሃገር ዝተኸሰተ ለውጢ ብዘይምቕባልን ብርክት ዝበሉ መገዲ ጥፍኣት እናወሰኸ ፀኒሑ ኣብ መወዳእታ ኣብ ልዕሊ መከላኸሊ ሰራዊት ዘብፀሖ መጥቃዕቲ ስዒቡ ብዝተገበረ ስጉምቲ ምኽባር ሕጊ ቕድም ክብል ናብ ዝነበሮ ስልቲ ውግእ ከምዝኣተወ ይገልፅ።

እዚ ኣብ ልዕሊ ሃገር ክሕደት ዝፈፀመ ጉጅለ ቕድም ክብል ኣብ ውሽጢ ዝተፈላለዩ ዓለምለኸ ትካላት ዝሓብኦም ኣባላቱ ከምኡ'ውን ብዝተረፎ ገንዘብ ዝዓደጎም መራኸብቲ ሓፋሽ ምዕራባውያን፣ ኣክቲቪስታት፣ ፖለቲከኛታት ከም ማሽን ፕሮፖጋንዳ ከም ዝጥቀመሎም እቲ ፅሑፍ ይገልፅ።

ብተወሳኺ ድማ ን27 ዓመታት ኣግዚፎም እናርኣይዎ ዝነበሩ ጉጅለ ራዕዲ ህወሓት ብዝተወሰደሉ ስጉምቲ ድምፁ ምጥፍኡ ስዒቡ፤ኒውዮርክ ታይምስ፣ዋሽንግተን

ካብ ርክብ... 7

ወጋሕታ

ዜና

# ሰበ ስልጣናትን ፖለቲከኛታትን ኣብ መረፃ

**ኣብ ሻድሻይ ሃገራዊ መረፃ ህፁያትን መረፅትን ዝኾኑ ሰበ ስልጣናትን ፖለቲከኛታት ብዛዕባ እቲ ከይዲ መረፃ ርኢቶኦም ሂቦም እዮም። ከምዝስዕብ ቐሪቡ ኣሎ።**

**ሚኒስትር ትራንስፖርት ወይዘሮ ዳግማዊት ሞገስ**

«ከይዲ እቲ መረፃ ህዝብ ብልዑል ተሳትፎ እናተሳተፈሉ እዩ። ኣነ እውን በዚ መገዲ ከይተፀገምኩ ድምፀይ ሂበ እየ» ክብላ ሚኒስትር ትራንስፖርት ወይዘሮ ዳግማዊት ሞገስ ገሊፀን ኢየን።

ከምዝተዓዘብክዎ ሕብረተሰብ ካብ ንግሆ ጀሚሩ ወፂኡ እናመረፀ እዩ ዝበላ እተን ሚኒስትር ፤ካብ ዝተመዝገበ ቑፅሪ ኣንፃር ገና ብዙሕ መረፅቲ ከመፅ እዮም ኢለ ይሓስብ ኢለን። ከም ዜጋ እቲ ሓደን ዓብይን መሰልና ዝመርሐና መንግስቲ ብድምፅና ምምራፅና ስለዝኾነ እዚ ዓብይ መሰል ሕድ ሕድ ኢትዮጲያዊ ካርድ ዘውፅአ ኹሉ መፂኡ ድምፁ ክህብ ኣለዎ ኢለን።



**ዶክተር ኢንጅነር ስለሺ በቀለ**

ኢትዮጵያውያን ውሽጣውን ወፃእን ፅዕንቶ ተፃዊሮም ውፅኢታዊ መረፃ ምክያዶም ብባዓሎም ዓቕሚ ዝደለይዎ ናይ ምግባር ዓቕሚ ከምዘለዎም መርኣያ ምዃኑ ሚኒስተር ማይ፣መስኖን ኤሌክትሪክን ዶክተር ሲለሺ በቀለ ኣፍሊጦም እዮም።

እቶም ሚኒስትር ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ቦሌ ክፍለ ከተማ ጣብያ መረፃ ተረኺቦም ድምፆም ኣብ ዝሃብሉ እዋን ከምዝተዛረብዎ ፣ናይ ሎሚ መረፃ ካብ ዝሓለፉ መረፃታት ዝተፈለየን ተናሓናሕቲ ፓርትታት መልእኽትን ፖሊሲ መማረፅታት ዘማለአ ከምዝኾነ ኣረዲኦም እዮም። ሕብረተሰብ ብመረፃን ብፈልሲ ተኸላን ብንቕሓት ምስታፍ ከምዘለዎ ፃውዒት ኣቕሪቦም እዮም።



**መሓመድ ኣልኣሩሲ**

ኣብ መዓልቲ መረፃን ድሕሪ መረፃን ዝሰዓረ ፓርቲ ምንቅስቓስ ህዝብታት ሃገርና ሰላማዊ ምግባር ኣለዎም። ቦርዲ መረፃ ውፅኢት ክሳብ ዘፍልጥ ህዝቢ ብትዕግስቲ ክፅበ ከምዘለዎ መልእኽቲ ኣመሓላሊፎም።

ኣብ ጉዳይ ሃገርና ሓደ ብምዃን ካብ ውሽጥን ወፃእን ዘጋጥሙና ኢድ ኣእታውነት ክነሽንፍ ይግባእ። ድሕሪ መረፃ ብፍላይ ኣብ ኣፍሪካ ረብሻ ይፍጠሩ እዮም። ኣብ ሃገርና ድማ ኢድ ኣእታውነት ወፃኢ ስለዝረአ ብፍላይ ድማ መናእሰይ ተገዛኢ ከይኸውን ኢሎም እዮም።

መናእሰይ ኣምባሳደር ሰላም ክኾኑ ይግባእ ዝበሉ መሓመድ ኣልኣሩሲ፣ ድሕሪ ምምራፆም ተኸሊ ዝተኸሉ እንትኾን ፤መረፅቲ ምምራፅ ጥራሕ እንተይኾነስ ንሃገር ሓምለዋይ ሓድጊ ተኸሊ ምቕማጥ ናይ ኹሉ መራፂ ክኾን ይግባእ ኢሎም።

ምፍልላይ ኣተሓሳስባ ፖለቲካ እንተሃለወ'ውን ኹሉ መራፅን ተመራፅን ተኸሊ ብምትኻል እቲ መረፃ ፍሉይን ደማቕን ምግባር ይግባእ ኢሎም።



**ርእሰ ምምሕዳር ክልል ኣምሓራ ኣይተ ኣገኘሁ ተሻገር**

ርእሰ ምምሕዳር ክልል ኣምሓራ ኣይተ ኣገኘሁ ተሻገር ኣብ ጎንደር ከተማ ተረኺቦም ድምፂ እንትህቡ፣ «ኢትዮጵያ መሪፃ፤ ኢትዮጵያ ስዒራ» ክብሉ ተዛሪቦም።

ኣይተ ኣገኘሁ ንጋዜጠኛታት ከምዝገለፅዎ፣«ኣብ ሃገርና ደካማ መንግስቲ ንክምሰረት ዝደልዩ ሓይልታት ናይ ስግግር መንግስቲ ይጣየሽ ክብሉ ፀኒሖም እዮም በዚ'ውን ኣብዛ ሃገር መረፃ ንከይካየድ ዓብይ ፃዕሪ ይገብሩ እንተፀንሑኳ ሃገርና ግና መረፃ እናካየደት እያ » ኢሎም። ስለዝኾነውን «ኢትዮጵያ መሪፃ፤ ኢትዮጵያ ትስዕር» ኢሎም።





ዶክተር ሙሉቀን ሃፍቱ

ኣብ ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ምክትል ፕሬዝዳንትን ንቤት ምኽሪ ኣዲስ ኣበባ ሕፁይ ብልፅግና ዶክተር ሙሉቀን ሃፍቱ ብወገኖም ከምዝገለፅዎ፣ እዚ ሃገራዊ መረፃ ንመጀመርያ ስግግር ዲሞክራሲ እነካይደሉ እዩ ኢሎም። ዝሓለፉ መረፃታት ንድሕረ መረፃ ዘይምርግጋዕ መልዓሊ ከምዝነበሩ ዝገለፁ ዶክተር ሙሉቀን፣ ኣብዚ መረፃ ሃገራዊ ሓድነት ከምዝጠናኸር ተዛሪቦም ።

ህዝቢ ናብ መረፃ ጣብያታት ምኻዱ እቲ ህዝቢ በቲ መረፃ እምነት ምሕዳሩ ከምዘርእይ ኣፍሊጦም።



**ኣቦ ወንበር ኢዜማ ኣይተ የሺዋስ ኣሰፋ**

ውሳነ ህዝቢ ኢትዮጵያ ንቕበል ኢና ክብሉ ኣብ ፖለቲካዊ መረፃ ዝሳተፍ ፓርቲ'ውን ድምፂ ህዝቢ ክቕበል ከምዘለዎ ኣቦወንበር ኢዜማ ኣተሓሳሲቦም።

ኣብ ክፍለ ከተማ ጉለሌ ወረዳ 8 ጣብያ መረፃ 10 ምስ ደቖም ተረኺቦም ድምፆም ዝሃቡ ኣይተ የሸዋስ ከምዝበልዎ፣ኣብተፈላለዩ ግዜ ውፅኢቶም ቕዲሙ ዝፍለጥ መረፃታት ክካየድ ዝፀንሐ ኮይኑ ናይ ሕዚ መረፃ ዲሞክራሲያዊ ልምምድ ዝተገበረሉ ብምዃኑ ኩሉ ፓርቲ ውፅኢቱ ብፀጋ ክቕበል ኣለዎ ኢሎም።

ናብዚ ናይ መረፃ መዓልቲ ንምብፃሕ ብዙሕ ዋጋ ከምተኸፈሎ ዝተዛረቡ ኣይተ የሺዋስ፣ ልዕሊ ኩሉ ሃገርን ህዝብን ብምቕዳም ብዲሞክራስያዊ መገዲ እናተጓኣዙ ምዃኖም ኣረዲኦም።



**ምክትል መራሒ ኢዜማ ኣንዱኣለም ኣራጌ**

መረፃ ዜጋታት ይመርሐኒ እዩ ኢሎም ዝኣምንሉ ኣካል ዝመርፅሉ ሰላማዊ ቓልሲ ስለዝኾነ ኩሉ ሰብ ካርዲ መረፅኡ ክጥቀመሉ ይግባእ ክብሉ ናይ ኢትዮጵያ ዜጋታት ማሕበራዊ ፍትሒ (ኢዜማ) ምክትል መራሒ ኣይተ ኣንዱኣለም ኣራጌ ገሊፆም።

ኣይተ ኣንዱኣለም ድምፆም ኣብዝሃብሉ ሰዓት ንመራኸቢ ሓፋሽ ከምዝገለፅዎ፣ «ኩሉ ሰብ መሰሉ ተጠቒሙ ድምፁ ክህብ ኣለዎ፤ድምፁ ሂቡ ናብ ገዝኡ ክምለስ ኣለዎ፤ንፍርሓት ክሰዓር የብሉን» ኢሎም።

«ዝስምዑ ፅቡቕ ዘይኮኑ ነገራት እንተሃለዉኳ ናብ ፅቡቕ ምቕያር የድሊ»ዝበሉ ኣይተ ኣንዱኣለም፣ዝግበአና ኣብ ዘይንገብር ቑፅሪ እናተሰዓርና ኢና ንኸድ ኢሎም። ኩሉ ሰብ ዝከኣሎ ኩሉ ብምግባር ዝደልዮ ሰብ ክመርፅ ኣለዎ ክብሉ መልእኽቶም ኣመሓላሊፎም።

ኣነ ኣብ ዝመረፅኩሉ ሰዓት ዝተረጋገፀን ዝሰኸነን እዩ ዝበሉ ኣይተ ኣንዱኣለም፣መረፃ ዓብይ ዋጋ ዘለዎን ንወለዶ ዝመሓላለፍ እዩ፣ናይ ህዝቢ ሉኣላዊነት መግለፅን መብሰሪ ወጋሕታን እዩ ኢሎም።

ናይ መረፃ መስፈርቲ ኣየማለአን ኢሉ ዘይቕበል እንተሃልዩ ሕጋዊን ሰላማዊን ዝኾነ ኣካይዳ ክኽተል ኣለዎ ኢሎም። ብግቡእ ንዝሰርሐ ምምስጋን ጌጋ ዝፈፀመ ድማ ተሓታቲ ምግባር ይግባእ ኢሎም።

## መንቃሕቲ ማሕበራዊ ሚድያ ብመረፃ ቦርዲ ዕላዊ ዘይኮነ ውፂኢት ካብ ምግላፅ ንክቖጠቡ እቲ ቦርዲ ኣተሓሳሲቡ

### . ፓርቲታት ንዘርኣይዎ ስነ ምግባር ምስጋና ኣቕሪቡ

ኣዲስ ኣበባ፡- መንቃሕቲ ማሕበራዊ ሚድያ ብመረፃ ቦርድ ዕላዊ ዘይኮነ ውፂኢት ካብ ምግላፅ ንክቖጠቡ ብሄራዊ ቦርዲ መረፃ ኢትዮጵያ ኣተሓሳሲቡ፡ ፡ ፓርቲታት ንዘርኣይዎ ስነ ምግባር ምስጋና ኣቕሪቡ፡፡

ናይ ቦርዲ ናይ ኮሙኒኬሽን ኣማኻሪ ሶልያና ሽመልስ ኣብ ዝሃበኦ መግለፂ፣ብሓደ ሓደ መንቃሕቲ ማሕበራዊ ሚድያ ብመረፃ ቦርዲ ዕላዊ ዘይኮኑ ሓበሬታታት እናወፅዑ እዮም፡፡ መረፃ ጣቢያታት ውፅኢት ናብ መረፃ ክልላት እናመሓላለፉ ኣብ ዘለውሉ እዋን‹‹ እገለ ፓርቲ ስዒሩ›› ምባል ኣይከኣልን ኢለን፡፡

ብመረፃ ቦርዲ ዕላዊ ዘይኮነን ዝተጋገየን ሓበሬታ መንቃሕቲ ማሕበራዊ ሚድያ እናገለፁ ምዃኑ ዘፍለጣ እተን ኣማኻሪ፣ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ ብዝተገለፀ ሓበሬታ ቅሬታ ኣለኒ ኢሉ ዝመፅአ ፓርቲ ከምዘየለ ድማ ኣመልኪተን፡፡ እቶም ፓርትታት ንዘርኣይዎ ስነ ምግባር ድማ ኣመስጊነን፡፡

ብናውቲ ዘይምምላእ ምኽንያት መረፃ ተቛሪፁለን ዝነበራ ክልላት ሲዳማን ጋምቤላን 15 ሰነ 2013 ዓ.ም ድምፂ ክውሃብ ውዒሉ ኣሎ ኢለን፡፡ ኣብ 14 ሰነ 2013 ዓ.ም መረፃ ዝተኻየደሎም ከባቢታት ድማ ቆፀራ ድምፂ ምዝዛሙ ገሊፀን፡፡ ብፍላይ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተጠናቐቐ ቆፀራ ናብ መረፃ ከልል እናኸደ እዩ ኢለን፡፡ ኣብዚ ሐዚ እዋን ውፂኢት መረፃ ምልጣፍ'ምበር ውፂኢት ምፍላጥ ኣይከኣልን ክብላ ኣተሓሳሲበን፡፡

ኣፈፀምቲ መረፃ እንትምልመሉ ፓርቲታት ቅሬታ ዘቕረቡሎም ከምተቐየሩ ዘዘኻኸራ እተን ኣማኻሪት፣ስጋብ ሐዚ ኣፈፀምቲ ኣጭበርቢሮምኒ ዝበለ ፓርቲ የለን ኢለን፡፡

ኣብ 14 ሰነ 2013 ዓ.ም ኣብ ተኻየደ መረፃ ዝለዓለ ናይ ህዝቢ ምንቕቓሕ ከምዝነበረ ዝገለፃ እተን ኣማኻሪት፣ኣብቲ ዕለት ነዊሕ ሰልፊ ስለዝነበረ ስጋብ ሰዓት ሰለስተ ዝተሰለፈ ህዝቢ ክይመረፀ ንከይኸድ ስጋብ ለይቲ እቲ መረፃ ከምተኻየደ ኣመልኪተን፡፡ ተሰልፉ ከይመረፀ ዝኸደ የለን ኢለን፡፡ ድቃሶም ስኢኖም ብውፍይነት ክሰርሑ ንዝሓደሩ ኣፈፀምቲን ተዓዘብትን ድማ ምስጋና ኣቕሪበን፡፡

ዕዱም ጋሻ

# ‹‹ ድጋፍ ወሃብቲ ኣካላት ንቀለብ ዝውዕል ስርናይ ጥራሕ ትኹረት ካብ ምግባር ኣብ ግብርና ትኹረት ተዝገብሩ ይምረፅ››

- ኣይተ ብርሃነ ኣርኣያ
ምክትል ሓላፊ ቢሮ ሕርሻን ልምዓት ገጠርን ትግራይ

ትርሓስ ፍቓዱ



**ኻሊእ ዓብዪ ሕፅረት በጀት እዩ ዘለና፤ዘርኢ ናብ ወረዳ ንምብፃሕ እኳ በጀት እንስእነሉ እዋን ኣሎ። መዳበርያ ዝተኸፈለ ስለ ዝኾነ ዝሐሸ እዩ፤ዘርኢ ግና ካብ ማእኸል ሃገር ኣምፂእናዮ ኣብ መቐለ ፀኒሑ ድሕሪኡ ንሓረስታይ ተበፂሒ ክኸውን ኣለዎ።እዚ ንምግባር ድማ ዓብዪ ፀገም ኣለና**

**‹‹እቲ ዓብዪ ፅልዋን ፀገምን ናይቲ ኲናት ኣብ ሴክተር ሕርሻ እዩ ወዲቑ፤ልዕሊ 80 ሚኢታዊ ኣብ ሕርሻ ዓብዪ ፀገም ኣጋጢሙ እዩ፤ስለዝኾነ ድማ ብወገን መንግስቲ ክገብሮ ዝግባእ ሓገዝ ተዘይተገይሩን እቲ ሓረስታይ ብእዋኑ ክሓርስ ተዘይኽኢሉ፤ንሓረስታይ ዘድልዮ ቐረብ እንድሕር ዘይተዳለወሉ ዝመፅእ እዋን ንመንግስቲ ይኹን ንህዝቢ ኸቢድ ክኸውን ይኽእል እዩ‹‹ ምኽትል ሓላፊ ቢሮ ሕርሻን ልምዓት ገጠርን ትግራይ ኣይተ ብርሃነ ኣርኣያ።ጉጅለ ጋዜጠኛታት ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ኣብ ከተማ መቐለ ተረኺቡ ምስ ኣይተ ብርሃነ ዝገበሮ ቃለ መሕትት ከምዝስዕብ ኣቕሪብናልኩም ኣለና።ሰናይ ንባብ።**

**ሕቶ፡-ሓፈሻዊ ኹነታት ግብርናን ገጠራት ወረዳ ትግራይን እንታይ ይመስል?**

**ኣይተ ብርሃነ፡-** ከም ዝፍለጥ ኣብ ትግራይ ብዝነበረ ኹነታት ማሕበረሰብ ገጠር ኣብ ልዑል ፀገም እዩ ዝርከብ፤እቲ ዝተፈጠረ ፀገም ናብ ዝሓሸ ኹነታት ንምምላስ ፈለማ እቲ ዝበፅሐ ጉድኣት ኽንደየናይ እዩ ዝብል መፅናዕቲ ንምክያድ  ካብ ሓሙሽተ ዞባታት ዝተጣየሸ ጉጅለ ልኢኽና ኢና፤እቲ ጉጅለ  ምስ ተመለሰ ብፍላይ ኣብ ገጠር ዓብዩ ፀገምን መጉዳእትን ከምዝበፅሐ እዩ ዘመላኽት።

እቲ ዝበፅሐ ፀገም ምምላስ ብዘኽእል መልክዑ ትልሚ  ህፁፅ እዋን  ኢና ኣውፂእና፤እዚ ትልሚ ዕላዊ ተገይሩ ንመንግስቲ ፌደራልን ድጋፍ ንዝገብሩ ኣጋራትን ሂብና ኢና።ኣብቲ ድጋፍ ዘቐመጥናዮም ነገራት ሓሙሽተ ዓበይቲ ትኹረት ዝወሃቦም ጉዳያት  ኣቐሚጥና ኢና፤እቲ ፈላማይ ዘርኢ እዩ፤ምኽንያቱ እቲ ኲናት እንትጅመር ምህርቲ ዝእከበሉ እዋን እዩ ነይሩ፤በዚ ምኽንያት ድማ ከይተኣከበ ተሪፉ እዩ።እዚ ድማ 492 ሽሕ ኲንታል ንኹለን ወረዳታት (ኣብ ትግራይ 61 ወረዳታት ገጠር ኣለዋ)፤ብተወሳኺ ድማ መዳበርያ ከምዘድልይን (ከባቢ 800 ሽሕ ኲንታል ተጠይቑ ከምዝነበረን) ንቲ ሓረስታይ ብመልክዕ ሓገዝ ንኽወሃቦ ሓቲትና ኢና፤ኻሊእ ድማ ሃፍቲ እንስሳ ብዝምልከት ብዙሓት ኣብዑር ከባቢ 2.2 ሚሊዮን  ዝኾኑ ተሓረዶምን ጠፊኦምን እዮም።እዚ'ውን ንቲ ሓረስታይ ከምዘድልዮ ኣቐሚጥና ኢና፤ብተወሳኺ ድማ ቀለብ ከፍቲ ብዝምልከት ‘ውን እቲ ሓረስታይ ስለዘይብሉ ብልዑል ኹነታት ከምዘድልይ ብምግንዛብ ኣቐሚጥና ኢና፤ብመሰረት እዚ ኣብ ወረዳታት ዘለዉ ቢሮታት ስለዝዓነዉ ዳግመ ህንፀት ከምዘድልይን ብሓፈሻ ብር 102 ቢሊየን  ዝሓትትን ሕርሻ ናብ ዝነበሮ ናይ ምምላስ ስራሕቲ ንምስራሕ በጀት ክትሓዝ ከም ዘለዎ ኢና ኣቐሚጥና።

መንግሰቲ ፌደራል'ውን ክንዲ ዝኽኣሎ እናሓገዘና እዩ ዘሎ፤ምስቲ ዝሓተትናዮ እንትነፃፀር ዘይራኸብ እንተኾነ ‘ውን ዝተወሰነ ሓገዝ እናረኸብና ኢና ብፍላይ ዘርኢ ብዝምልከት ከባቢ 11 ሽሕ ኲንታል  ተዓዲጉ እናቐረበልና እዩ፤ኻልኦት  ኬሚካላት ‘ውን ሓገዝ ተገይሩልና እዩ።

ኣብ ግብርና ዝተዋፈሩ መዳርግቲ ኣካላትን ገበርቲ ሰናይን ክንዲ ዝኸኣልዎ ብፍላይ ዘርኢ ናብ 66 ሽሕ ኲንታል  ዝፅጋዕ ሓገዝ እናገበሩልና እዮም።ብሓፈሻ ኹነታት ወረዳ ገጠራት  ትግራይ ብዝምልከት ካብ ፍርቂ ሚያዚያ ጀሚሩ ዘርኢ ንምዝራእ ዘኽእል ማይ ከምዝወቕዐ ብዝገበርናዮ ዑደት ካፍቶም ሰብ ሞያን ብስልኪ እናሓተትና  መረዳእታን ረኺብና ኢና፤ኣብዚ ሐዚ እዋን ዝተወሰነ ማይ ናይ ምንካይ ኲነታት ኣሎ።

ማሕረስ ብዝምልከት ኣብ ሓሙሽቲኦን ዞባታት ብተመሳሳሊ ሓረስታይ እናሓረሰ እዩ ዝርከብ፤ብሓፈሻ ስራሕቲ ማሕረስ እናተሰርሐ እዩ ዘሎ ኾይኑ ግና ኣብ ዝተወሰኑ ከባብታት ናውቲ ማሕረስ እስካዕ ምቅፃልን ኣብዑር እናፈትሑ ንኸይሓርሱ ምኽልኻልን  ፀገማት ኣለዉ እዮም።

**ሕቶ፡-ኣብ ቐፃሊ እዋን ማሕረስ ምስ ምኻኑ ተተሓሒዙ እንታይ ትፅቢት ትገብሩ?**

**ኣይተ ብርሃነ፡-**ኹነታት  ዘርኢ ብዝምልከት ‘ውን ብተመሳሳሊ ኣብ ሓሙሽቲኦን ወረዳታት ስራሕቲ ዘርኢ እናተሰርሐ ይርከብ፤ከም ምሽላ፣ዕፉን፣ጣፍ ከምኡ ‘ውን ስገምን ዳጉሻን ኣብ ወረዳታት ደጉዓ ሓረስታይ እናዘርአ እዩ ዘሎ።ነዚ ዝኸውን ከም ቢሮ እንታይ ከቕርብ ኣለዎ ዝብል ካብ መንግስቲ ፌደራል ዘምፀእናዮም ዘርእን መዳበርያን ብዝምልከት፤መዳበርያ ካብ ወደብ ከነምፅኦ ዝግበኦና ከምቲ ዓንተወይ ዝገለፅኽዎ 800 ሽሕ ኲንታል ክኣትው ዝግበኦ እንትኸውን እስከብ  ሐዚ ኣብ ኢድና ዝኣተወ 300 ሽሕ ኲንታል  እዩ፤ ዝኸረመ ከባቢ 214 ሽሕ ኲንታል  ነይሩ ብድምሩ 514 ሽሕ ኲንታል  ናብ ወረዳታት እናከፋፈልና ኢና፤እስካብ ሐዚ ናብ ወረዳ ዝተልኣኸ መጠን መዳበርያ እንትርኣይ 210 ሽሕን  777 ኲንታል ንሓረስቶት እናተሰራጨወ ይርከብ።

ዘርኢ ብዝምልከት ዝሓተትናዮ 492 ሽሕ ኲንታል እንትኸውን ካብዚ ኣብ ዕድጊት ዝርከብን ቃል ዝተኣተወን  97 ሽሕን  246 ኲንታልን ዝፅጋዕ እዩ፤ ካብዚ ውሽጢ 66 ሽሕን 387  ኲንታል ተዓዲጉ ኣብ መቐለ  እናሰራጨናዮ ዘለና እንትኸውን፤19 ሽሕን 859 ኲንታል  ድማ  ከባብያዊ ዘርኢ ተባሂሉ ዝፅዋዕ ንኽግዛእ ውዕል ዝተኣሰረሉ እንትኸውን ብድምሩ 97 ሽሕን 246 ኲንታል  ስለዝረኸብና ብእዋኑ ናፍቲ ሓረስታይ ንኽበፅሕ እናሰራሕና ንርከብ፤ናፍቲ ሓረስታይ ዝበፅሐ ከባቢ 20 ዝፅግዑ ወረዳታት እንደርታ፣ እንዳመኾኒ፣ ሕንጣሎ፣ኣፅቢ ወንበርታ፣ኽልተውላዕሎ፣ገረዓልታ፣ቀይሕተኽሊ፣ብዘት፣ ጋንታ ኣፈሹም፣ ቖላ ተምቤን፣ዋጅራት ሰሓርቲ ሳምረ፣ራያ ጨርጨርን ራያ ዓዘቦን፣ነዞም ወረዳታት ናብ 10 ሽሕን 644 ኲንታል ዘርኢ ተሰራጭዩ እዩ።

ሃፍቲ እንስሳት ብዝምልከት ብዝተፈላለዩ ኣካላት ንእንስሳት ክቐርብ ዝግበኦ ኣብ ዕድጊት ዝርከብ 23 ሽሕን 58 ኲንታል ናይ እንስሳት ምግቢ(መኖ) እናተዓደገ እዩ፤ እቲ ኻሊእ ናይ እንስሳት እኽሊ  ብዝምልከት ከባቢ 180 ሽሕ  ኲንታል  ኣብ ዕድጊት ይርከብ፤እቲ ኻልእ ቐረብ ደርሁ ክህልው ስለዘለዎ ከባቢ 375 ሽሕ ብሓደ መዳርግቲ ኣካል ክሰራጨው ተገይሩ እዩ፤ብውልቀ ካባቢ 350 ሽሕ ቐረብ ደርሁ ተሰሪሖ እዩ።

እቲ ኻሊእ ኣብ ስራሕቲ ምዕቛር ማይ ዝተፈላለዩ ጎዳጉዲ ንኽስርሑ ብዝልዓለ ብርኪ ትልሚ ሒዝና ኢና፤ ብተወሳኺ'ውን ስራሕቲ ምትካል ፈልሲ  10 ሚሊየን ዝፅጋዕ ተኽሊ  ክንተክል ትልሚ ሒዝና ኢና።እቲ ፈልሲ ቦቒሉ ኣብ ዝተፈላለዩ ጣብያታት ፈልሲ ይርከብ።ምኹዓት ጎዳጉዲ ‘ውን እዋኑ ሓልዩ ክስራሕ እዩ።እዚ ምስተሰርሐ ስራሕቲ ተኸላ ክሰራሕ እዩ።

ሐዚ እናጋጠመ ዘሎ ፀገም ክንርኢ ኸለና፤ ከም መንግስቲ እቲ ኲናት ዓብዪ ፀገም እናፈጠረ ስለዝኾነ ምስዚ ተተሓሒዙ ፀገም ፀጥታ እንትኸውን እቲ ሐዚ ዝዘርዘርክዎ ምክፍፋል መዳበርያን ዘርእን ኣብ ልዑል ስግኣት ኾይንና ኢና እናሰራሕና ዘለና።ኣብ ኬላታት ዓገቲ ኣለዉ ብምኺኑ ድማ እቲ ቐረብ ብእዋኑ ናብ ሓረስቶት ንምብፃሕ ዓብዪ ፀገም ኾይኑና እዩ፤ብኽንደይ ፀገማት ናብ ኬላታት እናደወልና ዕንቅፋታት ብምሕላፍ ናፍቲ ሓረስታይ ክበፅሕ ተገይሩ እዩ። ኣብዚ ናይ ሎሚ ኽረምቲ እንተዘይተሰሪሑን ኣብ 2014 ዓ.ም  ኣብ ቐረብ ስርናይ ዓብዪ ሕፅረት ስለዝፍጥር ንመንግስቲ ‘ውን ዓርሱ ዝኸኣለ ፀገም ስለዝፈጥር ዓብዪ ፃዕሪ ዝሓትት እዩ።

ኻሊእ ዓብዪ ሕፅረት በጀት እዩ ዘለና፤ዘርኢ ናብ ወረዳ ንምብፃሕ እኳ በጀት እንስእነሉ  እዋን ኣሎ። መዳበርያ ዝተኸፈለ ስለ ዝኾነ ዝሐሸ እዩ፤ዘርኢ ግና ካብ ማእኸል ሃገር ኣምፂእናዮ ኣብ መቐለ ፀኒሑ ድሕሪኡ ንሓረስታይ ተበፂሒ ክኸውን ኣለዎ።እዚ ንምግባር ድማ ዓብዪ ፀገም ኣለና።ኣብዚ መንግሰቲ ፌደራል ምስ ጊዚያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ኾይኑ በጀት ብዝምልከት ሓገዝ ተዝገብረልና ዝሐሸ እዩ።

ኻልኦት ድጋፍ ወሃብቲ ኣካላት መብዛሕትኡ ትኹረቶም ጊዚያዊ ኣብ ዝኾኑ ነገራት ማለት ‘ውን ንቀለብ ዝውዕል ስርናይ ጥራሕ ትኹረት ካብ ምግባር ኣብ ግብርና ትኹረት ተዝገብሩ ይምረፅ።እስካብ ሐዚ ብር 102 ቢሊየን ሓቲትና እስካዕ ሐዚ ዝረኸብናዮ ከባቢ ብር 600 ሚሊየን ጥራሕ ኢና ክንረክብ ኸኢልና፤ኣብ ግብርና እንተተሰሪሑ እቶም ኻልኦት ከምዝተሰርሑ ክሕሰብ ኣለዎ።እቲ ቀንዲ ጉዳይ ክኸውን ዘለዎ ዘለቕታዊ ፍታሕ ‘ምበር ጊዚያዊ ፍታሕ  ኣየዛልቕን፤ኣፍቲ ሓረስታይ እንተተሰሪሑ ድጋፍ ወሃብቲ ኣካላትን ኹሉ ኢትዮጵያውን ንዘጋጠመና ኪሳራ ክሕግዝ ኣለዎ፤እዚ እንተተገይሩ ናፍቲ ሓረስታይ ተበፂሒ ምግባር ይከኣል እዩ።

**ሕቶ፡-ብመንፅር እቲ ዝበፅሐ ጉድኣት ንዑኡ ንምፍታሕ ከመይ ዝበለ ናይ ፍታሕ ኣንፈት ተሲምኩም እናተንቀሳቐስኩም ትርከቡ፡-**

**ኣይተ ብርሃነ፡-** እቲ ዝበፅሐ ጉድኣት ንምፍላጥ ዳህሳስ እንትንገብር ኣብ ሓሙሽቲኦን ዞባታትን ኣብ ውሽጠን ዝርከባ ወረዳታትን ኢና ገይርና።እቲ ዳህሳስ ዘመላኽቶ ካፍቲ ኣንሕና ህፁፅ ረድኤት የድልዮ እዩ ኢልና ዘቐመጥናዮ ንላዕሊ እዩ።እቲ ዝዓነወ ክንርኢ ኸለና ንኣብነት ዘርኢ ብዝምልከት ኣብ ትግራይ 1.1 ሚሊየን ዝፅጋዕ መራሒ ስድራ እዩ ዘሎ፤ከባቢ 600 ሽሕ ኲንታል ዝጠፍአ ዘርኢ ማለት'ውን ፍርቂ ተዘሪኡ ዝነበረ ፍርቂ ድማ ዝተቓፀለ እንትኸውን ኻሊእ ድማ ሓረስታይ እኽሊ ምስ ሰኣነ እቲ ዘርኢ እስካዕ ምብላዕ በፂሑ እዩ።

እንስሳት ብዝምልከት ኣብ ምብራቕን ምዕራብን ከም ዘሎ ተዘሪፉ እዩ፤ብሓፈሻ 2.2 ሚሊየን ኣብዑር ተዘሪፎም እዮም፤እዚ  ዝተዘረፈን  ዝጠፍአን  ንብረት  ሓረስታይ ንምትካእ ከምቲ ዓንተወይ ዝገለፅኽዎ ቐልጢፍና ናፍቲ ትልሚ ኣቲውና እናሰራሕና ኢና ዋላኳ ክንድቲ ዝድለይ ኣይኹን ‘ምበር እዚ ዘመላኽትና ሕፅረት በጀት ከምዘለና እዩ።

**ሕቶ፡-ብመዳይ ዘርኢ ክንደየናይ ሽፋን ክሽፈን ተሓሲቡ ኣሎ?**

**ኣይተ ብርሃነ፡-** እቲ ሽፋን ኣብ ኹለን ዞባታትን ወረዳታትን 1.3 ሚሊየን ሄክታር ተሓራሳይ መሬት ኣለና።ብሓፈሻ ቕድሚ ሐዚ ኣብ ዝነበሩ ተሓረስቲ መሬታት ኢና ትልሚ ኣውፂእና።ምናልባት እስካብ ሐዚ ኣብ ምርጋፅ ፖለቲካ እስካዕ ዘይተሰርሐ ኣብ ዞባ ምዕራብ ሙሉእ ንሙሉእ  ምድላው ስራሕቲ  ሕርሻ የለን፤ ይኹን ‘ምበር ኣብ ትልምና ኣካቲትናዮ ኢና።ካብዚ ወፃኢ ዘለዉ ዞባታት እናተሰርሐን መዳበርያ ‘ውን እናተሰራጨወን ሚኢቲ ብሚኢቲ ንኽሕረስን  ንኽስራሕን ምድላዋት ወዲእና ኢና።

**ሕቶ፡- ኣብ መወዳእታ ንሓረስታይ ይኹን ንኻልኦት መዳርግቲ ኣካላት ዘሕልፍዎ መልእኽቲ እንታይ'ዩ?**

**ኣይተ ብርሃነ፡-** እቲ ዓብዪ ፅልዋን ፀገምን ናይቲ ኲናት ኣብ ሴክተር ሕርሻ እዩ ወዲቑ።ልዕሊ 80 ሚኢታዊ ኣብ ሕርሻ ዓብዪ ፀገም ኣጋጢሙ እዩ።ስለዝኾነ ድማ ብወገን መንግስቲ ክገብሮ ዝግባእ ሓገዝ ተዘይተገይሩን እቲ ሓረስታይ ብእዋኑ ክሓርስ ተዘይኽኢሉ፤ንሓረስታይ ዘድልዮ ቐረብ እንድሕር ዘይተዳለወሉ ዝመፅእ እዋን ንመንግስቲ ይኹን ንህዝቢ ኸቢድ ክኸውን ይኽእል እዩ።ስለዝኾነ ልዕሊ እቲ ዝሓተትናዮ ድጋፍ የድለየና እዩ፤ንመንግስቲ ጥራሕ ዝግደፍ ጉዳይ ኣይኮነን፤ኣብ ትግራይ ልዕሊ 60 ዝኾኑ መዳርግቲ ኣካላት ኣለዉ፤ናይዚኣቶም ሃፍቲ ብስሩዕ ምንቅስቓስ ተዝከኣል ንሓረስታይ ናውቲ ማሕረስን ኻሊእን ምሕጋዝ ይከኣል እዩ።ብምኳኑ ድማ ንሴክተር ግብርና  ዓብዪ ትኹረት ተዝወሃቦ፤ኮይኑ ግና ነዚ ሴክተር እዚ ትኹረት ኣይተውሃቦን።ብእምነተይ ኣብ ጊዚያዊ ፍታሕ ትኹረት ካብ ምግባር ዘለቕታዊ ፍታሕ ኣብ ዘምፅእ ጉዳይ ትኹረት ተዝግበር እዚ ማለት ድማ ኣብ ግብርና ትኹረት ተዝግበርን ኣብ ክልላት ይኹን ኣብ ወፃኢ ሃገር ዝርከቡ ኢትዮጵያውያንን ትውልደ ኢትዮጵያውያንን፤ኣብ ትግራይ ንዘጋጠመ ፀገም ቢሮ ሕርሻን ልምዓት ገጠርን ጥራሕ ዝዋፀኦ ስለዘይኮነን ዓብዪ ሕፅረት በጀት ስለዘለናን፤ኣብዚ ብዘለዎም ዓቕሚ ብገንዘብ ይኹን ብዓይነት ኣስተዋፅኦ ተዘይተገይሩ ልዕሊ 5.2 ሚሊየን ህዝቢ ትግራይ  ንቕፃሊ ተፀባዩ ህፁፅ ረድኤት ክኸውን ስለዝኽእል ብእዋኑ ክንበፅሐሉ ይግበኣና።

**ንዝነበረና ፃኒሒት ነመስግን።**

**ኣይተ ብርሃነ፡- ኣነ'ውን የመስግን።**

ወጋሕታ ዜና

# ፍሉያት ኽስተታት ሻድሻይ ሃገራዊ መረፃ

ትርሓስ ፍቃዱ

ሻድሻይ ሃገራዊ መረፃ ኢትዮጵያ ልዕሊ 37.4 ሚሊዮን መረፅቲ ድምፂ ንምሃብ ዝተመዝገቡሉ፤ብርክት ዝበሉ ፖለቲካዊ ፓርቲታት ዝተሳተፉሉ እዩ። ቅድመ መረፃ ዝነበረ ምንቅስቓስ ተዛዚሙ 14 ሰነ 2013 ዓ.ም ኣብ ተኻየደ መረፃ መረፂቲ ኣንጊሆም ካብ ገዝኦም ብምውፃእ ድምፂ ክህቡ ውዒሎም እዮም። ኣብዚ ከይዲ ፍሉያት ክስተት'ውን ዘጋጠሙ እንትኾን ከምዝስዕብ ኣቕሪቢናዮም ኣለና።

**ወዲ 79 ዓመት መራፃይ ኣብ ክፍለ ከተማ ኣቃቂ ቃሊቲ**

ወዲ 79 ዓመት ዕድመ ብዓል ፀጋ ኣይተ ጥበቡ ለገሰ ኣብ ክፍለ ከተማ ኣቃቂ ቃሊቲ ወረዳ 09 መረፃ ጣቢያ 06 ተረኺቦም ድምፆም ሂቦም ኣለው። ኣይተ ጥበቡ ንትካል ፕሬስ ኢትዮጵያ እንትዛረቡ‹‹በዚ ዕድመይ ብንግሆ ተረኺበ ንክመርፅ ዝገበረኒ ጉዳይ መሰልን ሃገርን ኮይኑኒ እዩ›› ኢሎም።

‹‹በዚ ዕድመይ ብምርኩዝ ድምፂ ንምሃብ ዝመፃእኹ ንሃገረይ እዩ› ዝበሉ ኣይተ ጥበቡ ፤ ድምፅና ብናፅነት ከምዝሃብናዮ ኩሉ ውፅኢት ፅቡቕ ንክኾን ፓርቲታት ፖለቲካ ድምፅና ከኽብሩ ይግባእ ኢሎም።

**ኣሕዋት ቀዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ**

ምዕባይን ምንኣስን ኣሕዋት ቐዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ኣብ መረፃ ጣቢያ በሻሻ ድምፂ ሂቦም እዮም።

ወዲ 28 ዓመት ቶፊቅ ኣሕመድ ንኢትዮጵያ ዕቤትን ሰላምን ከምፅእ ይኽእል እዩ ንዝበሎ ፓርቲ ድምፂ ምሃቡ ገሊፁ። ድሕሪ መረፃ ንሃገርና ሰላምን ልምዓትን ከመፅእ እዩ ዝብል እምነት ከምዘለዎ ገሊፁ።

ብስራሕቲ ሕርሻ ዝመሓደር ካሊእ ሓው ቐዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ሓረስታይ ዛኪር ኣሕመድ ብወገኑ እዚ መረፃ ንኢትዮጵያ ዓብይ ተስፋን ዕድልን ሒዙ ከመፅእ እዩ ዝብል ተስፋን እምነትን ከምዘለዎ ገሊፁ።

**ጉዱእ ኣካልን ጡረተኛ ኣይተ ይመር ኣሕመድ**


ኣይተ ይመር ኣሕመድ ይባሃሉ፤ጡረተኛን ጉዱእ ኣካልን ጡረተኛን ሽማግለን እዮም። ኣብ ንፋስ ስልክ ላፍቶ ክፍለ ከተማ ወረዳ ኣርባዕተ ጣብያ መረፃ 08 ድምፂ እናሃቡ ኢና ረኺብናዮም። ዝመርፆ ዘመሓደረኒ መንግስቲ ንምውካል ጥራሕ እንተይኾነስ ብኣና ምኽንያት ፍትሒ ንከይዳደል እዩ ኢሎም።

ዝውክሎ መንግስቲ ንምምራፅ እዩ። ምክንያቱም መንግስቲ ከይተመረፀ ሃገር ምምሕዳር ኣይካኣልን። መንግስቲ ምጥያሽ ዝከኣል ድማ ብመረፃ ጥራሕ ስለዝኾነ ኹሉ ወፂኡ ዝውክሎ መንግስቲ ክመርፅ ኣለዎ።

ብኣና ምክንያት ፍትሒ ክጓደል የብሉን ፤ስለዚ መሪፅና መንግስትና ንወክል ድሓር ኣብ ዝኾነ መልክዑ ክንጥይቕ እንኽእል ክንመርፅ ከለና እዩ። ድምፂ እንህብ ዘመሓዳረና መንግስቲ ንምምራፅ እዩ። ፓርትታት'ውን ብዝተወከልዎን ብዝመረፅዎ መሰረት ተቐቢሎም ምስራሕ'ምበር ናብ ካልእ ፀገም ምእታው የብሎምን።



ወይዘሮ ኣበራሽ ጉታ



ኣይተ ተሾመ ተካልኝ



ኣይተ ጥበቡ ስገሰ

ከይዲ እቲ መረፃ ድማ ናይ ኽዚ ዝሓሸ እዩ። ከምዝሰልጠኑ ሃገራት ውፅኢት መረፃ ተቐቢሉ ብሰላም ሃገርና ኣብ ምስትኽኻል ከተኩሩ ይግባእ ክብሉ መኺሮም።

**ሓንቲ ጥንስቲ ኣደ ምስ መረፃ ወዲ ተገላጊለን**

ኣብ ኣርሲ ዞን ወረዳ ሄጦስ ሓንቲ ኣደ ድምፂ ንምሃብ ኣብ ዝኸዳሉ ዝጀመረን ሕርሲ ድምፂ መረፃ ድሕሪ ምሃበን ብሰላም ተገላጊለን ።

ወይዘሮ ኣበራሽ ጉታ ዝተብሃላ መራፂት ድምፂ ንምሃብ ኣብ ዝኸዳሉ ሄጦስ ዙርያ ኣብ ጣብያ መረፃ ሕርሲ ጀሚርወን እንተነበረኳ፣ ድሕሪ ድምፂ ምሃብ ናብ ሕክምና ማእኸል ብምኻድ ተገላጊለን።

ንወደን'ውን ታሪኩ ዝብል ስም ከምዘውፅኣሉ ዝገለፀ ኮምኒኬሽን ወረዳ ሄጦስ ፀብፂቡ።

**ድሕሪ ቀብሪ ኣቦኦም ድምፂ ዝሃቡ መራፃይ**

ኣብ ክፍለ ከተማ ጉለሌ ወረዳ 6 መረፃ ክልል ጣብያ 11 ዝረኸብናዮም ኣይተ ተሾመ ተካልኝ ዝተብሃሉ ኣቦኦም ድሕሪ ምቕባሮም ናብ ጣቢያ መረፃ ብምኻድ ድምፂ ሂቦም።

ኣይተ ተሾመ ከምዝበልዎ ኣቦኦም ሎሚ መዓልቲ (14 ሰነ 2013 ዓ.ም) እንተሞቱ'ውን ፅባሕ ደቆም ንዝነብሩላ ሃገር ዕድል ንምውሳን ካብ ሓዘን ተላዒሎም ምምፃኦም ተዛሪቦም።

በዚ ኣሸጋሪ እዋን ዝመረፅክዎ መራሒ ሓደራ ንምባል እዩ ዝበሉ ኣይተ ተሾመ፣ዝመርፆ መራሒ ዘርኣውነት ካብ ውሽጢ ህዝቢ ዘውፅእን ንኩሉ ምችውቲ ሃገር ዝህብ ክኾን ከምዝግባእ ኣተሓሳሲቦም።

**ኣብ ጣቢያ መረፃ ኣዶ ንል ኣንስተይቲ ዝኾና ኣዶ**

ኣብ ጣቢያ መረፃ ቻግኒ ድምፂ ንምሃብ ዝመፅኣ ወይዘሮ ውበቴ ወርቁ ኣዶ ጓል ኣንስተይቲ ኮይነን።

ብተመሳሳሊ ዜና ጓል ኣንስተይ ዝተገላገለት ሓላፊት ቤት ፅሕፈት መተሓባበሪ መረፃ ድምፃ ሂባ። ነባሪት ዞባ ስልጠየ ከተማ ቅበት ዝኾነት እታ ሓራስ፣ ለይቲ ድምፂ ንምሃብ ኣብ ዝተቓረበሉ ሰዓት ከምዝተገላገለትን ሽም ጓላ “ምርጫዬነሽ” ክኸውን ከምዝወሰነትን እውን ገሊፃ።

# ኣብ ክልል ትግራይ ኣቕርቦት ሰብኣዊ ሓገዝ ንምጥንኻር ዘኽእል መምርሒ ተዳልዩ

መሰረት ገ/ዮሃንስ

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ክልል ትግራይ ምስ ወፍሪ ምኽባር ሕጊ ተተሓሒዙ ፀገም ንዘጋጠሞም ወገናት እናቕረበ ዘሎ ሰብኣዊ ሓገዝ ንምጥንኻር ዘኽእል መምርሒ ተግባራዊ ምግባሩ ናይቲ ክልል ግዝያዊ ምምሕዳር ኣፍሊጡ።

ኣብቲ ክልል ቤት ምኽሪ ፀጥታ ኣብ ዝተዳለወ ፀጥታ ኬላ ስርዓት ፍተሻን ኣተገባብርኡን ዙርያ ግዚያዊ ምምሕዳር ዋና ፈፃሚ ስራሕ ዶክተር ኣብርሃም በላይን ፀጥታ ኣካላትን ኣብቲ ክልል ዝንቀሳቐሱ ትካላት ረድኤት ተወከልቲ ተዛትዮም እዮም።

ኣብቲ መድረኽ ናይቲ ክልል ግዝያዊ ምምሕዳር ዋና ስራሕ ፈፃሚ ዶክተር ኣብርሃም በላይ ከምዝተዛረብዎ፣ እቲ መምርሒ ሰብኣዊ መሰል ዜጋታት ብዘኽበረ መልክዑ ህፁፅ ሰብኣዊ ረድኤትን ካልኦት ሓገዛትን ንምቅልጣፍ ከምዘኽእል ዝተዳለወ እዩ። ኣብቲ ክልል ዝርከብ ቤት ምኽሪ ፀጥታ ኣድላይነት ህፁፅ ሓበሬታ ምቅይያር ብልሓት ንምጥቃም ኣብቲ ክልል ዝግበር ሓገዝ ኣወሃህባ ምንቅስቓስ ድሕንነት ዜጋታት ብምሕሳብ ተግባራዊ ከምዝግበር ኣመልኪቶም እዮም።

ኣብዚ እዋን ከጋጥሙ ዝኽእሉ ፀገማት ማእኸል ህፁፅ ፃውዒት ከምዝተዳለወ ዝተዛረቡ እቶም ዋና ስራሕ ፈፃሚ፣እዚ እውን እቶም ተጠየቕቲ ኣብ ዘለዉዎ ኾይኖም ህፁፅ መልሲ ንክረኽቡ ዘኽእል ከምዝኾነ ኣመልኪቶም እዮም። እቲ መምርሒ ቅድም ክብል ካብ መንግስትን ካልኦት ትካል ረድኤትን ንተረዳእቲ ዝቐርቡ ሰብኣዊ ሓገዝ ንምጉዓዝ ዘጋጥሙ ፀገማት ዘቃልል ከምዝኾነ ተዛሪቦም እዮም።

ድሕንነት ዜጋታት ልዕልነት ሕጊ ንምሕላው ክባሃል ኣብ ዝተፈላለዩ ኬላታት ፍተሻ ብፍላይ ሰብኣዊ ሓገዝ ፤እታዎት ግብርና ፤መድሓኒትን ካልኦት ህፁፅ ሓገዛት ንዝጓዕዙ ኣካላት ቅልጡፍ ግልጋሎት ከምዝህብ ተዛሪቦም እዮም።

ሕጋውነት ዘለዎም ናውቲ፣ፍቓድ ዝረኸቡ ዓለምለኸ ጋዜጠኛታት ፤ትካላት ረድኤት ፤ንኤምባሲታት ንኻልኦት ኣብቲ ክልል ንዝንቀሳቐሱ ፍቓድ ንዘለዎም ኣካላት ምችው ኩነታት ዝፈጥር መመርሒ ከምዝኾነ ኣረዲኦም እዮም።

ዋና ኣዛዚ እዚ ሰሜን ሜጀር ጀነራል ክንዱ ገዙ ብወገኖም እቲ መምርሒ ንተጎዳእቲ ዝግበር ሓገዝ ኣወሃህባ ዝበለፀ ንምምሕያሽ ዝሕግዝን ኹሉ ባዓል ድርሻ ኣካል ብሓላፍነት መንፈስ ንክሰርሑ ዝገብር ከምዝኾነ ተዛሪቦም እዮም።

ነቲ ህዝቢ ዝለኣኽ ሓገዝ እኽሊን ካልኦት ናውትን ንዘይተደለየ ዕላማ ንክውዕል ተሓታትነት ኣሰራርሓ ንክህሉ ዘኽእል ምዃኑ እቶም ኣዛዚ ወሲኾም ኣረዲኦም እዮም። ኣብቲ ዙርያ መምርሒ ዝተገበረ ዘተ ዝተረኸቡ ናይ ሓደ ትካል ረድኤት ተወካሊ ብወገኖም ፍቓድ ፌደራል መንግስቲ ዘለዎም ተሸከርከርቲ ሓገዝ እኽሊ ፅዒኖም ኣብ ጣብያ ፍተሻ ንነዊሕ እዋን ጠጠው ንክብሉ ይግደዱ እዮም ኢሎም።

እዚ ፀገም ንምፍታሕ በዚኦም ኬላታት ዝሓልፍ ሰብኣዊ ሓገዝ ናውቲ ቅድም ትኹረት ምሃብ ከምዝድሊ ተዛሪቦም እዮም። ኣብቲ ክልል ቤት ምኽሪ ፀጥታ ዝተዳለወ ኣብዚ መምርሒ ዝተገበረ ዘተ ግዝያዊ ምምሕዳር ሓለፍቲ ስራሕ ፤ፌደራልን ኣካላት ፀጥታ እቲ ክልልን ተወከልቲ ትካል ረድኤት ተረኺቦም እዮም።

# ‹‹መዓልቲ ሰማእታት ኣስተውዒልና ነኽብር መስዋእትነቶም ንዘክር››

- ዶክተር ኣብርሃም በላይ

ኣዲስ ኣበባ(ኤፍ ቢ ሲ)፡- ዋና ፈፃሚ ስራሕ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ዶክተር ኣብርሃም በላይ ብምኽንያት መዓልቲ ሰማእታት መልእኽቲ ኣመሓላሊፎም።

መዓልቲ ሰማእታት እንትነኽብር ንሐዚን መፃኢ ወለዶን ዘለዎ ረብሓ እንትንርእይ፣ ንፍትሒ፣ ንማዕርነትን ነፃነትን ክብሉ ዝኸፈልዎ መስዋእትነት ሂወት ሰብ ዕዳ ምዃንና ንምግላፅ ኢዩ።

ከምኡ እውን ኣብ ቀፃሊ ስውኣትና ዝተቓለስዎ ግፍዒን በደልን ዳግም ከይፍጠር ንምክልኻል ዘለና ፅንዓትን ቆራፅነትን ብምርግጋፅ፣ መስዋእትነቶም ንምኽባር፤ መተካእታ ዘይብላ ህይወቶም ንምዝካር እዩ ኢሎም።

ብተወሳኺ ስውኣት ክቡር ሂወቶም ዝገበርሉ ናፅነት፣ ሰላም፣ ፍትሒን ማዕርያዊ ተረባሕነትን ከይተነከዩ እናተሓለዉ ምዃኖም ምርግጋፅ ንመስዋእትነት ሰማእታትና ገዚፍ ትርጉም ስለዝህበና እዩ ኢሎም።

ስለዝኾነ መዓልቲ ሰማእታት ኣስተውዒልና ነኽብር መስዋእትነቶም ንዘክር ክብሉ መልእኽቶም ኣመሓላሊፎም ክብል ኤመሓት ፀብፂቡ።



# እዋናዊ ዛዕባ

**መልእኽቲ ቀዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ**

## ከይዲ ድምጺ ኣወሃባ እቲ መረፃ ብሰላም ብምዝዛሙ እንኳዕ ደስ በለኩም!
## ሎሚ ዕለት (14 ሰነ 2013 ዓ.ም) ንመላእ ኢትዮጵያውያን ዓብይ መዓልቲ እዩ።

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**



ንዘበናት ዲሞክራሲያዊ መረፃ ንምግባር እናናፈቕና ነይርና ኢና። ኾይኑ ግና እዋኑ በፂሑ ዝሓለምናዮ ሎሚ ኣካይድና ኢና። ዴሞክራሲ ንሃገርና ምምናይ ጥራሕ እንተይኾነስ ኣካል ታሪኽና ምዃኑ ኣብ ገፅ ዓለም ብግልፂ ኣሪእና ኢና። ካብ ማንም ወገን ዘይኾነ ገለልተኛ ቦርዲ መረፃ ተጣይሹ ኣብ ሓፂር እዋን ተኣማንነትን ፍትሓውን ዝኾነ መረፃ ኣካይድና ብዓወት ዛዚምና ኢና። ድሕሪ ኸዚ ናይቲ መረፃ ማንም ይስዓር ማንም፤ካብ ሎሚ ዕለት ኢትዮጵያውያን ካብ ጫፍ ክሳብ ጫፍ ወፂኦም ክውክሉና ዝብልዎም ከይፈርሑን ከይተሸማቐቑን ብምምራፆም ኢትዮጵያ ሰዓሪት ኾይና እያ። ኣብ ኣፀጋሚ ኩነታት ውሽጢ እናሓለፈት'ውን ኣብዚ ኣፀጋሚ መዓልቲ ኢትዮጵያና ስዒራ እያ። እንኳዕ ደስ በለና።

ታሪኽ ኢትዮጵያ ብኽልተ ተቃራኒ ሉኣላውነት ሓቅታት ዝጋጮ እዩ። ቀዳሚ ሉኣላውነት ሃገርና ካብ ማንም ሓይሊ ወፃኢ ተኻላኺልና ንዘመናት ኣኽቢርና ኢና። በዚ ዝተልዓለ ነፃነታ ዝሓለወት ተኸቢራ ዝነበረት ሃገር መስሪትና ኢና። ብተቓራኒ ናይ ህዝቢ ስልጣን ሉኣላውነት ምግባር ኣይካኣልናን ፤እዚ ተኸቲሎም ንዝመፁ ፀገማት ሃገራዊ ህልውናና ንዝተደጋገመ ሓደጋ ተጋሊፁ እዩ።

እዚ ሓቃዊ ታሪኽ ንምቕያር ኣጋጣሚ ብተደጋጋሚ ረኺብና ነይርና ግና ኣይተጠቐምናሉን። ህዝቢ ሉኣላዊ ባዓል ዋና ዝገብር ዲሞክራሲ ስርዓት ውሽጢ ንክንኣቱ ታሪኽ ሎሚ ካልእ ዕድል ሂቡና እዩ።

ናብ ዲሞክራሲ ዝግበር ስግግር ኣብ መንጎ ናብ ድሕሪት ዝጎትት ዝሓለፈ ኢ-ዲሞክራስያውነትን ንቅድሚት ንዝረአ ሓድሽ ዲሞክራሲ ብሩህ ተስፋ ዝርከብ እዩ። ካብ ስግግር ሓሊፉ ዲሞክራሲ ዘነቓቕሕ መሰረት ጠጠው ምባል ዝካኣል ንድሕሪት ዝስሕበና ሓይሊ ንምቕላስ ብእንውድኦ ሓይሊ እንተይኾነስ ሓድሽ ብንሃንፆ ስርዓት ትኹረት ብምግባርን እናተሃነፁ ዝኸዱ ጠንካራ ዴሞክራሲ ሓድግታት ብምቕማጥን እዩ።

ዝኸበርኩም ኢትዮጵያውያን

ክሳብ ኸዚ ኣብ ሃገርና ዝተኻየዱ ዴሞክራሲ ናይ ምትኻልን ምፅናዕን ቃልስታት ዝሓለፈን ዝነበረን ብቃልሲ ውፅኢታዊ ኾይኖም ነይሮም። ኣይንደልይን እንብሎ ዝሓለፈ ስርዓት ምስኣወገድና ግና ንቕድሚት ዘደለናዮ ብዝግባእ ኣይንተኸሎን ፣ተኺልና'ውን ኣይነዕብዮን። በዚ ምኽንያት ካብቲ ቃልሲ መልዓሊ'ምበር ኣብ መባፅሒኡ ጠጠው ምባል ኣይተኽኣለን። ቃልስና ኹሉ ጊዜ ተንጠልጢሉ እዩ ዝቋረፅ ፣ንፍረ ዘይበቅዕ ፣ብዝሓለፍናዮ መገዲ ንካልኣይ ንከይንምለስ ዝገብር ኣይኮነን። ንዲሞክራሲ ተቓሊስና ዝተኸልናዮ ተኽሊ ዲሞክራሲ ድልየት ምንክብኻብ ኣይህልወናን። ብሓደ ምሸት ዴሞክራሲ ኾይኑ ዝሓድር ሃገር ከምዘየለ ፈሊጥና ንዴሞክራሲ ህንፀት ወሰንቲ ዝኾኑ ሓድግታት ትኹረት ገይርና ሓደ ንሓደ ሓድጊ እናደርደርና ምጉዓዝ ክንማሃር ኣለና። ካብዚ መንፅር ክረአ ከሎ ናይ ሎሚ መረፃ ብብዙሕ መልክዑ ንዲሞክራሲ ህንፀት ወሰንቲ ካብ ዝኾኑ ስጉምቲ ከም ሓደ ስለዝኾነ ልምድታትና ንቕድሚት ንንገብሮም ብዙሓት መረፃታት ፅቡቕ መልዓሊ ተገይሮም ክውሰዱ ይግበኦም።

ዝኸበርኩም ተፎኻኸርቲ ፓርትታት

ነዚ መረፃ ምስኻዕን ሰላማዊ ኾይኑ ንክዛዘም ተነሓናሕቲ ፓርቲ ፅዕንቶ ኹሉ ተፃዊርኩም ኢኹም። ስሕተታት ብምእራምን ብምዕጋስን ዓብይ ግደ ተፃዊትኩም ኢኹም። ነዚ'ውን ዘለኒ ኣኽብሮት ከይገለፅኹ ኣይሓልፍን። ናይ ሃገርና ኹለንተናዊ ፀገማት ውስብስብን ተደራራብን ምዃኖም ተገንዚብኹም ፣ መረፃ ድማ ፀገማትና ንምፍታሕ ሓደ መገዲ እንበር ብባዕሉ ብሕታዊ ፍታሕ ከምዘይኾነ ኣሚንኹም ፤ንዲሞክራሲያዊ ልምምድና ናይ መጀመርያ ሓድጊ ስለዘቐመጥኹም እዚ ተግባርኩም ታሪኽ እናዘከሮ ክነብር እዩ። ኣብቲ መረፃ ዝኾነ ፓርቲ እንተሳዓረ፣እቲ ከይዲ ዴሞክራስያውን ሰላማውን ኾይኑ ምዝዛሙ ካብ ሓደ መረፃ ዙር ሰዓርነት ንላዕሊ እዩ። እዚ ድማ ምልምማድ ዴሞክራሲ ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት ዘኽይድ ስለዝኾነ ንሃገርና ዓብይ ትርጉም ዘለዎ ተግባር እዩ።

ዝኸበርኩም ኣመራርሓን ሰራሕተኛታትን ቦርዲ መረፃ

እዚ ታሪኻዊ መረፃ ንምክያድ ሓላፍነት ክትርከቡ ከለኹም ነገራት ኣልጋ ብኣልጋ ከምዘይኾነልኩም ተገንዚብኹም ከምዝኾነ ዝፍለጥ እዩ። ቅድሚ ኸዚ ዘይነበረ ልምዲ ንምምፃእ ፣በቢኣንፈቱ ዝውርወሩ ዕንቅፋት ከይተሸነፉ ዘይሻራዊ ናይ መፈፀሚ መረፃ ትካል ምህናፅ ፣ተኣማንን ዘላቒ ዝኾኑ ኣሰራርሓታት ንሃገርና ንምዝርጋሕ ዘደንቕ ጉዕዞ ተጓዒዝኹም ኢኹም። ተጀሚሩ ክሳብ ዝዛዘም ኹሉ ተነሓናሕቲ ፓርቲታት ብማዕረ ተመልኪትኹም ግልፅነት ኣሰራርሓ ፈጢርኩም፤ እቲ መረፃ ተኣማንነቱ ንክሕሎ ብምግባርኹም ኣብ ዴሞክራሲ ልምምድና ውሽጢ ዓብይ ሓድጊ ኣቕሚጥኹም ኢኹም። ነዚ ኢትዮጵያ ደጋጊማ ክተመስግን እያ።

መራኸቢ ሓፋሽ፣ተዓዘብቲ፣ሲቪክ ማሕበራት መዳርግቲ ኣካላት ኩለኹም

እቲ መረፃ ናፃ ፣ፍትሓውን ዴሞክራሲያውን ኾይኑ ንክዛዘም ብምግባር ካብ መልዓሊኡ ክሳብ ፍፃምኡ ዝፃዓርኹም ኣፈፀምቲ መረፃ ፣ ገበርቲ ሰናይ፣ተዓዘብቲ፣ሲቪክ ማሕበራት ፣መራኸቢ ሓፋሻት ፤ጋዜጠኛታትን ካልኦትን እዚ ውፅኢት ናትካቱም'ውን ስለዝኾነ እንኳዕ ደስ በለኩም። ከይዲ እቲ መረፃ ሰላማውን ዲሞክራሲያውን ኾይኑ ንክዛዘም ሓድግኹም (ዓሻራኹም) ዘቕመጥኹም ኩሉኹም ኣካላት ኣብ ኢትዮጵያ ዲሞክራሲ ስርዓት ህንፀት ታሪኽ ሰሪሕኹም ኢኹም። ሓደ ሓደ ሸርተት ኣብ ዝበልሉ እዋን፣ካብ ጎኒ ህዝቢ ኢትዮጵያ ከይተፈለኹም ፤እንገብሮ ስግግር ፖለቲካ ንክሳኻዕ ኣስተዋፅኦ ዝገበርኩም ዓለምለኸ ኣጋር ሃገራትን ትካላትን ኢትዮጵያ እናመስገነት እያ።

ኣካላት ፀጥታን ድሕንነትን ኩልኹም

ከይዲ እቲ መረፃ ካብ ዝተጀመረ ዕለት ጀሚሩ በቢኣንፈቱ ዝተኸፈተ ፈተና ብምርግጋፅ ፣ፀጥታ ብምኽባር ፣እቲ ህዝቢ ሰላምን ደሕንነትን ተሰሚዕዎ ንክመርፅ ለይትን ቀትርን ዝፃዓርኹም ሓይልታት ፀጥታ ፤ ኣብዚ ወሳኒ እዋን ኢትዮጵያ ሉኣላውነታ ተሓልዩ ሉኣላዊ ናይ ህዝቢ ስልጣን ባዓል ዋና ከምዝኾነ ንክረጋገፅ ዝኸፈልክምዎ መስዋእትነት ብታሪኽ ዝዝከር እዩ።

ኣብ መወዳእታ ቐፀልቲ መዓልትታት ቆፀራ ድምፂ ተኻይዱ ውፅኢት ክሳብ ዝግለፅ ምንም ዓይነት ፀገማት ንከይፍጠሩ ፣ክሳብ ኸዚ ብዝመፃናዮ ሰላማዊ ከይዲ ንኽንቕፅል ፣ንኹሉ ፖለቲካ ፓርቲ ፃውዒት የቕርብ። ብኣርባዕቲኡ ኣንፈት ዝነብሩ ህዝብና ምስ ኣፈፀምቲ መረፃን ኣካላት ፀጥታ ብምንባብ ዝተጀመረ ሰላማዊ መረፃ ኣብ ፍፃምኡ ንክበፅሕ ሰናይ ምትሕብባርኩም ከይፍለይ ብዓብይ ኣኽብሮት የተሓሳስብ።

ብዝተፈላለዩ ምኽንያት መረፃ ዘይተኻየደሎም ቦታታት ቦርድ መረፃ ብዘውፅኦ ጊዜ ሰሌዳ መሰረት ፣ሎሚ ብዝጀመርናዮ መልክዑ መረፃ ንክግበረሎም ናይ ኹሎም ኣካላት ምትሕብባር ኣድላይ እዩ። ናይዚ ውፅኢት ድማ ንዝመፅእ ብሩህ ተስፋ እዩ።

ኢትዮጵያ ብደቃ ፃዕሪ ተኸቢራ ንዘልኣለም ትንበር!!

ፈጣሪ ኢትዮጵያን ህዝባን ይባርኽ!

14 ሰነ 2013 ዓ.ም

# ካብ ርክብ ኽልትኣዊ...

ፖስት፣ሲ ኤን ኤን፣ሮይተርስ፣ኤፒ፣ቢቢሲን ኻልኦት መራኸብቲ ሓፋሽ ምዕራባውያን እቲ ጉጅለ እናፈፀሞም ዝነበሩ ገበናት ብምሕባእ ኣጋርነቶም ብግልፂ ከምዘርኣዩ ኣፍቲ ዝርዝር ተገሊፁ እዩ።

ኣሜሪካ ንዝገበረቶ እገዳ ናይዞም ኣካላት ግጉይ መረዳእታ ምሃብ ጥራሕ ዘይኮነስ ዲፕሎማት ኢትዮጵያ ክሰርሕዎ ዝግባእ ዕዮ ገዛ ብኣግባቡ ብዘይ ምስርሖም ከም ዝኾነ ይዝረብ። እዚ ን27 ዓመታት ዝተሰርሐ ብልሽው ኣሰራርሓ ከምዝኾነ መምህራን ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባን ሲቪል ሰርቪስ ኢትዮጵያን ዝኾኑ ዶክተር ከይረዲን ተዘራን ዶክተር ካሳ ተሻገርን ይገልፁ።

ዓለምለኸ ርክብ ኢትዮጵያ ምብልሻው ዝጀመረ ቕድሚ 30 ዓመታት ከምዝኾነ ዝገልፁ ዶክተር ከይረዲንን ዶክተር ካሳን ነዚ ዘምፅኦ ድማ መንግስቲ ኣብ ኣወሃህባ ሹመት ኣምባሳደር እናተመርሐሉ ዝነበረ ዝተበላሸወ ኣሰራርሓ ንምቕያር ተሓሲቡ ዝተጀመረ ስራሕቲ ሪፎርም እቲ ዘፈር ብህፁፅ ተግባራዊ ምግባርን ሙሉእ ብሙሉእ ብብዓል ሞያ ንኽስራሕ ምግባር ኣድላዪ ከምዝኾነ ይገልፁ።

ኣሜሪካ እቲ እገዳ ዘሕለፍክዎ ኢትዮጵያ ኣብ ክልል ትግራይ ንዘሎ ጉዳይ ከተስተኻኽል ዝሃብክዋ ናይ መኣረምታ ምኽረ ሓሳባት ብዘይምቕባላ እዩ ትበል ‘ምበር ብዋናነት ዓለምለኸ መራኸብቲ ሓፋሽ ግና እቲ ጉዳይ ግቡእን ትኽክለኛ ብዘይኮነ መገዲ እናፀብፀቡ ኣየር ሰዓት ብምቁፅፃሮም፤ኣሜሪካ ኣብ ማእኸላይ ምብራቕ ዘለዋ ጥቕሚ ንኽትሕሉ ንኢትዮጵያ ብፍላይ ድማ ግድብ ህዳሰ መስዋእቲ ንምግባር ብምድላያ ከምዝኾነ፤እዚ ድማ ሒዚ ዝተጀመረ ዘይኮነስ ኣብ ዘበነ ፕሬዚዳንት ዶናልድ ትራምፕ ዝተጀመረ ከምዝኾነ እቶም ሙሁራን ይገልፁ።

ነበር ፕሬዚዳንት ኣሜሪካ ዶናልድ ትራምፕ ጥቕሚ ሃገሮም ንኽሕልዉ ክብሉ ስምምዕነት ብምድላው ኢትዮጵያ ብግዲ ንኽትፍርም ንምግባር ብዝተፈላለየ መልክዕ ንምትእትታውን ፅዕንቶ ንምፍጣር ካብ ምፍታኖም ንላዕሊ ነቲ ስምምዕነት እንተዘይፈሪማ‹‹ግብፂ ነቲ ግድብ ክተፈንድኦ ትኽእል እያ›› እስካዕ ምባል ዝበፅሐ ዓይኒ ዘውፅኣን መድልዎ ዝተመልኦን ከምኡ ‘ውን ሉኣላውነት ኢትዮጵያ ዝዳፈር መልእኽቲ ምምሕልላፎም ከም መርኣያ የቕርብዎ።

ነዚ እዩ ድማ እቶም ሙሁራን ኢትዮጵያ እቲ ዘሎ ጋህዲ ዘርእዩን ፅብፃብ ምድላው ዝኽእሉን መራኸብቲ ሓፋሽ ምህናፅ፣ኣፍቲ ዘፈር ልምዲ ዘኻዕበቱ ኣምባሳደራትን ኣማኸርትን ኣፍርያ ተትኸውን ኣሜሪካ ዝወሰደቶ ስጉምቲ ነቲ ቀጠና ሕልፍ እንትብል ድማ ንሃገራት ኣውሮፓን ንባዕላን ከም ዝጎድእን ከረድእዋ ምኽኣሉ ነይሮም ይብሉ። ምኽንያቱ ኣሜሪካ ዝገበረቶ እገዳ ንኢትዮጵያ ጥራሕ ዝጎድእ ዘይኮነስ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ንዘዕቖቡ ስደተኛ ዜጋታት 26 ሃገራት ‘ውን እዩ፤ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዘይምርግጋዕ እንተተፈጢሩ ነዞም ስደተኛታት ሓዊሱ ልዕሊ 120 ሚሊየን ስደተኛታት ፀቕጢ ዝፈጥሩ ንሃገራት ኣውሮፓን ኣሜሪካን ከምዝኾነ ክትርዳእ ምግባር ምተኽኣለ ነይሩ ይብሉ።

ኣሜሪካ ኣብ ግጉይ መረዳእታ ተደሪኻ ንዝወሰነቶ ግጉይ ውሳነ ብግጉይ መገዲ ኸይዳ ንኢትዮጵያ ዝሃበታ ምላሽ ናብ ተወሳኺ ጌጋ ከምዘእትዋን፤ዘይተደለየ ዋጋ ከኽፍላ ከምዝኽእል ዝገለፁ እቶም ሙሁራን እዚ ዝመፅ ጌጋ ድማ ብመሰረት ድኹም መምርሒ ዓለምለኸ ርክብን ልምድን ከምዝኾነ የረድኡ።

መንግስቲ ነዚ ፀገም ብምርዳእ ርክብ ኽልትኣዊ ንኽሕርፍፍ ድሌት ከምዘይብሉን እቲ ፀገም ንምፍታሕ ምስ ፈተውቲ ሃገራት እናተዘራረበ ከም ዝርከብ ብሚኒስቴር ጉዳይ ወፃኢ ኣቢሉ ምፍላጡ ኣብ ህድኣት ዝተመርኮሰ ኣካይዳ ከምዝኾነ እቶም ሙሁራን ይሰማምዑ።

እዚ ግጉይ ኣካይዳ ኢትዮጵያ ወኪሎም ኣብ መላእ ሃገር ንዘለዉ ኣምባሳደራትን ዲፕሎማትን ከምኡ ‘ውን ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝርከቡ ፈተውቲ ሃገሮም ዝኾኑ ዜጋታት ከደራጅዉን ከተሓባብሩን ብዘይምኽኣሎም፤ጥንክር ዝበለ መራኸቢ ሓፋሽ ውሽጢ ዓዲ ብዘይምህናፆምን ሙሁራን ናይቲ ዘፈር ኣፍቲ ጉዳይ መብሪሂ ብዘይምሃቦም ከምዝኾነ እቶም ሙሁራን የልዕሉ።

ተመሳሳሊ ፀገም ንኸይኽሰት እንተተኸሲቱ ድማ ብህፁፅ ምዕራይ ንኽከኣል ነዛ ሃገር ወኪሎም ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ኣምባሳደራትን ዲፕሎማትን ዓቕሚ ከሐይሉን፣ሓደ ሓዲኦም ድማ መሰረታዊ ምምዕርራያት ምግባር፣በብኸባቢኡ ዝርከቡ ኢትዮጵያውያንን ትውልደ ኢትዮጵያውያንን ምድርጃውን ንሃገሮም ፅቡቕ ኣስተዋፅኦ ንኸበርክቱ ምብርትታዕን፤ ካብ ሰበ ስልጣን መንግስቲ ዝወፁ ዘረባታት ምሩፃትን ዝተመጠኑን ንክኾኑ እቶም ሙሁራን ይመኽሩ።

ብተወሳኺ ድማ ሃገር ንኢድ ኣታውነት እትቃላዕ ውሽጣዊ ሓድነታ ተናዊፁ ወይ ድማ ፀገም ገጢምዋ ተባሂሉ እንትግመት ስለዝኾነ፤ፓርትታት ፖለቲካ ኣብ መንጎ ጥቕሚ ፖለቲካን ሃገርን ዘሎ ኣፈላላይ ብምርዳእ ኣብ ጉዳይ ሃገር ሓበራዊ ቅዋም ብምሓዝ ኣፈላላይ እንተሃልዩ ‘ውን ብዲሞክራሲያዊ መገዲ ምዝታይ፣ኣብ ውሽጢ ሓደ ፓርቲ ፖለቲካ ዘለዉ ኣፈላላይ ሓሳብ ጉዳዮም ኣብ ውሽጢ ዝውዱኡሉ ኣሰራርሓ ተዘርግሑ፤ሙሁራን ድማ ሃገር ኣብ ከምዚ ዝበለ ፀገም እንትትወድቕ ሱቕተኦም ገዲፎም ትፅቢት ዝግበረሎምን ዝኽእልዎን ጥንኩር ኣሰራርሓ ምዝርጋሕ ተመሳሳሊ ፀገማት ንምምካት ከምዝኽእል ይገልፁ።

ወጋሕታ

# ዜና

# ከም ሽማ ‹‹ ዕምበባ ›› ዝገበሩ ሜጋ ፕሮጀክታት ኣዲስ ኣበባ

መኣርግ ገ/ሄር

ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባ ልዕሊ ብር 15 ቢልዮን ብዝኾነ ወፃኢ ኣብታ ከተማ 7 ሜጋ ፕሮጀክትታት ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ሰሪሑ ኣብ ግልጋሎት ንምውዓል ካብ ዝሓዞ ትልሚ 70 ካብ ሚኢቲ ምብፅሑን እቲ ዝቐረየ ድማ ኣብ 2014 በጀት ዓመት ሙሉእ ንሙሉእ ንምዝዛም ልዑል ምንቅስቓስ እናገበረ ይርከብ።

ተፀዋዕነቱ ንቤት ፅሕፈት ከንቲባ እታ ከተማ ዝኾነ ኣብ ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባ ናይ ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ስራሕ መካየዲ ኢንጅነር ሽመልስ እሸቱ ንጋዜጣ ኣዲስ ዘመን ከምዝገለፅዎ፣ እቶም ፕሮጀክትታት ብዝተመደበሎም ግዜን ገንዘብን ክስርሑ ብዝተተሓዘሎም ትልሚ መሰረት 24ሰዓት ብምስራሕ ሓደ ዓመት ኣብ ዘይመልእ ግዜ ውሽጢ ኣፈፃፅመኦም 70 ሚኢታዊ ክስራሕ ተኻኢሉ እዩ። ብኽፉል ንግልጋሎት ዝበቕዑ ፕሮጀክትታት ምንባሮም ጠቒሶም እዮም። ብዝተተሓዘ ናይ ስራሕ ባህሊ ዝቐረዩ ስራሕቲ ብ2014 በጀት ንምዝዛም ናይቲ ህንፀት ስራሕቲ እናተቓላጠፈ ይርከብ።

ክልተ ዋና ተልእኾታት ተዋሂቦም ካብ 2012ዓ.ም ጀሚሩ ናብ ስራሕ ዝኣተወ እቲ ቤት ፅሕፈት ብፍላይ ኣብ ናይቲ ህንፀት ዘፈር ዝሰርሖም ሜጋ ፕሮጀክትታት ናይ እግረኛ መንገዲ ወሲኹ ናይ ኣዳባባይ መስቀል፣ ደው መበሊ መኪና ቤተ መንግስቲ፣ ሕድሳት ቤት ማዘጋጃ፣ ኣብ ዘፈር ትራንስፖርት፣ ሓደ ማእኸል መውሃቢ ግልጋሎት መስኮት ፣ ናይ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ኢንስቲትሽናል ኣካዳሚ፣ ቤት መፃሕፍትን ዓድዋ ዜሮ ዜሮ ፕሮጀክትን እንትኾኑ እቲ ቤት ፅሕፈት ኣፈፃፅመኦም ብምክትታልን ብምቑፅፃርን ዘድሊ ሓገዝ ብምግባር ሓላፍነቱ ኣብ ምውፃእ ከምዝርከብ መካየዲ እቲ ስራሕ ኣረዲኡ።

ካብቶም ሜጋ ፕሮጀክትታት ኣብ ቐረባ እዋን ዝተመረቐ ኣዳባባይ መስቀል ቐድሚ ሕዚ ኣብኡ ዘይነበሩ ልዕሊ1300 ናይ መኪና ጠጠው መበሊ፣ልዕሊ ሓደ ሚኢቲ መሕፀቢን ልዕሊ20 ዝኾን ሽቓቕ፣30ናይ ንግዲ ድንኳናትን ዝሓዘ ከምዝኾነን እዚኦም ኩሎም 24ሰዓት ግልጋሎት ዝህቡ እንትኾኑ ብምኽንያት ምቑርራፅ ኤሌክትሪክ ስርሖም ከይዓናቐፍ ምስቲ ህንፀት ጀነሬተር ሓቢሩ ዝተማልአ ምዃኑ ኣረዲኦም። ኣብ ልዕሊ እቲ ኣዳባባይ ንምርኣዩ ሰሓቢ ክኸውን፣ፅላል፣ መዘናነዪ፣ ናይ ዕንበባ መቐመጢ ዝኾኑ ቦታታት ሓቢሩ ዝተዳለወ ከምኡ' ውን ብተማሳሳሊ ምስ ዩኒቲ ፓርክ ብውሽጢ መሬት እናተሰርሐ ዘሎ ብዓል ኣርባዕተ ምድር ቤት ህንፃ ልዕሊ ሓደ ሽሕ መኻይን ጠጠው ከብል ዝኽእል እንትኸውን ኣብ ውሽጡ መተዓዳደጊን መዘናነይን ዘማልአ ከምዝኾነ ካብቲ መካየዲ ስራሕ ክንርዳእ ክኢልና።

ትሕዝትኡ እንተይቐየረ ኣብ ከይዲ ህንፀት ዝርከብ ህንፃ ቤት መዘጋጃ ሕድሳት ብኽፉል ዝተዛዘመ ክፍሊ ዘመናዊ መልክዕ ዝሓዘ ምዃኑ ግልጋሎት ንዝህቦ ኮነ ንተገልገልቲ ማቻ ብዝህብ መልክዕ ዝተሰርሐ፣ ምስ ቤት ማዛጋጃ ብድልድል ክራኸብ ተገይሩ ናይቲ ኪነ ህንፃ ጥበብ ሓልዩን ናይታ ከተማ ገፅታ ብዝልውጥን ዝተቐላጠፈ ግልጋሎት ክህብ ከምተሓሰበ፣ ብተማሳሳሊ ምስ ካልኦት ክራኸብ ተገይሩ እናተሰርሐ ዝርከብ ብዓይነቶምን ብትሕዝተኦምን ፍልይ ዝበሉ ፕሮጀክትታት ነታ ከተማ ከም ሽማ ዕምበባ ናይ ምግባር ቐራፅነት ዘርኢ ምዃኑ ናይ ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ስራሕ መካየዲ ኢንጅነር ሽመልስ የርድኡ።









ዋና ናይ ኣኼባ ኣዳራሽ ካቢኔ፣



(ፎቶ ፀሃይ ንጉሴ)

ተዛዚሙ ግልጋሎት ምሃብ ዝጀመረ ምምሕዳር ቤት ፅህፈት ከንቲባ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ውሽጣዊ ምስሊ ዘርኢ፤

ኣብቲ ዘፈር ህንፀት ዝተዋፈሩ ዜጋታት ወፃእተኛታት ዋላ ይኹኑ ናይቲ ዘፈር ሰብ ሞያ ዝኾኑ ኢትዮጵያውያን ሓቢሮም ክሰርሑ ምግባሩ ናይቲ ቴክኖሎጂ ስግግር ክጉልብት ምኽኣሉን ናይቶም ፕሮጀክትታት ካሊእ ጥቕሚ ምዃኑ ኣረዲኦም። ነባር ህንፃታት ብምስፍሕፋሕን ብምምሕያሽን ምምሕዳር እታ ከተማ ብዝምጥን መልክዑ ኣብ ምስራሕ ዘሎ ናይ ሜጋ ፕሮጀክትታት ስራሕ ናይታ ከተማ ነበርቲ ቐልቢ እናሰሓበን ተስፋ እናሕደረን ምዃኑ ካብ ሓደሓደ ወሃብቲ ርኢቶ ንምርዳእ ተኻኢሉ እዩ።

ንፅቡቕ ስራሕ ዘይምምስጋን ንፉግነት ምዃኑ ብምጥቃስ እቶም ዘለዉ ህንፀት ፕሮጀክት ብኽፉል ስራሕቲ ሕድሳት ተዛዚሙ ንግልጋሎት ኣብዝበቕዐሉ ንኣፉፃፅመኦም ብምግራም ዝገለፃ ኣብ ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባ ቤት ፅሕፈት ከንቲባን ካቢኔን ጉዳያት ቢሮ ኤክስክዩቲቭ ሴክረተሪ ዝኾና ወይዘሮ ኣይናዲስ መኮንን እየን። ሕማቕ ጨና፣ ፈሳሲን በኮምፖርሳቶ ዝተኸፋፈለ ክፍሊ፣ ብሓፈሻ ንምርኣይን ንጥዕናን ምችው ኣብዘይኮነ ኩነታት ውሽጢ ሰብ ጉዳይ ብሕማቕ ነገር እናልዐልዎም ንስራሕ ይኹን ተገልጋሊ ንምትእንጋድ ምችው ኣብዘይኮነ ኩነታት ንነዊሕ ግዜ ምስረሐን የዘኻኽራ።

ወይዘሮ ኣይናዲስ ቐድሚ ክልተ ወርሒ ይሰርሓሉ ኣብዝነበራ ቢሮ ድሕሪ ሕድሳት እንተነፃፀረኦ ዝነበረን ስምዒት ክገልፀኦ ካብ ዝኽእላ ንላዕሊ ኮይኑ እየን ረኺበንኦ። ኣብ ተፈላለዩ ሃገራት ብፊልሚ ዝርዕይኦ ዝነበራ ናይ ስራሕ ቦታ ክሳብ ዝመስለን ኣድናቖተን ይገልፃ። ዘይካኣል ነገር ስለዘየለ ምስርሑ ንዘይቐሪ ከምዚ ክስራሕ ኣለዎ ብምባል ልምዲ ከምዝወሰዳሉ እየን ዝዛረባ። ኣብ ፅሩይ ቦታ ምስራሕ ናይ ስራሕ ምልዕዓል ይውስኽ፤ ሕሊና ይቕየር፤ ተገልገልቲ ግልጋሎት ንዝህቦም ናይ መንግስቲ ትካላትን ሰብ ሞያን ክብሪ ይህልዎም ክብላ ይዛረባ። ብሓፈሻ ስራሕ ሕድሳት ሙሉእ ብሙሉእ እንትዛዘም ከተማ ኣዲስ ኣበባ መልከኛን ኣብነትን ከምትኸውን ብተስፋ ይዛረባ።

ካሊእ ቦሌ ኣራብሳ ተባሂሉ ኣብዝፅዋዕ ከባቢ ነባሪት ዝኾና ወይዘሮ መኣዛ መንግስቱን ኣብ ባንኪ ንብ ዋርድያ ኮይነን እናሰርሓ ዝረኸብናየን ወይዘሪት ሙላቷ ኣበበ፤ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ምልክዕቲ ንምግባር ኣብዝሓፀረ ግዜ ብዝተሰርሐ ስራሕቲ ከምተደነቓ ገሊፀን እየን። « ቐድሚ ሕዚ ተሰሪሑ እንተዝኾን ነይሩ ምዕባለ ናይታ ከተማ ኣብ ዝላዕለ ጠርዚ ክበፅሕ ነይሩ እዩ» ክብላ ብጓሂ ይዛረባ። መፃኢ ትውልዲ ኣብ ህንፀትን ምልክዕትን ዝኾነት ከተማ ውሽጢ እንትማሃርን እንትሰርሕን ኣብ ሃገሩ ፅቡቕ ተስፋ ከምዝህልዎ ተዛሪበን። ብዙሓት ክፀርዩ ዝግበኦም ቦታታት ከምዘለዉን ከምዚ ዓይነት ስራሕቲ ተጠናኺሩ ክቕፅል ጠዩቐን።

እቶም ፕሮጀክትታት ተዛዚሞም ንግልጋሎት እንትበቕዑ ዝህብዎ ማሕበራዊ፣ ቍጠባዊን ፖለቲካዊን ግልጋሎት ንቐፂሉ ትፅቢት ዝግበረሉ ተግባር ብምዃኑ ኣብዚ ጉዳይ እዚ ናይታ ከተማ ምስሊ ጥራሕ እንተይኮነስ፣ ዜጋታት ብዝፍጠረሎም ዕድል ስራሕ ናብራኦም ዝልውጥ እዩ። ኣብዚ ስራሕ ህንፀት ፕሮጀክትታት ካብ ሸሞንተ ሺሕን ትሻዓተ ሚኢቲን ንላዕሊ ዝኾኑ ዜጋታት ናይ ስራሕ ዕድል ተፈጢሩሎም እዩ። እዚኦም ከዛዘሙ እንተለዉ ድማ ብዝበለፀ ንዝተፈላለየ ዕድል ስራሕ ምችው ከምዝኸውን ትፅቢት ይግበር ኢሎም። እታ ከተማ ክትዓብይ እንተላን ናይ ሰባት ናብራ ምልዋጥ እንትጅምርን ናይ ሰባት ኣእምሮ ሓቢሩ ብምቕያር ኣብ ፖለቲካ ዝሓሸ ለውጢ ምምፃእ ይከኣል እዩ ክብሉ ኢንጅነር ሽመልሽ የርድኡ።

ካብ ኣብ ከይዲ ስራሕ ዘለዉ ፕሮጀክትታት ናይ እግረኛ መንገዲ ስራሕ ወሲኹ ካብ መስቀል ኣዳባባይ ክሳብ ቤት ማዘጋጃ ዘሎ ተመሪቑ ንግልጋሎት ምውዓሉ፣ ናይ ቤት ማዘጋጃ ስራሕ ሕድሳት ብኽፉል ምዝዛሙን ናይ ካልኦት ህንፀታት ኣፈፃፅማ ዘባራታትዕ እዩ ብዝባሃል ብርኪ ከምዝኾነ ዝጠቐሙ ኢንጅነር ሽመልሽ፤ንኣፉፃፅማ ምቕልጣፍ እናተለወጠ ዝመፅ ንፅባሕ ዘይባሃል ናይ ስራሕ ባህሊ ዓብዩ ብፅሒት ይሕዝ ኢሎም።

ንመብዛሕትኦም ስራሕ ህንፃታት ኣብ ውሽጢ ማእኸል ከተማ ምስ ምዃኖም ተተሓሒዙ ናይ ትራፊክ ፍሰት ተፃዊሮም ምክንዋኖም ናይ እታዎታት ኣቕርቦት፣ ናይ ኮቪድ 19 ለበዳ ቫይረስ ንኻልኦት ከጋጥሙ ዝኽእሉ ፀገማት ቐድመ ምድላው ምግባሩ ትምህርቲ ዝተረኸበሎም ተሞክሮታት ከምዝኾነ ገሊፆም።

ናይ ኣዲስ ኣበባ ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ኣብ ሓፂር ግዜ ውሽጢ ዝተሃነፁ፣ መልክዕን ዘመናዊነትን ዝተላበሱ ፕሮጀክትታት እዮም። ካብ ዝፈጠርዎ ስራሕ ዕድልን ልምዓትን ብተወሳኺ ናይታ ከተማ ነበርቲ ናይ ዓይኒ መዕረፊ ክኾኑ ክኢሎም እዮም። ኣብ ቐፃሊ ድምቐት ከተማ፣ ናይ ቱሪስት መስሕብን ፍልፍል እቶትን ኮይኖም ከምዘገልግሉ ትፅቢት ይግበር ኢሎም። ነበርቲ እእምሮኦም ዘዕርፍሉ፣ ፅሩይ ኣየር ዝቕበልሉ፣ ዝዝናነይሉ፣ ፍልጠት ዝዕድግሉ ንናብራ ምችውን ተመራፅን ካብ ምዃን ሓሊፉ ከምሽማ ዕምበባ ዝኾነት ከተማ ናይ ምግባር ፃዕሪ ተጠናኺሩ ክቕፅል እዩ ኢሎም።

## ‹‹ከይዲ እቲ መረፃ...

ዝኽእል ህዝቢ እናምፀእና ከምዝኾና መርኣያ ኾይኑ ዝሓለፈ መረፃ እዩ ኢሎም።

ፓርትታት ፖለቲካ ኣብዚ መረፃ ዘርኣይዎ ተሳትፎ ካብ ዝተለመደ ዝተፈለየ ካብ ምዃኑ ንላዕሊ ሰኺኖም ብንፁህ ሕሊና ኣቓራፂ መገዲ ከይደለዩ ብቀጥታ መገዲ ንክኸዱ ገይሩ እዩ። እዚ ድማ ዝመፅ ካብቲ ህዝቢ ስልጡን ምዃን እዩ ዝበሉ ዶክተር ኣረጋዊ፣ ማሕበረሰብ ፖለቲካ ፓርቲ ምስራሕ ከምዝኽእል ዝራእናሉ መረፃ ከምዝኾነ ገሊፆም እዮም።

ካብዚ መረፃ ብዙሕ ነገር ተማሂርና ኢና ዝበሉ ዶክተር ኣረጋዊ፣ ‹‹ንእገለ ምረፅ፣ ናብ ኮረጆ ኣእቱው ኣይተእትው› ዘይብሉ›› ፤እዚ ማለት ፓርቲታት ዓርሶም ዝፈለጥሉ ህዝቢ'ውን ብድምፁ እንታይ ክሰርሕ ከምዝኽእል ዝተገንዘበሉ ፤መንግስቲ'ውን ዴሞክራያዊ ስርዓት ንምህናፅ ዝጀመሮ ስራሕ ፍረ ኣፍሪዩ ዝራኣየሉ እዩ፤ካብዚኦም ፅቡቕ ትምህርቲ ምውሳድ ይካኣል እዩ፤ዝጎደሉ ነገራት ድማ ኣሪምኻ ኣብ ቐፃሊ ሃገርና ብዲሞክራሲ ዓንቢብና ኢና ካብ ዝብሉ ሃገራት ክትስለፍ ከምትኽእል ገሊፆም እዮም።

መንግስቲ እቲ መረፃ ሰላማዊ፣ፍትሓውን ግልፅን ንክኾን ዝገበሮ ፃዕሪ ቦርዲ መረፃ ንማንም ከይወገነ ሓላፍነቱ ንምውፃእ ዝገበሮ ምልዕዓል ፤ህዝቡ ወፂኡ ድምፂ ምሃብ ምኽኣሉ ፤ተናሓናሕቲ ፓርትታት ብዘይምንም ፅዕንቶ ምንቅስቓሶም ብተግባር ከርኢ ኽኢሉ እዩ።

ህዝቢ በዚ ብርኪ ንመረፃ ትኹረት ሂቡ ሃገረይ ከድሕን እየ ኢሉ ድምፂ ሂቡ እዩ፤እዚ ብጣዕሚ ዝድነቕ ነገር እዩ ዝበሉ ዶክተር ኣረጋዊ፤ኣብ ቐፃሊ'ውን እዚ ጅማሮ ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲ ንከይድብዝዝ ውፅኢቱ እውን ብፀጋ ምቕባል ኣድላይ እዩ። ተናሓናሕቲ ፓርትታት ድምፂ ህዝቢ ኣኽቢሮም ምስ ዝሰዓረ ተሓጋጊዞም ንምስራሕ ድልዋት ክኾኑ ይግባእ ኢሎም።

ዴሞክራሲ ብመንግስቲ ብህዝቢ ከምኡ'ውን ብፖለቲካ ፓርትታት ድልየት ዝመፅእ እንተይኾነስ ብዝተወደበ ተሳትፎ ህዝቢ ዝህነፅ ህዝቢ ድማ ብዝጀመሮ መልክዑ ተወዲቡ ሰላሙ ሓልዩ ከቐፅል ከምዘለዎ ፃውዒት ኣቕሪቦም።

## ‹‹ኢትዮጵያውያን ...

ሓምለዋይነትን ምትካል ምዃኑ ምግንዛብ ከምዘለዎ ዝገለፃ ወይዘሮ ሙፈሪሃት ፤ኸዚ ዝተጀመረ ተኽሊ ተኸላ ኣብ ክረምቲ ተጠናኺሩ ክቕፅል ኣለዎ ኢለን።

ኣማኻሪ ቐዳማይ ሚኒስትር ዘፈር ፖለቲካን ሲቪክ ማሕበራትን ዶክተር ኣለሙ ስሜ ብወገኖም ፤ዴሞክራሲ ንምትኻል ዝገበርናዮ ምትሕብባር ሓምላዋይ ሓድጊ ንምኽዳን ኣብ ዝግበር ፃዕሪ ተሳታፊ ብምዃን ክድገም ከምዝግባ ኣመልኪቶም እዮም።

ኣብ ዝሓለፉ ኽልተ ዓመታት ውሽጢ ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ 14ሚልየን ተኽሊ ከምዝተተኸለ ኣብቲ መድረኽ ዝተገለፀ እንትኸውን ፤ሎሚ ዓመት ልዕሊ ሽውዓተ ነጥቢ ሓሙሽተ ሚልየን ተኽሊ ንምትካል ትልሚ ከምዝተትሓዘ ተገሊፁ እዩ።

# ነመሰግን

ኣብ መላእ፡እዛ ሃገር ሓዲሽ ናይ ቴሌኮም ኔትወርክ ብምዝርጋሕ ክነገልግለኩም ዕድል ስለዝረኸብናን ንኢትዮጵያውያን ምስ ሓደሽቲ ኣማራፂታት ብምርኻብ ዲጂታል ኢትዮጵያ ክውን ንምግባር ናይ ብፅሒትና ክነበርክት ስለዝተመረጽና፡ ዝልዓለ ክብሪ ይስምዓና ብልቢ ነመስግን!

---

Safaricom
Sumitomo Corporation
vodafone
CDC Investment works
vodacom

ወጋሕታ

## ዜና

# ከይዲ መረፃ ብዓለምለኸ መራኸቢ ሓፋሻት

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ሻድሻይ ሃገራዊ መረፃ ኢትዮጵያ ንምፅብፃብ ካብ 29 ዓለምለኸ መራኸቢ ሓፋሽ 89 ባዓል ሞያታት ናብ ኢትዮጵያ ምእታዎም ባዓል መዚ መራኸቢ ሓፋሽ ኢትዮጵያ ኣፍሊጡ እዩ።

ፍቓድ ረኺቦም ናብ ውሽጢ ሃገር ዝኣተዩ መራኸቢ ሓፋሽ ቢቢሲ ፣ኣልጀዚራ ፣ሮይተርስ ፣ኒዮርክ ታይምስ ፣ኤፒ፣ ኤ.ኤፍ.ፒ፣ዶቼ ቬሌን ቪ.ኦ.ኤ ተጠቀስቲ እዮም።

ናይቲ ባዓል መዚ ዋና ዳይሬክተር ኣይተ መሓመድ እድሪስ ንኢዜኣ ከምዝገለፅዎ እቶም ባዓል ሞያታት ዓለም ለኸ መረፃ ንምዝጋብ ፍቓድ ዝረኸቡ እዮም። ክሳብ ሰነ 11/2013 ዓ.ም ፍቃድ ካብ ዝረኸቡ 29 ናይ ወፃኢ መራኸቢ ሓፋሽ ዝተወፃፅኡ ጋዜጠኛታትን ባዓለ ሞያታት ካሜራን ኣለዉዎም።

‹‹ፍቓድ ዝተውሃቦም መራኸቢ ሓፋሽ ኾኑ ጋዜጠኛታት እንግዶት ተገይርሎም እንተይኾነስ ሃገራዊ መረፃ ብዝተፈለየ መልክዑ እናተኸታተሉ ፀኒሖም እቲ መረፃ ባዕሎም ብምፅብፃብ ንዓለም ማሕበረሰብ ንምትሕልላፍ ድልየት ስለዘለዎም ናብ ሃገር ውሽጢ ዝኣተዉ እዮም››ኢሎም እዮም።

‹‹እዚ ዘርኤና ኣብዚ ሃገር ዝተፈጠረ ሓሳብ ብናፅነት ምግላፅ መሰል ስዒቡ ብዘይምንም ዕንቅፋት ንወፃኢ ጋዜጠኛታት ምንም ዓይነት ቅድመ ኩነታት ከይተቐመጠ ክፍቲ እዩ ››ክብሉ እውን ወሲኾም ገሊፆም እዮም። እዚ ድማ ኣካል ሪፎርም ከምዝኾነ እዩ እቶም ዋና ዳይሬክተር ዘመልከቱ።

ብተወሳኺ ድማ መራኸቢ ሓፋሻት ዓለም ኩነታትን ኣሳታፋይነት መረፃን ግልፅነትን ፍትሓውነትን ንምዝጋብ ዘለዎም ድልየት ዘመልክት እዩ ኢሎም። ኢትዮጵያ ዝተካይዶ ፍሉይ መረፃ ንምዝጋብ መራኸቢ ሓፋሽ ዓብይ ድልየት ስለዘለዎም በጀትን ባዓል ሞያ መዲቦም ናብ ሃገር ውሽጢ ኣትዮም እዮም።

ኣብ ኢትዮጵያ ፃንሒቶም ናይዛ ሃገር ፅቡቕ ገፅታ ንምርኣይን ንዓለም ማሕበረሰብ ንምፍላጥ ዕድል ዝፈጥር ከምዝኾነ ኣይተ መሃመድ ተዛሪቦም እዮም።ንሶም ከምዝገለፅዎ እዚኦም ናይ ወፃኢ መራኸቢ ሓፋሽን ባዓል ሞያታትን ኣብ ዝገብርዎ ምቅስቃስ ድሕንነቶም ከምዝሕሎ ኣረጋጊፆም እዮም፡

እቲ ባዓል ስልጣን እቶም ባዓል ሞያታት ዝገጥሞም ፀገም እንተሃልዩ ንምፍታሕ ድልው ከምዝኾነ ተዛሪቦም እዮም። እቲ መረፃ ክሳብ ዝካየድ ሕጋዊ ሰነድ ኣማሊኦም ንዝመፁ ናይ ወፃኢ መራኸቢ ሓፋሻትን ባዓል ሞያታትን እቲ ባዓል ስልጣን ኣድላይ ምትሕብባር ከምዝገብረሎም ገሊፆም እዮም። ‹‹ከይዲ እቲ መረፃ ብግልፅነት ተዘጊቦም ንዓለም ማሕበረሰብ ከሕልፉ ኢትዮጵያ ብዲሞክራሲ ከይዲ እናኸደቶ ዘሎ ርሕቀት ንክምስክሩ ዕድል ዝህብ እዩ ኢሎም። ካብዞም መረፃ ኢትዮጵያ ንምፅብፃብ ዝመፅኡ ዓለምለኸ ሚድያታት እዞም ዝስዕብ ብዛዕባ እቲ መረፃ ዝፀብፀብዎ ከምዝስዕብ እዩ።

**ቢቢሲ**

ኣብ ደቡብ ምዕራብ ኢትዮጵያ በሻሻ ቐዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ኣብ ተወለድሉ ቦታ ድምፂ እናተውሃበ ምዃኑን ፣ኣብ ኢትዮጵያ 547 ናይ ፌዴራል ፓርላማ አባላት ዝምረፁሉ እንትኾን ናይ ዝሰዓረ ፓርቲ መራሒ ድማ ቐዳማይ ሚኒስትር ከምዝኸውን ፀብፃብ ቢቢሲ የመልክት።

ካብ 547 ናይ መረፃ ክልላት ኣብዚ ሐዚ እዋን 102 ድምፂ ዘይወሃበለን እንትኾን፣ካብዚኦን እተን 38 ናይ ትግራይ እንትኾና እተን ዝተረፋ ድማ ብፀገም ፀጥታ መረፃ ዘይካየደሎም ቦታታት ከምዝኾና ፀብፃብ ቢቢሲ የመልክት።

ቐዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ናብ ስልጣን ካብዝመፅኡ ናብዚ ፈላማይ መረፃ ምዃኑ'ውን ቢቢሲ ሓቢሩ።

**ሲኤንኤን**

ንሻድሻይ ሃገራዊ መረፃ ሽፋን ሚድያ እናሃቡ ካብዘለው ዓለምለኸ መራኸቢ ሓፋሻት ሓደ ዝኾነ ሲኤንኤን (CNN)፤ ናይ ሎሚ መረፃ ድሕሪ 16 ዓመታት ብርክት ዝበሉ ፓርቲታት ዝሳተፉሉ ፈላማይ መረፃ ከምዝኾነ ገሊፁ።

ቐዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ኣብ 2019 ኣ.ፈ ናይ ዓለም ኖቤል ሽልማት ዝሰዓሩ ምዃኖም ዘዘኻኸረ ሲኤንኤን ፣‹‹ፓርቲኦም ብልፅግና ብዝለዓለ ድምፂ እንተስዒሩ ንሶም ቐዳማይ ሚኒስትር ከምዝኾኑ ትፅቢት ይግበር›› ኢሉ።

**ኣልጀዚራ**

ኢትዮጵያውያን ካብ ድምፂ መውሀቢ ናቕጣታት ወፃኢ ተሰሊፎም ድምፂ ንምሃብ እናተፀበዩ ምዃኖም ኣልጀዚራ ፀብፂቡ።

ናይ ኣልጀዚራ ፀብፃብ ዘዛረቦም ነበርቲ ከተማ ኣዲስ ኣበባ መረፃ ንኢትዮጵያ ወሳኒ እዩ ምባሎም ዝገለፀ እንትኸውን፣ ዝተመረፀ መንግስቲ ሰላምን ሓድነትን ከምፀአልና እዩ ኢሎም ተስፋ ከምዝገበሩ ተጠቒሙ።

ብድምፂ ዝዓብለለ ፓርቲ ንቐፃሊ መንግስቲ ዝምስርት ምዃኑ ኣልጀዚራ ኣዛኻኺሩ። ብዶክተር ኣብይ አሕመድ ዝምራሕ ፓርቲ ብልፅግና ንኸሸንፍ ዝላዕለ ትፅቢት እናተገበረሉ ምዃኑ ፀብፃብ ኣልጀዚራ የመላኽት። ቐዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ‹‹መረፃ ናፃን ፍትሓውን ክኸውን እዩ›› ምባሎም ኣዛኻኺሩ እዩ።

**ኦል ኣፍሪካ ኒውስ**

ኦል ኣፍሪካ ኒውስ ዝተፈላለዩ ምንጭታት ብምጥቓስ ከምዝፀብፀቦ፣ 6ይ ሃገራዊ መረፃ ብሰላም ከምዝተኻየደን ፤ሓደሓደ ፀገም ፀጥታ ዘለዎም ከባብታት (ትግራይ ፣ሶማሌ፣ደቡብ ኸባቢ) መረፃ ተዘይተኻየደ'ውን ኣብ ካልኦት ከባብታት መረፃ ብሰላም እናተኻየደ እዩ።

ኣብ ድህረ ገፅ ኣብ ዘንበቦ ዜና ከምዘመልከቶ 46ፓርትታት ከምዝወዳደሩ፣37.4ሚልየን መረፅቲ ድምፂ ክህቡ እዮም ተባሂሉ ትፅቢት ከምዝግበር ፣ 45 ሽሕ ናይ ውሽጢ ሃገር ሲቪክ ማሕበራት ተወከልቲ ተዓዘብቲ ፣ከምኡ እውን 120 ዓለምለኸ ተዓዘብቲ ተረኺቦም ናይቲ መረፃ ሰላማውን ፍትሓውን ኣብ ምዕዛብ ከምዝኾኑ ናይቲ ዜና ምንጭታት ፀብፂቦም እዮም።

ኦል ኣፍሪካኒውስ እቲ ህዝቢ ንምምራፅ ናብ ጣብያ መረፃ ምኻድ ዝጀመረ ገና ካብ ንጉሆ ጀሚሩ ከምዝኾነ ገሊፁ፣ሓደ ሓደ ኩነታት ሰላም ኣፀጋሚ ዝኾነሎም ከባቢታት ተዘይኾይኑ ኣብ መላእ ሃገር እቲ መረፃ ብፅቡቕ ኩነታት እናተኻየደ ምኳኑ ፀብፂቡ እዩ።

**ዘጋርዲያን**

ዘጋርድያን ኢትዮጵያ እናካየደቶ ዘላ መረፃ አመልኪቱ ቀዳማይ ሚኒስትር ዶ/ር አብይ ኣሕመድ “ መላእ ዓለም ኣብ መዓልቲ መረፃ ነኒ ሕድሕድ ክበኣሱ እዮም ኢሉ እንትፅበ ንሕና ግን ዝተፈለየ ነገር ነርእዮም። ኢትዮጵያ ካብ ምብትታን ዝሓለዋ ሓይሊ ፅባሕ ናይ ቀርኒ ኣፍሪካ ማእገር ኣፍሪካ ክገብራ እዩ” ዝብል ኣብ ስቴድዮም ጅማ ተረኺቦም ዝገበርዎ ንግግር ብምዝካር ጀሚሩ።

ልዕሊ 37 ሚሊየን ኢትዮጵያውያን ንምምራፅ ምምዝጋቦም ዝገለፀ እቲ ፀብፃብ፤ቦርድ መረፃ ቅድሚ ሕዚ ካብ ዝነበሩ መረፃ ብዝተፈለየ ኩነታት ብርክት ዝበሉ ሕፁያት እናተወዳደሩ እዮም ኢሉ።

ኣብ ኣዲስ ኣበባ ክመርፅ ዝረኸቦ ሚሊዮን ገብረእግዚኣብሄር ዝተብሃለ ወደ 45 ዓመት‹‹ እዚ መረፃ ዝተፈለየ እዩ። ኣወዳዲሪና ክንመርፆም እንኽእል ብርክት ዝበሉ ፓርቲታት ኣለው። ቅድሚ ሐዚ ሓደ ፓርቲ ጥራሕ ይወዳደር ስለዝነበረ ከምዚ ዝበለ ናይ ምምራፅ ዕድል ኣይነበረን›› ኢሉ ክብል ኣብ ፀብፃቡ ኣመልኪቱ።

ዮርዳኖስ ብርሃኑ ዝተብሃለ ወደ 26 ዓመት ሰራሕተኛ ሒሳብ ድማ‹‹ እቲ መረፃ ናይታ ሃገር ናይ መፃኢ ብሩህ ተስፋ ኣካል እዩ›› ክብል ርኢቶ ምሃቡ ፀብፂቡ።።

## መረፃ 2013...

ዕድልን ሒዞ ክመፅ እዩ ብምባል ድምፆም ንምሃብ ኣብቲ መረፃ ጣብያ ምርካቦም ገሊፆም።

ንጉሆ 12 ሰዓት ፈላመይቲ ድምፂ ወሃቢት ዝኾነት ጓል 21 ዓመት መንእሰይ ሚፍታሂ መሓመድ እያ። ኣብ መረፃ ክትሳተፍ ናይ መጀምሪያ ግዜኣ ምኻኑ ዝተዛረበት እታ መንእሰይ እቲ መረፃ ብዙሕ ፅቡቕ ነገራት ከምፅ እዩ ብምባል ምምራፃ ገሊፃ እያ።

መረፃ ሓደ ዴሞክራሲያዊ መሰል እዩ ዝበለት እታ መንእሰይ እዚ መሰላ ተጠቒማ እትደልዮ ፓርቲ ብናፅነት ምምራፃ ከምዘሐጎሳ ገሊፃ እያ። እቲ ተመረፀ ፓርቲ'ውን ነቲ ህዝቢ ብቕንዕናን በተኣማንነትን ከገልግል እዩ ዝብል ተስፋ'ውን ኣለዋ። ምስ ስድራኣ ኮይና ንእሽተን ቤት ምግቢ ከፊቶም እናሰርሑ ምዃኖም ገሊፃ ንዝሰርሕ ሰብ የበረታትዕ እዩ ትበሎ ፓርቲ'ውን ከምዝመረፀት ተዛሪባ እያ።

ሓረስታይ ቡልቲ ከድር ናይ ቐዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣኮኦም እዮም ። ኣብ መረፃ ክሳተፉ'ውን እዚ ራብዓዮም ምዃኑ ይዛረቡ። ኣፍቲ መረፃ ተረኺበ ድምፂ ብምሃበይ ሕጉስ እየ ዝበሉ ሓረስታይ ቡልቲ፣ እዚ መረፃ ንመብዛሕትኡ ናይ ሃገርና ፀገም ፍታሕ ክህብ እዩ ህዝቢ ገፁ ናብ ልምዓት ጥራይ ንክኾን ክገብር እዩ ኢሎም። ድሕሪ መረፃውን ኩሎም ተወዳደርቲ ፓርቲታት ናይ ህዝቢ ውሳነ ክቕበሉ መልእኽቶም ኣመሓላሊፎም።

ኣብ ዞባ ጅማ ኣብ ጎማ ክልተ መረፃ ክልል 85 ሽሕ 874 ህዝቢ ንመራፃይነት ዝተመዝገበ እንትኸውን እቲ መራፃይ ህዝቢ ካብ ንጉሆ 12 ሰዓት ጀሚሩ እስካብ ምሸት 12 ሰዓት ሰላማዊ ብዝኾነ መልክዑ ብምውፃእ ድምፅ ሂቡ። ኣፍቲ መረፃ ክልል ናይ ብልፅግና ፤ ኢዜማን እናት ፓርቲን ዝተወዳደሩ እንትኾን ብልፅግና ፓርቲ ብምውካል ቐዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ምውድዳሮምን ኣፍቲ ቦታ ተረኺቦምውን ድምፆም ምሃቦም ናይ ጎማ ክልተ መረፃ ክልል አተሓባባሪ ኣይተ ረሻድ ኣብዱል ቃድር ገሊፆም እዮም።

ኣብ ዞባ ጅማ ዝርከቡ 18 ናይ መረፃ ክልላት ዝወዳደሩ ሸውዓተ ናይ ፖለቲካ ፓርቲታትን ሓደ ናይ ውልቂ ተወዳዳሪ ኣፍቲ ድምፂ ኣዋሃህባ ምንም ዓይነት ቅሬታ ዘይምቕራቦም ዝገለጹ ናይ ዞባ ጅማ ናይ መረፃ ዋና ኣተሓባባሪ ኣይተ ሽሪፍ ኣባገላን ፤ ኣብ ትሕቲ 18 ናይ መረፃ ክልላት ዝርከቡ ሓደ ሽሕን 583 መረፃ ጣቢያታት እቲ መረፃ ሰላማዊ ብዝኾነ መልክዑ ምክያዱ ገሊፆም እዮም።

## ሻድሻይ መረፃ...

ዝሓሸ ምዃኑ ኣረዲኦም።

እቲ ጉጅለ ኣዲስ ኣበባ ሓዊሱ ኣብ ሓደሓደ ጣብያ ክልል መረፃ ከይዲ እቲ መረፃ ተዘዋዊሩ ከምዝተመልከተ ዝገለፁ ናይቲ ጉጅለ መራሒ ፣‹‹ኣብ ላዕሊ ዘለዉ ፀገማት ከምዘለዉ እንርደኦ እዩ፤ኾይኑ ግና ብሓፈሻ ኩነታቱ ክንምልከት ከለና እቲ መረፃ ብብዙሕ መልክዑ ካብ ዝነበሩ መረፃታት ዝሓሸ እዩ። ክሳብ ኸዚ ዘሎ ከይዲ ድማ ብፅቡቕ ኩነታት እንተኻየደ ከምዘሎ ተዓዚብና ኢና›› ኢሎም። ብፍላይ ፖለቲካ ምህዳሩ ብምስፍሑን ንመረፃ ተሳተፍቲ ክፍቲ ምዃኑ ናይዚ ኸዚ መረፃ ካብ ዝነበረ ዝሓሸ ከምዝኾነ ናይቲ መረፃ ተዓዘብቲ ጉጅለ መራሒ ተዛሪቦም እዮም።

ብተመሳሳሊ ዜና ጉጅለ ተዓዛቢ መረፃ ተጠባባቒ ሓይሊ ምብራቕ ኣፍሪካ ኢትዮጵያ ዘካየደቶ መረፃ ዝተረጋገፀን ሰለማዊ ድባብ ዝተላበሰን ምዃኑ ገሊፁ።

እቲ ጉጅለ ኣብ ኣርባዕተ ክልላትን ክልተ ምምሕዳራት ከተማን ኣብ 190 ጣብያታት መረፃ ብምርካብ ከይዲ መረፃ ምዕዛቡ ኣመልኪቱ።

ብመሰረት እዚ ኣብ ዘውፅኦ ቐዳማይ ፀብፃብ ምኽፋት ጣብያታት ኣብ እዋነን ምኽፋተን፣ ከይዲ መረፃ፣ መዕፀዊን ቆፀራን ማእኸል ብምግባር ኣብ ዝገበሮ ትዕዝብቲ እቲ ከይዲ መረፃ ብኣብዘሓ ሰለማዊ ኩነታት ዝነበሮ ከምዝኾነ ገሊፁ።

ሓላፊ እቲ ጉጅለ ኣምባሳደር ኣብዱላሂ ኣውላ ኣሊ ከምዝበልዎ፣እቲ ከይዲ ብመራኸብቲ ሓፋሽ ዝተዓጀበ፣ ንቑሕ ተሳትፎ ማሕበረሰብ ዝነበሮ ኢዩ ዝበለ እንትኾን፣ እቲ ጉጅለ ካብ መንጎ ዝተዓዘበን ጣብያታት ምርጫ እተን 81 ሚኢታዊ ብመሰረት ዝተብሀለ ሰዓት ከምዝተኸፈታ ተዛሪቦም።‹‹ዝሓሸ ተሳትፎ መናእሰይን ደቂ ኣንስትዮን ምንባሩ ዝተባባዕ ተግባር ኢዩ” ኢሎም።

ብሓፈሻ ጉጅለ ተዓዛቢ መረፃ ተጠባባቒ ሓይሊ ምብራቕ ኣፍሪካ ኢትዮጵያ ዘካየደቶ መረፃ ዝተረጋገፀን ሰለማዊ ድባብ ዝተላበሰን ምዃኑ ገሊፁ ክብል ግዜኢ ፀብፂቡ።

# ወጋሕታ ስፖርት

# ህንፀት ብሄራዊ ስታድዮም ኣብ ዝተተስመሉ እዋን ንምዝዛም እናተሰርሐ እዩ

መሰረት ገ/ዮሃንስ

ኣብ ኸባቢ ቦሌ እናተሃነፀ ዝርከብ ብሄራዊ ስታድየም ዝተፈላለዩ ፀገማት ተተኣናገደ እውን ፅሬቱ ሓልዩ ኣብ ዝተትሓዘሉ እዋን ንምዝዛም እናተሰርሐ ከምዝኾነ ኮምሽን ስፖርት ፌዴሪኢ ገሊፁ እዩ። እቲ ህንፀት ኸዚ ዝበፅሖ ብርኪ ንምፍላጥ ጋዜጠኛታት ዑደት ንክገብሩ ተገይሩ እዩ።

ብዙሕ ወፃኢ ተገይርሉ ኣብ ምህናፅ ዘሎ ብሄራዊ ስታድየም ኻልኣይ ዙር ህንፀት ካብ ዝጅምር ኽልተ ዓመታት ኣቑፂሩ እዩ። ኣብዚ ምዕራፍ ህንፀት ዝተፈላለዩ ፀገማት እንተጋጠሙ እውን ኣብቲ ስታድየምን ኣብ ዙሪኡ ዝህነፁ ስራሕቲ ብፅሬት እናተሃነፁ ከምዝርከቡ ኮምሽነር ስፖርት ፌዴሪኢ ኣይተ ኤልያስ ሽኩር ኣብቲ እዋን ዑደት ተዛሪቦም እዮም። ብኽልተ ምዕራፍ ተኸፊሉ ዝካየድ ህንፀት ናይቲ ስታድየም ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ብዓለም ለኸ ብዘጋጠመ ኮቪድ-19 ምኽንያት ኣብ ዝተተለመሉ እዋን ስራሕቲ ምጅማር ከምዘይካኣለ እቶም ኮምሽነር ኣረዲኦም።

እቲ ህንፀት ዝስራሕ ብቻይና ተቋራፂ ስለዝኾነ እቶም ባዓል ሞያታት ብዝገጠሞም ገደብ ጉዕዞ ተተሓሒዙ ምጉታት ተፈጢሩ እዩ። እዚ ፀገም ምስ ተፈትሐ ኣብዝሓ ናይቲ ህንፀት እቶት ካብ ወፃኢ ዝኣትዩ ብምኳኖም ብወገን መንግስቲ ዝተፈለየ ትኹረት ዝተውሃቦ እንተኾነ እውን ምንዛሪ ወፃኢ ሓደ ፀገም ከምዝነበረ ተገሊፁ እዩ። ካብ እታዎታት ኣቕርቦት ብዝተትሓሓዘ መጠነኛ ፀገም ዘጋጠመ እንትኸውን ፤እቲ ህንፀት ኣብ መዓልቲ ዘድልዮ 30 ቶን ሲሚንቶ ንምርካብ ፀገም ፈጢሩ ነይሩ እዩ። ኾይኑ ግና ዝገጠሙ ፀገማት ተፃዊሩ እቲ ህንፀት ፅሬቱ ሓልዩ ኣብ ዝተትሓዘሉ እዋን ንምዝዛም ፃዕሪ እናተገበረ ከምዝርከብ ኣመልኪቶም እዮም። ናይቲ ስታድየም ህንፀት ካልኣይ ምዕራፍ ዝተተለሙ ስራሕቲ ተግባራዊ እናኾኑ ከምዝርከቡ ኣብቲ ከይዲ ዑደት ንምዕዛብ ተኻኢሉ እዩ። በዚ እውን ናይቲ ስታድየም ኽዳን ንምኽዳን እቲ ኣቅሓ ኣብ ቻይና እናተመረተ ከም ዝርከብ ኣፍሊጦም እዮም። ቅድሚ ኸዚ እቲ ህንፀት ብዝተተለመሉ እዋን ንከይጓዓዝ ምኽንያት ዝነበረ ኣብቲ ኸባቢ ዝነበረ ዘይሕጋዊ ስፍራ እንትኾን እቲ ፀገም ተፈቲሑ ህንፀቱ እናተሰርሐ ከምዝኾነ ገሊፆም እዮም።



ኣብ ኽባቢ ቦሌ እናተሃነፀ ዝርከብ ብሄራዊ ስታድየም

ብቻይና ስቴት ኮንስትራክሽን ኢንጂነሪንግ ኩባንያ እናተሃነፀ ዘሎ ዓለምለኸ ኣደይ ኣበባ ስታድየም ኣብ ኻልኣይ ምዕራፍ ህንፀት እቲ ሜዳ ሳዓሪ ምኽዳን፣ መጉየይ ትራክ ምንፃፍ ፤ናይቲ ስታድየም ኽዳን ምኽዳንን ምግጣም ወንበርን ከምኡ እውን ገጠማ ቴክኖሎጂ ብሓፈሻ ዙርያ እቲ ስታድየም ናይ ምምልኻዕ ስራሕ ዘካትት እዩ።

ህንፀት እቲ ስታድየም ኣብ 48ነጥቢ.8 ሄክታር ዝዓረፈ እንትኸውን 62ሽሕ ተመልከቲ ናይ ምሓዝ ዓቕሚ ኣለዎ፡ፅዋዕ ዓለምን ኦሎምፒክ ናይ ምትእንጋድ ዓቕሚ ዘለዎ እቲ ስታድየም ፤ካልኦት ዓይነት ስፖርት ዘወዳድሩ ስፍራታት ኣብ ዙርይኡ ዘጠቓለለ እዩ። 20 መእተውን መውፅእን በርታት ፤ንኣካል ጉድኣት ብኣርባዕተ ኣንፈት ከኣትውሉ ዝኽእሉን ፀወታ ዝርኢሉን እኹል ቦታ ተዳልዩ እዩ። ሰለስተ ቦታታት ብካሜራ ዝተደገፉ መሐለዊ ድሕንነት ቦታ እንትህልዮ ፤ኣብ እዋን ሓደጋ ኣብ ስታድየም ዘለዉ ሰባት ኹሎም ንኽወፁ ዓሰርተ ደቂቃ ጥራሕ እዩ ዝውስድ።

ብዙሓት ማእኸላት ፅዳጋ ፣ መዘናግዒ ስፍራ፣ መኣከቢ ኣዳራሽ ፣ ክፍልታት መራኸቢ ሓፋሽ ፤ክሳብ ኣርባዕተ ሽሕ መኻይን ዝሕዝ ከምኡ እውን ሄሊኮፕተር ዘዕርፍ ቦታ እውን ዝሓዘ እዩ። ኽልተ ዓበይቲ ስክሪናት ፤መብራህቲ፤ድምፂ ከምኡ እውን ፈሳሲ መሊሱ ኣብ ጥቕሚ ዘውዕል ኸዚ ዝበፅሖም ቴክኖሎጂ ዝጥቀም እንትኾን ንቅድሚት ዝመፁ ድማ ኣብ ተግባር ንምውዓል ዘኽእል እዩ ። እቲ ህንፀት ልዕሊ ብር ሸሞንተ ቢሊየን ከምዝውድእ ናይቲ ኮምሽን ሓበሬታ የመልክት።

ምስ ክልል ስታድየም ተተሓሒዙ ዘሎ ኩነታት ስታድየም መቐለ ኣብ ቀረባ እዋን ብምኻድ ዑደት ከምዘይተገበረን ፤ስታድየም ባህርዳርን ስታድየም ድሬዳዋን መሊኡ ንክዛዘም ብዝተኽኣለ መጠን ፃዕሪ ከምዝግበር ተገሊፁ እዩ። ኣብ ኹሉ ክልል ዝህነፁ ዘለዉ ስታድየም ሃፍቲ ሃገር ስለዝኾኑ ብፍላይ ድማ ኢንተርናሽናል ስታድየም ዝኾኑ ክልሉ እውን ብዝተኽኣሎ መጠን ንክዛዘሙ እናደፍአ ከምዘሎን ኣብዝሓ ኣብ ህንፀት ዝርከቡ ስታደየም ዑደት ከምዝተገበረ እቲ ኮምሽን ገሊፁ እዩ።

## መኣዲ ጥበብ

# ማሕበራዊ እሴታት ወሎ

ትርሓስ ፍቃዱ

ሙዚቃን ባህሪ ሰብን ዘይነፃፀል ተዛምዶ ከምዘለዎም ይዝረብ። ሊቃውንቲ ኢትዮጵያ ሰብ ኣርባዕተ ባህሪያት ስጋ ከም ዘለውዎ ይጥቁሙ። ንሳቶም ድማ ንፋስ፣ሓዊ፣ማይ፣ሓመድን እንትኾኑ ካብ እንስሳት ዝፍለየሉ ሰለስተ ባህርያተ ነብሲ (ምሕሳብ፣ምዝራቡን ህያውነቱን)እዮም። እዞም ባህርያታቱ ካብ ውልደት እስካዕ ሞት እቲ ሓደ ኣፍቲ ልዕሊ ሓደ እናሓየለ ይንፀባረቑ።

ሙዚቃ ምስ ውልደትን ዕብየትን ተዛሚዱ ኣብ ከም ግርዛት፣ክርስትና፣ወሊድ፣መርዓ፣ሓዘንን ዕርቅን ይጥቀሙሉ። ምስ ስራሕ ተተሓሒዙ ኣብ ማሕረስ፣ማዕፂድ፣ሓለዋ ከፍቲ (መጓሰ)፣ባህላዊ መጥሓን፣ሃደን፣ማሕበር፣ማሕበራዊ በዓላት፣ታሪኽ፣ ፍልስፍናን ኣብ መፃእን ሕሉፍን መሰረት ናብርኡ ይገልፀሉ።

ሙዚቃ፤ቕርፂ ባህሪ ሰብ ካብ ዘትሕዙ ነገራት እቲ ፈላማይ እዩ፤ንሰብ ኣድለይቲ ካብ ዝበሃሉ መሰረታዊ ጉዳያት ሓደ ሙዚቃ እዩ። ሙዚቃ ባህሪ ውልቀ ሰባት ብምግራሕን ዝመፁሉ ማሕበረሰብ ንኽፈልጡ ግንዛበ ንኽህልዎም ዝገብር እዩ።

ሰባት ብሙዚቃ ኣቢሎም ርእዮተ ዓለም ማሕበረሰቦም፣ስምዒቶም፣ኣረኣእይኦምን ማሕበራዊ ስርዓታት ብሓባር ክዕደሙ ይገብሮም። እዚ ድማ ኣብ ሙዚቃ ንኽነጥፉ ናይ ባዕሉ ግደ ይፃወት። ሙዚቃ ናይ ሓደ ማሕበረሰብ መግለፂ ኹሉ ነገር ካብ ዝኾኑ ከባቢታት ሓደ ወሎ እዩ።

ወሎ ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ኣምሓራ ዝርከብ እንትኸውን፤ ኣብ ኽልተ ዞባታት ማለት ውን ሰሜን ወሎን ደቡብ ወሎን ተባሂሉ ዝተመቐለ እዩ፤ንዘበናት ብሓባር ዝነብሩ እሴታት ሰላም፣ፍቕሪ፣ምክእኣልን ሓድነትን ዘለዎ ከባቢ ተባሂሉ ‘ውን ይጥቀስ። ኣብ ዘፈር ሙዚቃ ‘ውን ካብ ቓነይቲ እስካዕ ከየንቲ ድሙቕ ኣስተዋፅኦ ገይሮም እዮም።

ኣብ ዩኒቨርሲቲ ደብረብርሃን መምህር ስነ ምግባርን ስነ ዜጋን ዝኾኑ ጋሻው ኣይፈራም ኣብ ባህላዊ ሙዚቃ ወሎ ዝገበርዎ መፅናዕቲ ከምዘመልከትዎ፤ወሎ ብርክት ዝበሉ ሃገረሰባዊ ልምድታት ዘለውዎ (Social folk customs) ንኣብነት ኣድባር፣ዱዓ፣(ወደጀ)፣ሽምግልና እንትኾኑ፤እዞም እሴታት ነቲ ማሕበረሰብ ኣብ ምትእስሳር ዓብዪ ግደ ኣለዎም። ሓድነትን ምክእኣልን ፍሉያት እሴታት ወሎ እዮም። ኢትዮጵያ ሃይማኖታዊ ምክእኣልን ሓድነትን ዝሰፈነላ ከም ዝኾነት ወሎ መርኣያ እያ።

ከም ገለፃ እቶም መምህር፤ሰላም ሓደ ውፁእ ዝኾነ ብይን የብሉን። መዝገበ ቃላት ኢንተርኔት ኣቢሲኒያ ሰላም ንዝብል ቃል «ኣማን፣ደሓን፣ጥዕና፣ዕረፍቲ፣ፀጥታ፣ፍቕሪ፣ ሓድነት፣ምስጋና፣» ኢሉ ከም ዘብራህርሆ ብምጥቃስ የረድኡ። ሰላም«ፍረ ፍቕሪ፣ሰሓባይ፣ተፈታዋይ፣ቕኑዕ ነገር፣ፍቕሪ ሓድነትን ስኒትን፤ብሓሳብ ይኹን ብስራሕ ምርድዳእን ከም ሓደ ነብስን ስጋን ምኳን እዩ» ብምባል ብያንኦም ይጠቕሱ። መብዛሕቲኦም ሙሁራን ሰላም ማለት ጦርነትን ህውከትን ዘይምህላው እናበሉ ዘቕመጥዎ ፍታሕ ትርጉም’ውን ይጠቕሱ።

ሃለቃ ኪዳነወልድ ክፍሌ ሰላም ንዝብል ቃል «ፍፁም ጥዕና፣ዕርቂ፣ዕረፍቲ፣ሓድነት፣ ደሕንነት፣ታሕጓስ፣ብራኾት፣ቃለ ምርቓት » ክብሉ ይትርጉምዎ ። ብያነ ሃለቃ ኪዳነወልድ ብመንፅር ኣገላልፃ እሴት ሰላም ወሎ ዓብዪ ግደ ከምዘለዎ መምህር ጋሻው ይገልፁ።

እቲ ቐዳማይ ሰላም ማለት ፍፁም ጥዕና ብምባል ዝተርጎምዎ እንትኸውን፣ኣካላዊ ጥዕና፣ስነ ልቦናዊ ጥዕና፣ኣእምራዊ ጥዕና ካብ ምምልካቱ ንላዕሊ ጥዑይ ምንቅስቓስ ሓደ ማሕበረሰብ የመልክት። በዚ መንፅር ወሎ ከም ማሕበረሰብ ጥዑያት ከብሎም ዝኽእል መርኣያታት ኣለውዎም።

ኻልኣይ ሰላም ማለት ዕርቂ እዩ ኢሎም። ዋልታታት ፍፁም ፍቕሪ ዕርቅን ይቕረታን እዮም። ዝጠፍአ ሰላም ብዕርቂ ናብ ዝነበሮ ይምለስ፤ደስታን ታሕጓስን ዝውስኽ እዩ ክብሉ የብራህርሁ።

ከም ገለፅኦም፤ንወሎ ዕርቂ ከም መለለይኡ እዩ። ቕልል ዝበሉ ብብርኪ ውልቀ ሰብ ዝፍጠር ጎንፂ ካብ ኽልቲኦም ሓዲኦም «ዓፋ በለኝ/ ይቕር በለኒ» እንተይሉ ሰላም ይወርድ። ካብዚ ወፃኢ ወሎ ማሕበራዊ መሰረት ዘለዎም፣ጎንፂ ዝከላኸሉን ዝፈትሑን እሴታት ኣለውዎም። ካብኣቶም ድማ ኣባጋር፣ቅሬ፣ሽምግንና እዮም።

ሳልሳይ ሰላም ማለት ዕረፍቲ፣ሓድነት፣ታሕጓስን ደስታን እዩ ክብሉ ይገልፁዎ። ፍፁም ይቕረታ እንትህሉ ዝተፈላለየ ሓደ ይኸውን። ራብዓይ ሰላም ማለት ምርቓት፣ቃለ ቡራኼ፣ሰብ እንትራኸብን እንትፈላለይን ዝረዳድእሉ ዘረባ እዩ ብምባል ኣቐሚጦሞ እዮም። ብመንፅር እዚ ወሎ ንሰላም ዘድምቕ፣ዝእውጅን ዘብስርን እሴታት ሰላም ኣለውዎም። እንትምርቑ ወደይ ጓለይ ብሩኽ (ብርኽቲ) ኹኑ፣ማሻ ኣላህ፣ኸይር ይምለስኩም እናበሉ ይምርቑ።

ፍቕሪ እቲ ዋና እሴት ወሎ እዩ። ፍቕሪ ንኹሉ ዘሰማምዕ ሓደ ውፁእ ትርጉም የብሉን ዝብሉ መምህር ጋሻው፤ዓይነቱ ድማ ብዙሕ እዩ። ሃለቃ ኪዳነወልድ ክፍሌ ፍቕሪ ንዝብል ቃል «ምፍታው፣ይቕረታ፣ዕርቂ፣ሰላም፣ሓድነት ልቢ፣ስኒት፣መሐለውታ» ብምባል ይገልፅዎ መምህር ጋሻው። ናይዚ መበገሲ ሓሳብ እንትንርኢ ባህላዊ ሙዚቃ ወሎ እሴት ፍቕርን ሰላምን ኣብ ምግላፅ ዘለዎ ዕዙዝ ከም ዝኾነ ግደ ንርኣይ።

ወሎ መፍጠሪ ፍልፍል ቕኒት ሙዚቃ ካብ ምኳና ሓሊፉ ብዙሓት ከየንቲ ኣፍርያ እያ። ብዙሓት ባህላዊ ደረፍቲ ዘለውዋ እንትትኸውን፤ ከም በዓል ኣንዳርጌ ወርቁ (ወሎ)፣መሰረት በለጠ፣(እሪኩም ዘመዳ) ፣ማሪቱ ለገሰ (ከመከም)፣ኣመረ መንበሩ (ደሴ ላይ)፣መብሬ መንግስቱ ( ወሎ ላይ ያለሽው)፣ዝብሉ ተጠቀስቲ እዮም።እዞም ደረፍቲ ባህልን እሴትን ወሎ፤ ፍቕሪ፣ሰላም፣ሓድነትን ምክእኣልን ብምግላፅን ውክልና ኣብ ምሃብን ብመንፅር ጋህዲ ምግባር ዘለዎም ግደ ብዙሕ እዩ።

ብፍላይ ውክልና ብዙሕነት ንምልዓል «እሪኩም»ኣብ ናይ ህዝቢ ደርፍታት ዓብዪ ቦታ ዝሕዝ እዩ። እሪኩም ኣብ ጉጅለ ኪነት ወሎ ላሊበላ፣ጌታቸው ዘውዱ፣ታደሰ ኣለመን ኻልኦትን ብኣምሓርኛ ከምኡ ውን መዳን ጭሚስ ብኦሮምኛ ዝደረፍዎ እንትኸውን፤ ምስ ኹሉ መግለፂ ፅባቐ፣ፍቕሪ፣ሓድነትን ምክእኣልን የልዕልዎ።

«ኣብ ወሎ ተወሊዳ ዝዓበየት ደሴ

ፍቕራ ፈውሲ እዩ ከም ደማካሴ።›. ይብል ኣንዳርጌ ወርቁ ፤ሙዚቃን ወሎን ከምዘይነፃፀሉ ንምርኣይ እዚ ግጥሚ ፍቕሪ የርእየና ።

«መርሳና ኡርጌሳ ወልድያና ቆቦ

ከመይ ኢለ ክኽእሎ ልበይ እናሓሰቦ» (ናብ ትግርኛ ዝተተርጎመ)

«ወሎ ከወደደ ሽር ተንኮል የለ»።ብምባል እትደርፍ ድማ መሰረት በለጠ እያ። እዚ ዘለላ ግጥሚ ኣብ ወሎ ተንኮል ምፍሓስ ከምዘየለ ካብ ምርኣይ ንላዕሊ ፍቕሪ ወይ ድማ ምፍታው ንዓርሱ ዘይለዋወጥ እሴት ከምዝኾነን የመልክት። ብተፃራሪ ድማ ፍቕሪ፣ድሌትን ስምዒትን ንምግላፅ ንምፍፃምን ከም መሳርሒ ዝጥቀሙሉ ከም ዘለዉ ዘመላኽት እዩ። ብተንኮል ዝተቓነየ ፍቕሪ ናይ ወሎ እሴት ከምዘይኮነ ይገልፅ።

ፍቕሪ ትዓምብብ ሰላም ትነዛሕ

ሃገርና ትቕሰን ህዝብና ይፈሳህ እናበልኩ ፀፅቡቑ ይምነ።

Addis Rising
ኢናድ ውብ ኣዲስ 134th

# ሽማሕ ኣብ ጎዳና ቸርቸል

ትርሓስ ፍቓዱ












መዲና ኣፍሪካ፤ማእኸል ሚሲዮናት፣ መርኣያ ሓድነት ኢትዮጵያውያን፣ጥምር መጋየዊ ሕብሪ ኣዲስ ኣበባ፡፡ኸሳዳ ኣንዊሓ ኣፍቲ ታሪኻዊ ዝኾነ ጎደና ቸርቸል ብዝርኣየቶ ብርሃን ደሚቓ፤ወጋሕትኣ ብድሙቕ ብርሃን ጀሚራ፡፡ ዝኣረገ ገፃ ተቐይሩ ንሽማ ዝምጥን ሓድሽ ኣበባነት ኣብ ዝተላበሰትሉ እዋን መዲናና ተሓጎሰት፡፡ መበገሲኡ ቤት መዘጋጃ መባፅሒኡ ኣደባባይ መስቀል ዝገበረ መጋረጃ ፅባቐ ተነፂፋላ ኣዲስ ኣበባ ማዕሪጋ እያ፡፡

ትማሊ ሰብ ራእይ ደቃ ለውጣ ምሒር ተመንዮም፤እዛ ናይ ኹሉ መዲና ዓምቢባን ፀቢቓን ምርኣይ ከም ዝናፈቕዎ ዝማዕረገ ትልሚ ተሊምም ናብ ተግባር ንምልዋጥ ፃዕሪ ጀሚሮም፡፡ ትማሊ ለውጣ ብሂጎም ሎሚ ናብ ተግባር ብምቕያር ፃዕሪ ዝገበሩ፤ ሎሚ ብፅባቐኣ ተሓጒሶም እዮም፡፡

እቲ ምዕሩግ ገፃ ካፍቲ ዓብዪ ኣደባባይ እዛ ሃገር ይጅምር፤ታሪኻዊ ኣደባባይ መስቀል ኣክሊል ፅባቐ ደፊኡ፤ሙሉእ ገፅታ ናይታ ከተማ ቐይርዎ፣ንድምቀትን ፅባቐን እታ ከተማን ከምኡ 'ውን ንምቕት ነበርታን እዩ ተሃኒፁ፡፡

ኣብ ላዕሊ ብፅቡቕ ዲዛይን ተሃኒፁ ዙርይኡ ብዝማርኽ መስርዕ ብዝተሰርሑ ኮፍ መበልታት ተመዓራርዩ፤ብመስርዕ ካብ ታሕቲ ናብ ላዕሊ ነቲ ከባቢ ፍሉይ ብርሃን ንኽህቡ ብዝተደርደሩ መብራህታት ደሚቑ እዩ፡፤ታሕተዋይ ክፋል ናይቲ ከባቢ ብዕምቆት ተኺዒቱ ብዘበነ ቴክኖሎጂ ዝተሰናደአ ልዕሊ ሓደ ሽሕን ኣርባዕተ ሚእትን መኻይን ጠጠው ከብል ዝኽእል ጥበብ ህንፃ «ፓርኪንግ» ዘደንቕ ኾይኑ ተሰሪሑ እዩ፡፡

ኣፍቲ ቦታ ንሱ ንዝዕደሙ ዋዒ ጉዳዮም ንኸይኸውን መዝሓሊ ቴክኖሎጂ ተሰሪሑሉ እዩ፡፡ ኣፍቲ ድሕሪት ኮፍ መበሊ ዘሎ ህንፃ ኣብ ሓፅር ጠጠው ዝበሉ መስቀሊ ምስልታት ስክሪን ነቲ ኸባቢ ፍሉይ ፅባቐ ኣላቢሶሞ እዮም፡፡ ናፍቲ ከባቢ ግልጋሎት ደልዮም ንዝመፁ ናይ ዱካን፣ካፌን ሻሂ ቡንን ክህቡ ዝኽእሉ ማእኸላት ተሃኒፆም እዮም፡፡ እቲ ኣደባባይ ዙርይኡ ብሰሓብቲ ዕምበባታት ኣጊፁ እንትርኣይ ፅባቕኡ ድሙቕን ሰሓባይን ገይርዎ እዩ፡፡

ነቲ ኣደባባይ ሓሊፉ ዝርኣይ ምዕሩግ ስታድየም፤ እቲ ዋና ጎዳና ተሳጊሩ ዝርኣይ ለገሃርን ቤት መዘጋጃ ኣዲስ ኣበባን ብርሑቕ ንምርኣይ ዘኽእል ፈላማይ ፅቡቕ ፕሮጀክት ቸርቸል ጎዳና እዩ፡፡ ብኢድ ፀጋም ናይ ፅባሕ ለገሃር ዘመላኽት ምስሊ ንዝርኣየ ፍሉይ ባህታን ተስፋ ፅባሕን ይፈጥር፤ፅባሕ ከትናፍቕ'ውን ይገብር፡፡

ፊት ንፊት እንትርኢ ሓዱሽን ብሩህን ገፅታ ጎዳና ቸርቸል ደሚቑ ይርኣይ፡፡ ንዓመታት መኻይንን እግረኛን እናተዳፍኡ ፅባቕኡ ርሒቕዎ ዝፀንሐ ጎዳና መኻይን ብምቕት ዘመላልስ፤እግረኛታት ብናፅነት ሽናዕ ንኽብሉሉ ማዕሪጉ እዩ፡፡ ወሰን ወሰኑ ብዕምበባታት ኣጋይፁ ስፍሕ ኢሉ ዝተሰርሐ መንገዲ ካብ ወትሮ ብዝተፈለየ ምቹው ኾይኑ እዩ፡፡

ንታ ከተማ ፅባቐ ንመራሕቲ ድማ ምቕት ንኽፈጥር ተሓሲቡ ዝተሰርሐ፤ ፍሉይ ፅባቐ ዝተላበሰ ጎዳና እስካዕ መዘጋጃ ቤት ይበፅሕ፡፡ ኣፍቲ ዋና መንገዲ ብዝተፈላለየ ፍሉይ ዲዛይን ዝተሰርሑ ሰማይ ጠቀስ ህንፃታት ንጎዳና ቸርቸል ፍሉይ ግርማ ኣላቢሶምዎ እዮም፡፡

ካብ መዘጋጃ እስካዕ ኣደባባይ መስቀል ዝበፅሕ ፕሮጀክት ምምዕራግ እዛ ከተማ፤ሓፈሻዊ ወፃኢ ብር 2.3 ቢሊየን ከምዝኾነ ምክትል ከንቲባ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ወይዘሮ ኣዳነች ኣቤቤ ይገልፃ፡፡ እቲ ፕሮጀክት ኣዲስ ኣበባ ከም ሽማ ፅብቕቲ ናይ ምግባር ስራሕ ከም ዝኾነ ጠቒሰን፡ ፡ እዚ ዝተሳኸዐ ኣፈፃፅማ እዩ ምስ በላ፤ኣብነት ሰሓባይን ምቹውን ከተማ ናይ ምግባር ከምዝኾነ የረድኣ፡፡

ብፍላይ ድማ ንተጠቀምቲ ምቹው ኾይኑ ዝተሃነፀ ፕሮጀክት ኣደባባይ መስቀል ብዙሕ ጠቕሜታ ከም ዘለዎን ቕድም ክብል ካብ ዝነበሮ ገፅታ ሙሉእ ንሙሉእ ብምልዋጥ ርእሰ መዲናነት ናይዛ ሃገር ዝምጥንን ብፅባቐ ከም ዝተሰርሐ ጠቒመን፡፡ እቲ ፕሮጀክት ዓቕሚ ዕብየት ዘርኣየ፤ብትኽክል ተሊምካን ሓሲብካን ብፃዕሪ ምስራሕ ዘምፅኦ ዓወት ዘመላኽት ከም ዝኾነ ይጥቁማ፡፡

እተን ምክትል ከንቲባ ብዛዕባ እቲ ፕሮጀክት እንተብራህርሃ፤ኣካል ናይዚ ፕሮጀክት ዝኾነ ካብ ቤት መዘጋጃ እስካዕ ኣደባባይ መስቀል ዝበፅሕ 3.5 ኪሎ ሜትሮ ዝኸውን ጎዳና፤ ታሪኻዊ ቅርስታት ናይዛ መዲና ዝርከቡሉ ምስ ምኧኑ ተተሓሒዙ ንእግረኛን ንተሽከርከርትን ብዝምጥን መልክዑ ከም ዝተሃነፀ ገሊፀን፡፡ እቲ ፕሮጀክት ሰፊሕ ዕድል ስራሕ ዝፈጥርን፤ምጭንናቕ ትራፊክ ዝንክይን ገፅታ ናይዛ ከተማ ዝቐየረ ከምዝኾነን ኣረዲኣን፡፡

ኣብዚ ምዕሩግ ጎዳና ሽናዕ ዝብሉ በርኪቶም እዮም፤መንእሰይ ዮሃንስ በላይ ጎዳና ቸርቸል ሒዙ ንታሕቲ እናወረደ ረኺበ ኣዛሪበዮ፤ከምታ ከተማ ብሩህ ተስፋ ሰኒቑ ኣብ ስራሕ ከም ዝርከብ ገሊፁ፣ ብፍላይ ኣብ ጎዳና ቸርቸል ዝተገበረ ለውጢ ከምዘደነቖ ይዛረብ፡፡

ንእግረኛታት ምቹውን ሰፊሕን ተገይሩ ዝተሃነፀ መንገዲ ንዓይኒ ስሓብቲ ብዝኾኑ ሓምለወት እፅዋትን ዕምበባታትን ምድማቑ ወሲኹ ከምዘማዕረጎ ይዛረብ፡ ፡ ኣፍታ ከተማ እናተሰርሑ ዘለዉ ፕሮጀክታት ዓበይቲ ከምዝኾኑ ዝጠቆመ መንእሰይ ዮሃንስ፤እቲ ማሕበረሰብ 'ውን ነቶም ዝተሰርሑ ፕሮጀክታት ንኽሕልውን ሓገዝ ንኽገብርን ክሳተፍ ከምዝግባእ ኣታሓሳሲቡ፡፡

መምህር የቆየሰው ኣረጋ ኣፍቲ ብፍሉይ ድምቀት ዝተመረቐ ኣደባባይ መስቀል ጠጠው ኢሎም እንትዕዘቡ ኣስተውዒለ መቕረፂ ድምፂ ሒዘ ተፀጋዕኽዎም፤ነባራይ ኣዲስ ኣበባ ከም ዝኾኑን፤ሐዚ ብዝርኣይዎ ፅባቐ ኣዝዮም ከም ዝተገረሙ ይዛረቡ፡፡ ብኽምዚ ዝበለ ቕልጣፈ ነዚ ዝመስል ምዕሩግ ስራሕ ክስራሕ እዩ ኢለ ኣይገመትኩን ፤ እቲ ኣደባባይ ኣዲስ ኣበባ ንኽትደምቕ ዝገብር እዩ ኢሎም፡፡

ኣብዛ ከተማ እናተሃነፁ ንዘለዉ ተመሳሰልቲ ፕሮጀክታትን ፓርክታትን ንናብራ ምቹውቲ ከተማ ንኽትከውን ከም ዝገብርዎን ከም ዘበራታትዕዎን ጠቒሞም፡፡ እቲ ማሕበረሰብ ወናኒ እቲ ፕሮጀክት ብምዃን ክከናኸኖምን ንታሪኽ ክዕቅቦምን ከም ዝግባእ ዝገለፁ መምህር የቆየሰው፤እዛ ከተማ ኸምዚ ዝበለ ፕሮጀክት ከም ሓዱሽ እናሰርሐት እንተቐፂላ ኣብ ቐረባ እዋን ኣብ ዓለም ምስ ዝርከባ ዓበይትን ምዕሩጋትን ከተማታት ክትሰራዕ ከም እትኽእልን ዕድል ከምዘለዋን ተዛሪቦም፡፡

ፕሮጀክት ኣደባባይ መስቀል ንኢትዮጵያ ዝገልፁ ታሪኻት ዝርኣዩሉን፤ንግልጋሎት ዕዳጋ ዝተዳለዉ ዱካናት፣ንግልጋሎት ቢሮ ዝውዕሉ ክፍልታት፣6 ዘበናዊ ሊፍትታትን ን24 ሰዓታት ግልጋሎት ዝህቡ ካሜራታት ደሕንነት ተገጢሙሉ እዩ፡፡ ከምኡ'ውን ግልጋሎት ኢንተርኔት ዋይ ፋይን ሰሙን ሙሉእ ን24 ሰዓታት ዘገልግሉ ቴሌኮም፣ግልጋሎት ባንክን ይርከብዎ፡፡ ብተወሳኺ ድማ እቲ ፕሮጀክት ን10 ሽሕ ዜጋታት ዕድል ስራሕ ከም ዝፈጥር ካብ ምምሕዳር ኣዲስ ኣበባ ዝተረኸበ መረዳእታ ይሕብር፡፡

ብቤት ሕትመት ብርሃንን ሰላምን ተሓቲሙ